ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
Tigrai National Regional Council

ቑፅሪ ትቤ/167 - 591 መንገ
ዕለት 16/07/2014

ናብ ቤ/ትምህርቲ ምንግስቲ ትግራይ
መቐለ

## ዋኒኑ፦ ዝፀደቐ ደንቢ ምልኣኽ ይምልከት

ኣብ ርእሰ ዋኒኑ ከምዝተገለፀ "ዝተመሓየሸ ደንቢ ሁፁፅ እዋን 119/2014 ዓ.ም" ብቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ምፅዳቑ ዝገልፅ ብዕለት 14/07/2014 ዓ.ም ብቑፅሪ ደ/13/8/84 ብዝተፅሓፈ መሰነይታ ደብዳቤ ብፕሬዚዳንት ትግራይ ተፈሪሙ በጺሑና ኣሎ። ይኹንምበር ብነጋሪት ጋዜጣ ምስተሓተመ ከይንልእኸልኩም ምስ ሕትመት ብዝተኣሳሰረ ወድዓዊ ፀገም ስለዘጋጠመ ክሳብ እቲ ፀገም ተፈቲሑ ነጋሪት ጋዜጣ ዝመፅኩም ንጊዝኡ እናሰራሕኹምሉ ክትፀንሑ እቲ ብፕሬዚዳንት ትግራይ ዝተፈረመ ደንቢ ብፎቶ ቅዳሕ እናለኣኽና ኣራቢሕኹም ናብ መሓውርኩም ክተውርድዎ በዓል 165 ዓንቀፃትን 87 ገፅን ዝሓዘ ትግርኛ ቅዳሕ ምልኣኽና የፍልጥ።

ትግራይ ትስዕር !

ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ
The State Council of Tigray

ቅዳሕ፣
- ንቐዋሚ ኮሚቴ ሕግን ምምሕዳርን ቤት ምኽሪ
  መቐለ

☎ 03 44 41 65 63
ፋክስ 03 44 41 65 64
m.k
✉ 291
መቐለ Mekelle ትግራይ Tigrai ኢትዮጵያ Ethiopia

## ቁፅሪ ዝተመሓየሸ ደንቢ ህፁፅ እዋን --------2014 ዓ.ም

## ቁፅሪ ደንቢ ህፁፅ እዋን 117/2014 ዓ.ም ንምምሕያሽ ዝወፀ ደንቢ ህፁፅ እዋን

ፋሽሽት ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድ ምስ መላፍንቱ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ተስፋሕፋሕቲ ሓይልታት ትምክሕቲ ኣምሓራን ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ዝኣወጅዎ ገበን ምፅናት ህዝቢ ትግራይ፣ ገበን ውግእ፣ ገበን ፀረ ሰብኣውነትን ገበን ወራርን ነዚ ተልእኾ ንኽሳኽዕሉ ዘዋፈሮም ባንዳታት፣ ከዳዓት፣ ሰለልትን ዓመፅትን ዝፈፀምዎ በደልን ግፍዕን ካልኦት ሸርሒታትን ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ዝሕግዝ ሕጊ ምውፃእ ኣድላይ ኮይኑ ስለዝተረኸበ፣

ፀላእቲ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ብዝፈፀምዎ ቅሉዕ ወራር መሰረተ ልምዓትን ዘርፍታት ኢኮኖሚ ትግራይ ብምዕናውን ብምዕፃውን፣ ካልኦት ሸርሒታት ኢኮኖሚ ብምፍፃምን ብሕጊ ዝግበኣና በጀት ብምኽልካልን ጥምየት ከም መሳሪሒ ውግእ ብምጥቃምን ህዝብና ንምፅናት ይሰርሑ ብምህላዎም ነዚ ንምምካትን ዝፍፅምዎ ኢኮኖሚያዊ ገበናት ብምክልኻልን ብምቁፅፃርን መኸተና ንምጥንኻር ዝሕግዝ መስርሕ ምዝርጋሕ ኣድላይ ብምኳኑ፣

ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ትግራይ ዝግበር ምንቅስቃስ ገንዘብ ስርዓቱ ሓሊዩ ክፍፀም ብምግባር ህልውና፣ ልኡላውነት፣ ድሕንነትን መሰል ዓርሰ ውሳነን  ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባርን ንምርግጋፅን ኣብ ትግራይ ዝተረጋገፀ ምንቅስቃስ ማሕበረ-ኢኮኖሚ ንክህሉ ዓሊምና እንካይዶ ዘለና ኩለመዳያዊ ቃልሲ ዘጠናኽር ሕጊ ምድንጋግ ኣድላይ ኾይኑ ስለዝተረኸበ፣

ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ ደንቢ ህፁፅ እዋን ብዝግባእ ብምፍታሽ ኣብ ኣፈፃፀማን ኣተረዳጉማን ዝነበሩ ክፍተታት ዝኣረምሉ ኩነታት ንምፍጣርን ንመኸተና ዘዕንቅፉ ተግባራት ብሕጊ ስርዓት ንምትሓዝ ዝሕግዙ ሓደሽቲ ድንጋገታት ብምውሳኽ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ሰላምን ፀጥታን ንኽረጋግፅ ዝሕግዝ ኣሰራርሓ ምዝርጋሕን ምትግባርን ኣድላይ ምኳኑ ስለዝተኣመነሉ፣

ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ቁፅሪ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን 358/2013 ዓ/ም ምስ መመሓየሽኡ ቁፅሪ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን 359/2014 ዓ.ም ዓንቀፅ 18 ብዝተውሃቦ ስልጣን እዚ ዝተመሓየሸ ደንቢ ህፁፅ እዋን ኣውፂኡ ኣሎ።

## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ ድንጋገታት

**ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ**

እዚ ደንቢ"ዝተመሓየሸ ደንቢ ህፁፅ እዋን 2014 ዓ/ም" ተባሂሉ ይፅዋዕ።

**ዓንቀፅ 2. ትርጉም**

ኣብዚ ደንቢ ፦

1. **" ሕገ መንግስቲ"** ማለት ሕገ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ ኣዋጅ 45/1994 ምስ መመሓየሽኡ እዩ፣
2. **"መንግስቲ "** ማለት መንግስቲ ትግራይ እዩ፣
3. **"ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ "** ማለት ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ መንግስቲ ትግራይ እዩ፣
4. **"ቤት ፍርዲ"** ማለት ብመንግስቲ ትግራይ ዝተጣየሸ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፣ ማእኸላይ ቤት ፍርድን ወረዳ ቤት ፍርድን እዩ፣
5. **"ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ"** ማለት ኣብ ገፀርን ከተማን ትግራይ ኣብ ዝርከባ ጣብያታት ዝተጣየሸ ብመሰረት እቲ ኣዋጅን በዚ ደንብን ስልጣን ምድናይ ዝተዋሃቦ ኣካል እዩ፣
6. **"ኣዋጅ"** ማለት ቁፅሪ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን 358 /2013 ዓ/ም ምስ መማሓየሺኡ ቁፅሪ ኣዋጅ 359/2014 ዓ/ም እዩ፣
7. **"ስረት"** ማለት መንግስቲ ትግራይ ወራር ንምምካት ናብ በረኻ ምስ ወፅአ ንመኸተ ኣብ ሓደጋ ከውድቑ ዝኽእሉ ዓይነት ገበናትን ቕፅዓቶምን ዝደንገገ፣ ኣብ ቃልሲ ከይንካ ክርኣዩ ዝግበእም ዋኒናት ፍትሃብሄር ዘቐመጠ፣ ስልጣን ምድናይን ምስማዕ ይግበኣኒን ከከም ኣግባብነቱ ንማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ንክርቢት ወይ ንኮሚቴ ፍትሕን ምክልኻል ገበንን ወይ ንኮሚቴ

The Government Of the National State Of Tigrai

መኸተ ዝሃበ ኣካል እቲ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ዝኾነን ብመንግስቲ ትግራይ ዝወፀ ኣብ መላእ ትግራይ ተፈፃምነት ዘለዎ ኣካል ሕጊ እዩ ፣

8. **"ዳይና"** ማለት ኣብ ወረዳ፣ ኣብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ፣ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብፍሉይ መጋባእያ ኣብ ዝተወደቡ ኣብያተ ፍርዲ ኣብዚ ደንቢ ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ንኽዳኒ ብስሩዕ ዝተመደበ ዳይና እንትኸውን ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ስልጣን ኣብ ዝወድቁ ዋኒናት ገበን፣ ምትሕልላፍ ደንብን ፍትሃብሄርን ንክዳኒ ብቤት ምኽሪ ጣብያ ዝሸየም ዳይና እውን ዝሓውስ እዩ፣

9. **"ፀላኢ"** ማለት ኣንፃር ህልውና፣ ድሕንነትን ልኡላውነትን ህዝቢ ትግራይ ውግእ ዝኣወጀ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ስልጣን መንግስቲ ፌደራል ዝተቖፃፀረ ሓይሊ ኮይኑ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ምስዚ ሓይሊ'ዚ ብምትሕብባር ይኹን ብልእኽቶ ዝሳተፍ ዝኾነ መንግስቲ፣ ክልል፣ሰብ ወይ ኣካል ይሓውስ፤

10. **"ሹመት ምቕባል"** ማለት ብድልየትን ፍቓድን ካብ ብልፅግና ሹመት ተቐቢልካ ዕላማ ፀላኢ ንምስካዕን ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ትግራይ ንምፍራስን ልእኽቶ ሒዝካ ምስራሕ እዩ፣

11. **"ገበን ኣንፃር ህልውና፣ ድሕንነትን ልኡላውነትን ህዝቢ ትግራይ"** ማለት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ፣ መንግስቲ ትግራይ፣ ብሕጋዊ መንገዲ ዝንቀሳቐስ ውድብ ፖለቲካ ትግራይ፣ መንግስታውን ወይ ዘይመንግስታውን ትካል ዝፍፀም ገበን ምፅናት ህዝቢ ፣ ገበን ውግእ፣ ገበን ፀረ-ሰብኣውነትን ወራርን፣ ገበን ራዕዲ፣ ገበን ሳይበር፣ ከቢድ ገበን ክትራን ወይ ሽፍትነት፣ ምስ ፀላኢ ምትሕብባር፣ ስለላ፣ ክድዓት ኢኮኖሚ፣ ምዝውዋር ወይ ምጥቃም ዘይሕጋዊ ዕጥቂ፣ ከቢድ ስርቂ፣ ኣብ ልዕሊ መሰረተ ልምዓት ጉድኣት ምብፃሕ፣ባርዕ፣ ክድዓት፣ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ትግራይ ምፍራስ፣ ዝተወደቡ ገበናትን ካልኦት በዚ ደንቢ ዝተደንገጉ ገበናት'ውን ከከም ኣግባብነቱ ዝሓውስን ብዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፅኦሉ ከባቢ ወይ ዝፈፀመሉ ጊዜን ቦታን ብዘየገድስ ዝፍፀም ገበን እዩ፣

12. **"ኣኮኖሚያዊ ገበናት"** ማለት ኣብ ልዕሊ መንግስትን ህዝብን ትግራይ ትካላት ፋይናንስ ዝፍፀሙ ገበናት እንትኾኑ ዘይሕጋዊ ዝውውር ገንዘብ፣ ምሕታምን ምዝውዋርን ዘይሕጋዊ

The Government Of the National State Of Tigrai

ገንዘብ ውሽጢ ዓድን ደገን፣ ካብ ትካላት ፋይናንስ ወፃኢ ዝግበር ልውውጥ ገንዘብ ወፃኢ ዓዲ፣ ዝግበር ዘይሕጋዊ ምትሕልላፍ ገንዘብ፣ ምፍፃም ተግባር ሃረፃ፣ ብሕጊ ካብ ዝተፈቐደ መጠን ገንዘብ ንላዕሊ ምሓዝ ወይ ካብ ትካላት ፋይናንስ ወፃኢ ምግባር፣ ምትላል፣ ሓሰት ገንዘብ ምዝውዋር፣ ምፍፃም ተግባር ኮንትሮባንድ፣ ንራዕዲ ብገንዘብ ምሕጋዝ፣ ምክያድ ዘይሕጋዊ ንግዲ ክባራት ማእድን፣ ምኽዛን ወይ ምሕባእ ወይ ምሓዝ ወይ ምዝውዋር መሰረታዊ ሃልክታትን ካልኦት ኣብ ልዕሊ ኢኮኖሚ መንግስቲ ትግራይ ዝፍፀሙ ሽርሒታትን ተግባራትን ይሓውስ፣

13. **" ትካላት ፋይናንስ"** ማለት ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ትግራይ ዝርከቡ ኣብ ምንቅስቃስን ምትሕልላፍን ወይ ኣብ ምዕቋር ወይ ምምሕዳር ገንዘብ ዝተዋፈሩ ብሕጊ ዝተጣየሹ መንግስታውን ውልቀ ባንክታት፣ ኩባንያታት ኢንሹራንስ፣ ብመሰረት ሕጊ ዝተጣየሹ ኣናእሽተይ ትካላት ፋይናንስ፣ ቁጠባ ፖስታ፣ ኣተሓላለፍቲ ገንዘብን ካልኦት ነዚኦም ዝኣመሰሉ ትካላት እውን ዝሓውስ እዩ፣

14. **"ገንዘብ"** ማለትሕጋዊ ዋጋ ዘለዎ ገንዘብ ውሽጢ ዓዲ ወይ ገንዘብ ወፃኢ ዓዲ እዩ፣

15. **"መሰረታዊ ሃልኪ"** ማለት ህዝቢ ትግራይ መዓልታዊ ህይወቱ ንምምራሕ ወይ ናብርኡ ንምክያድ ዝጥቀመሎም ሸቀጣት፣ ንብረት፣ መድሓኒትን ነዳድን ዝሓውስ እዩ፣

16. **"ነዳዲ"** ማለት ኣብ ትሕዝቶ ወይ ቁፅፅር መንግስቲ ትግራይወይ ሰራዊት ትግራይ ዝርከብ ብሞተር ዝንቀሳቀስ ተሽከርከርቲ ዝጥቀማሉ ዝተፃረየ ናፍጣ ወይ ቤንዚን እንትኸውን ተሽከርከርቲ ዝጥቀማሉ ዝተፈላለየ ዓይነት ዘይት'ውን ዝሓውስ እዩ፣

17. **"ስትሪንግ ኮሚቴ"** ማለት ስራሕቲ ምሕደራ፣ ክትትልን ቁፅፅርን ትካላት ፋይናንስን ብላዕላዋይነት ንክመርሕ ብቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብዝወፀአ ደንቢ ዝተጣየሸ ኣካል እዩ፣

18. **"መፃረዪ"** ማለት ኣብዚ ደንቢ ወይ ከከም ኣግባብነቱ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ገበንን ካልኦት ሕግታትን ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ንኸፃሪ ዝተመደበ ዓቃቢ ሕጊ፣ ኮሚሽን ፖሊስ ዓርሱ ኪኢሉ ክሳብ ዝጠናኸር ኣብ ቃልሲ ዝፀንሑ ኣብ ስራሕቲ ደጀን ካብ ዘለዉ መርመርቲ ዝነበሩ ንግዚኡ ኣብ ትሕቲ ቢሮ ፍትሕን መሓውሩን ዝተወደበ ጉጅለ ምፅራይ እንትኸውን ኣብ ስሩዓት ኣብያተ ፍርዲ ንዝቐርቡ ዋኒናት ግዕዝይና ዘፃሪ ኣብ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ዝርከብ መርማሪ እውን ዝሓውስ እዩ፣



The Government Of the National State Of Tigrai

19. **"ክሳሲ"** ማለት ኣብዚ ደንቢ ኣብ ስልጣን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝወድቁ ዋኒናት ገበንን ምትሕልላፍ ደንብን ዝኸስስ መኸበሪ ሕጊ ጣብያ፣ ኣብዚ ደንብን ከከምኣድላይነቱ ኣብ ሕጊ ገበንን ካልኦት ሕግታትን ተመስሪቱ ናብ ፍሉይ መጋባእያ ኣብያተ ፍርዲ ክሲ ዘቕርብ ኣብ ትሕቲ ቢሮ ፍትሕን መሓውሩን ዝተወደበ ዓቃቢ ሕጊ እንትኸውን ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ዝረኣዩ ወፃኢ ዘለው ዋኒናት ገበናት ግዕዝይና ዝኸስስ ኣብ ትሕቲ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን መሓውሩን ዝተወደበ ዓቃቢ ሕጊ እዩ፣

20. **"ተኸሳሲ ወይ ተፀዋዒ"** ማለት ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ንዝቐርበሉ ክሲ ገበን ወይ ክሲ ፍትሃብሄር መልሲ ዝሀብ ሰብ እዩ፣

21. **"ተጠርጣሪ"** ማለት ኣብዚ ደንቢ ወይ ከከም ኣግባብነቱ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ገበንን ካልኦት ሕግታትን ዝተደንገጉ ገበናት ፈፂሙ ተባሂሉ ዝተጠርጠረ ሰብ እዩ፣

22. **"ሰብ "** ማለት ተፈጥርኣዊ ሰብ ወይ ብሕጊ መሰል ሰብነት ዝተውሃበ ኣካል እዩ።

**<u>ዓንቀፅ 3. ኣገላልፃ ፆታ</u>**

ኣብዚ ደንቢ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ኩሉ ንኣንስታይ ፆታ እውን ይሓውስ።

**<u>ዓንቀፅ 4. ወሰን ተፈፃምነት እዚ ደንቢ</u>**

1. እዚ ደንቢ ኣብ መላእ ትግራይ ተፈፃሚ ይኸውን፣

2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እንተሃለወ እውን እቲ ኣዋጅ ምስ መመሓየሺኡን ስዒቡ ዝወፀ ስሪትን ከም ዘሎ ኮይኑ ኣብዚ ደንቢ ወይ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተኾይኑ ከከም ኣግባብነቱ ኣብ ሕጊ ገበን ይኹን ኣብ ኣብ ስራሕ ዘሎ ካልእ ሕጊ ብምጥሓስ፣ ኣብ ዝኾነ በታን ግዘን ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከባቢ ብዘየገድስ ገበን ኣብ ዝፈፀመ ዝኾነ ሰብ ተፈፃምነት ይህልዎ።

**ዓንቀፅ 5. ዕላማ**

እዚ ደንቢ ዝስዕቡ ዕላማታት ይህልውዎ :-

1. ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ገበን ምፅናት ህዝቢ ትግራይ፣ ገበን ውግእ፣ ገበን ፀረ ሰብኣውነትን ገበን ወራር ዝፈፀሙ ደመኛታት ፀላእትን ዘዋፈርዎም ባንዳታት፣ ሰለልቲ፣ ዓመፅትን ከዳዓትን ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ትግራይ ዝፍፀምዎም ኢኮኖሚያዊ ገበናትን ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን፣ ገበነኛታት ብሕጊ ክሕተቱ ብምግባር መኸተናን ቃልስናን ዝጠናኸረሉ ህዝቢ ትግራይ ንዝበፅሖ በደል ብሕጊ ዝከሓሰሉ ባይታ ንምፍጣር፣
2. ኣብ ውሽጢ ኩናት ከይንካ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ስራሕቲ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ገበን ብምክያድ ሰላምን ፀጥታን ትግራይ ውሑስ ዝኾነሉ ኩነታት ምምችቻው፣
3. ሰልጣን ምድናይ ዋኒናት ገበን ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርድን ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ክከፋፈል ብምግባር ፍሉይ መጋበእያታት ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ከበድቲ ዋኒናት ገበን ትኹረት ገይሮም ዝሰርሕሉ ባይታ ንምምችቻው ዝዓለመ እዩ።

**ክፍሊ ክልተ**

**መመዘኒ ረቛሕታት፣ ኣሻውማ፣ ስነ- ምግባርን ዳያኑን መኸበሪ ሕጊ ጣብያን ኣሰራርሓ ማሕበራዊ ቤት ፍርድን**

**ዓንቀፅ 6. ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ንምኳን ዘብቅዑ መመዘኒታት**

ዝኾነ ሰብ ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ንምኳን :-

1. ስነ- ምግባሩ ዝተሓለወ ፣ ሓቀኛ ፣ ተኣማኒ ፣ ህዝቢ ንምግልጋል ድልው ምኳኑ በቲ ዝነብረሉ ጣብያ ህዝቢ ዝተመስከረሉን ዝተኣመነሉን ፣
2. ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ንምኳን ፍቓደኛ ዝኾነ ፣
3. ዕድሚኡ 35 ዓመትን ልዕሊኡ ዝኾነ፣
4. ኣብቲ ጣብያ እንተነኣሰ 6 ወርሒ ዝተቐመጠ ፣

5. ቋንቋ ትግርኛ ዝኽእል ፣

6. ኣብ መኸተ ርኡይ ተሳትፎ ዘለዎ ፣

7. እንተነኣሰ 4ይ ክፍሊ ብርኪ ትምህርቲ ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ ።

**ዓንቀፅ 7. ኣሻውማ ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ**

1. ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብመሰረት እዚ ደንቢ ዓንቀፅ 6 ዝተቐመጠ መመዘኒ ዘማልኡ ብመቕረባይነት ዋና ኣማሓዳሪ ጣብያ ብቤት ምኽሪ ጣብያ ዝሸወሙ ይኾኑ፣

2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ሕልው ኮይኑ ደያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ቅድሚ ንሹመት ምቕራቦም ህዝቢ ሪኢቶ ክህበሎምን ክኣምነሎምን ክግበር ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 8. ተፀዋዕነት ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ**

1. ተፀዋዕነት ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ንዝሸሞም ቤት ምኽሪ ጣብያ ይኸውን፣

2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ሕልው ኮይኑ ብሞያ፣ ብደገፍን ክትትልን ምቕራብ ፀብፃብ ስራሕን ንወረዳ ፣ ክፍለ ከተማ ፣ ከተማ ቤት ፍርዲ ተፀዋዕነት ይህልዎም ።

**ዓንቀፅ 9. በዝሕን ተዋፅኦን ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ**

ኣብ ሕድሕድ ጣብያ እንተወሓደ 3 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 3 ቀወምትን 3 ተተካእትን ዳያኑ ይህልው።

**ዓንቀፅ 10. ኣብ መጋበእያ ምስያም**

1. ኣብ ሓደ መጋበእያ እንተወሓደ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ብግድን እትስየመሉ ሰለስተ ዳያኑ ዝተሰየምሉ መጋበእያ ይህሉ፣

2. እታ ክትስየም ዝተበሃለት ጓል ኣንስተይቲ ዳይና ብብቑዕ ምኽንያት ዘይተሰየመት እንተኾይና ካብ ዘለዋ ተጠባበቕቲ ዳያኑ ደቂ ኣንስትዮ ክትትካእ ይግበር፣

3. ልዕሊ ዓቕሚ ብዝኾነ ምኽንያት ጓል ኣንስተይቲ ዳይና ክትርከብ እንተዘይኪኢላ ጓል ኣንስተይቲ ዘይብሉ ዳያኑ ክስየሙ ይኽእሉ፣

4. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 እንተሃለወ 'ውን ካብ ሓደ መጋበእያ ካብ ሓደ እዋን ንላዕሊ ጓል ኣንስተይቲ ዳይና ዘይተሰየመትሉ መጋበእያ ምስያም ኣይከኣልን።

## ዓንቀፅ 11. ኣገልግሎት ዘመን

1. ኣገልግሎት ዘመን ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ሰለስተ ዓመት ይኸውን፣
2. ዝኾነ ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ቤት ምኽሪ ጣብያ እንተኣሚኑሉ ዳግም ክሸወም ይኽእል ፣
3. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እንተሃለወ እውን ዝኾነ ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብነበረ ህዝብን ቤት ምኽሪ ጣብያን እምነት እንተተሰኢንዎ ኣብ ዝኾነ ግዘ ካብ ስርሑ ብውሳነ ቤት ምኽሪ እቲ ጣብያ ክሰናበት ይኽእል ።

## ዓንቀፅ 12. ተሓታትነት ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ

1. ዝኾነ ነባሪ እቲ ጣብያ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ እቲ ጣብያ ዝረኣዩ ጉድለት ስነ-ምግባር ናብ ኣፈ ጉባኤ እቲ ጣብያ ጥቆማ ወይ ሓበሬታ ክቕርብ ይኽእል፣
2. ጥቆማ ወይ ሓበሬታ ዝተቐበለ ኣፈ ጉባኤ እቲ ጥቆማ ወይ ሓበሬታ ካብ ዝተቐበለሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ካብ ሞንጎ ኣባላት ቤት ምኽሪ እቲ ጣብያ 5 ኣባላት ዝሓዘ ኮሚቴ ምፅራይ የጣይሽ ፣
3. እቲ መፃረይ ኮሚቴ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ኣፃርዩ ውፅኢቱ ምስ ውሳነ ሓሳቡ ናብ ኣፈ ጉባኤ የቕርብ፣
4. ውፅኢት ምፅራይ ዝቐረበሉ ኣፈ ጉባኤ ውፅኢት ምፅራይ ካብ ዝተቐበለሉ ጊዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ናብ ቤት ምኽሪ ጣብያ ኣቕሪቡ ውሳነ ክረክብ ይገብር ።

## ዓንቀፅ 13. ግቡእ ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ

ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝስዕቡ ግቡኣት ኣለዎም :-

1. ናብ ስራሕ ዘንጊዕኻ ዘይምእታው፣
2. ካብ ስራሕ ዘይምትራፍ ፣
3. ምሽጥር ስራሕ ምሕላው ፣
4. ንሰብ ጉዳይ ዘይምጉልእላእ ፣ ዘይምንሻው ፣ ዘይምፅራፍ፣
5. መረዳእታ፣ ሰነድ፣ ፋይል፣ ንብረት እቲ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብኣግባቡ ምሓዝን ኣብ ስራሕ ምውዓልን፣
6. ብወገንነት፣ ኣድልዎን ብላዕን ዘይምስራሕ፣
7. ውሳነ፣ ትእዛዝን ቅዳሕ ይግበኣንን ብእዋኑ ምሃብ ግቡእ ኣለዎም።

## ዓንቀፅ 14. ካብ ስራሕ ምስንባት

ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ስርሑ ክሰናበት ዝኽእል፦

1. ብምንኣስ ዓቕሚ ፣
2. ብምኽንያት ሕማም ስርሑ ምስራሕ እንትፅገም፣
3. ብህዝቢ እቲ ጣበያ እምነት እንትስእንን ብቤት ምኽሪ ጣብያ እንትውሰንን፣
4. ካብቲ ጣብያ እንትለቅቕ፣
5. ብገበን ጥፍኣተኛ ተባሂሉ እንትውሰነሉ ፣ ወይ
6. ብዘርኣዮ ጉድለት ስነ-ምግባር ካብ ስርሑ ንክሰናበት ብቤት ምኽሪ ጣብያ እንትውሰን ይኸውን።

## ዓንቀፅ 15. ነፃነት ዳይነት

ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ዝኾነ ፅዕንቶ ነፃ ኾይኖም ንሕግን ሕልነኦምን ጥራሕ ተገዛእቲ ኮይኖም ስራሕቶም ብሙሉእ ነፃነት ይሰርሑ።

## ዓንቀፅ 16. ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝምርሕሉ ስነ-ስርዓትን ምምራሕ ከይዲ ዳይነትን

ቦታን ግዘን መጋባእያ ምውሳን፣ ኩነታት ዋኒን መጋባእያ፣ ምልዓልን ምትካእን ዳይና፣ ኩነታት ዕርቂ፣ ኣቀባብላን ኣቀራርባን ክሲ፣ ምስማዕ መሰኻኽርን ምምዛን መረዳእታን፣ ኣፀጻሕፋ ውሳነን ትእዛዝን ፣ ኣፀጻሕፋን ኣወሃህባን ቅዳሕ ይግባኣኒ፣ ምሃብ ውሳነ እግድ፣ መዝገብ ደጊምካ ምርኣይን ንምርኣይ ከም ብቑዕ ምኽንያት ዝቑፀርን፣ ምግዳፍ ክስን ዝምልከት ዝርዝር መምርሒ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ይወፅእ።

## ዓንቀፅ 17. እቶት ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ

1. ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብመቕፃዕቲ ይኹን ካብ ክፍሊት ዳይነት ዝኣከቦ ገንዘብ ናብ ወረድኡ ወይ ከተምኡ ወይ ክፍለ ከተምኡ ዝርከብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን በቢወርሑ ኣታዊ ይግበር፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተደንገገ ሕሉው ኮይኑ ነቲ እቶት ዝተቐበለ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ንማሕበራዊ ቤት ፍርድን መኽበሪ ሕጊ ጣብያን ንስርሖም ዘድልዩ ፅሕፈት መሳርሒ ገዚኡ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ይገብር፣
3. መጠን ክፍሊት ዳይነት ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

## ዓንቀፅ 18. መኽበሪ ሕጊ ጣብያ ንምኳን ዘብቅዑ ረቛሕታት

ዝኾነ ሰብ መኽበሪ ሕጊ ጣብያ ክኾውን ዝኽእል ፦

1. ዕድሚኡ 35 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾነ ፣
2. ዝለዓለ ተኣማንነት፣ ፅቡቕ ስነ- ምግባር ዘለዎ፣ ብልዕልነት ሕጊ ዝኣምን፣ ህዝባዊ ውግንና ከም ዘለዎ ብህዝቢ እቲ ጣብያ ዝእመነሉን ዝተመስከረሉን፣

3. ንህዝቢ ከገልግል ድልውነትን ፍቓደኝነትን ዘለዎ፣

4. እንተነኣሰ 4ይ ክፍሊ ብርኪ ትምህርቲ ዘለዎ፣

5. ኣብ መኽተ ርኡይ ኣስተዋፅኦ ዘለዎ፣

6. ቋንቋ ትግርኛ ዝኽእል ፣

7. ኣብቲ ዝሽየመሉ ጣብያ እንተነኣሰ 6 ወርሒ ዝተቐመጠ ክኸውን ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 19. ኣሻውማ መኽበሪ ሕጊ ጣብያ

1. መኽበሪ ሕጊ ጣብያ ብመቕረባይነት ዋና ኣማሓዳሪ ጣብያ ብቤት ምኽሪ ጣብያ ይሽወም፣

2. መኽበሪ ሕጊ ጣብያ ቅድሚ ብቤት ምኽሪ ምሻሙ ብህዝቢ እቲ ጣብያ ሪኢቶ ክወሃበሉን ክኣምነሉን ክግበር ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 20. በዝሕን ተዋፅኦን መኽበሪ ሕጊ

1. ኣብ ሕድሕድ ጣብያ ክልተ ቀወምቲ ክልተ ተተካእቲ ካብዚኦም ክልተ ደቂ ኣንስትዮ መኽበሪ ሕጊ ይህልዉ፣

2. ኣብቲ ጣብያ ካብ ሓደ ንላዕሊ መጋባእያ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ እንተሃልዩ ተወሳኺ መኽበሪ ሕጊ ምሻም ይከኣል።

## ዓንቀፅ 21. ስልጣንን ተግባርን መኽበሪ ሕጊ ጣብያ

1. ኣብ ክሊ ስልጣን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ጣብያ ኣብ ዝወድቑ ዋኒናት ገበንን ምትሕልላፍ ደንብን ክሲ ይምስርት፣ ይከራኸር፣

2. ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስርሑ ንቤት ፅሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ወረድኡ የቕርብ፣

3. ቤት ፅሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ወረድኡ ዘውርደሉ መምርሒ፣ ዝህቦ መደባት ስራሕትን ይፍፅም።

## ዓንቀፅ 22. ተፀዋዕነት መኽበሪ ሕጊ ጣብያ

ተፀዋዕነት መኽበሪ ሕጊ ጣብያ ንዋና ኣማሓዳሪ ጣብያ ኮይኑ ብሞያ ንቤት ፅሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ወረዳ ይኸውን።

## ክፍሊ ሰለስተ

## ከይዲ ምፅራይ ፣ክስን ስልጣን ዳይነትን

## ዓንቀፅ 23. ከይዲ ምፅራይ

1. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ይኹን ኣብ ፍሉይ መጋበእያ ዝቐርብ ስሩዕ ገበን ክሲ ዝቐርበሉ ገበን ክሳብ ፖሊስ ብኣግባቡ ዝጠናኸር ንግዚኡ ኣብ ትሕቲ ቢሮ ፍትሕን መሓውሩን ብዝተወደበ መፃረዪ ኣካል ዝፃረ ይኸውን፣

2. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ዝርአ ወፃኢ ዋኒን ገበን ግዕዝይና ኣብ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ምስ መሓውሩ ብዘለዉ መርመርቲ ዝፃረ ይኸውን፣

3. እቲ ገበን ገበን ግዕዝይና ኮይኑ ኣብ ስልጣን መንግስቲ ፌደራል ዝወድቕ እንተኾይኑ ብኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን መንግስቲ ትግራይ ምስ መሓውሩ ዝፃረ ይኸውን፣

4. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝርአዩ ዋኒናት ደንቢ ምትሕልላፍ ምፅራይ ከየድለየ ብመኽበሪ ሕጊ ጣብያ ብቀጥታ ክሲ ዝምስረተሉ ይኸውን።

## ዓንቀፅ 24. ከይዲ ምምስራት ክሲ

1. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝርአ ዋኒን ገበን ክሲ በቲ ምፅራይ ገበን ዘካየደ ቤት ፅሕፈት ፍትሒ ረቂቕ ክሲ ተዳልዩ ስልጣን ናብ ዘለዎ መኽበሪ ሕጊ ጣብያ ይለኣኽ፣ ክሲ ዘይምስረተሉ እንተኾይኑ በቲ ምፅራይ ዘካየደ ቤት ፅሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ብመሰረት ሕጊ ክዕፆ ይግበር፣

2. ኣብ ፍሉይ መጋበእያ ዝምስረት ክሲ ስልጣን ብዘለዎ ዓቃቢ ሕጊ እንትኸውን እቲ ዋኒን ገበን ግዕዝይና እንተኾይኑ ኣብ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን መሓውሩን ብዘለዉ ዓቀብቲ ሕጊ ክሲ ዝምስረተሉ ይኸውን፣ ስልጣን ፌደራል ዝኾነ ገበን ግዕዝይና እንተተፈፂሙ



★The Government Of the National State Of Tigrai★

ብኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን መንግስቲ ትግራይን መሓውሩን ክሲ ዝምስረተሉ ይኸውን፣

**ዓንቀፅ 25. መሰል ውሕስና**

1. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብዝርኣዩ ዋኒናት ገበን ዝተጠርጠረ ወይ ክሲ ዝቐረበሉ ዝኾነ ሰብ ዋሕስ ከቕርብ እንተኺኢሉ ኣብ እዋን ምፅራይ ቃሉ ብምቕባል፣ ወይ ኣብ ምስማዕ ክሲ ብቑዕ ውሕስና ገይሩ ክሳብ ውሳነ ዝወሃብ ኣብ ደገ ኾይኑ ዋኒኑ ይከታተል፣ ተኣሲሩ ክፀንሕ ምግባር ኣይፍቀድን፣
2. ተጠርጣሪ ዋሕስ ዝገብር ኣብ እዋን ጊዜ ቆፀሮ ኣብ መርማሪ፣ ኣብ ጊዜ ክሲ ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ይኸውን፣
3. ብዘይብቑዕ ምኽንያት ኣብ ቆፀርኡ ዝተረፈ ተጠርጣሪ ወይ ተኸሳሲ ኣብ መርማሪ ይኹን ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብውሕስና ዝኣተዎ ግቡእ ናብ ከባቢኡ ዘሎ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ብስሩዕ ቅብሊት ኣታዊ ይግበር፣
4. ተጠርጣሪ ወይ ተኸሳሲ እንተቐሪቡ እቲ ገንዘብ ኣታዊ ምስገበረ እቲ መዝገብ ይቕፅል፣ እንተዘይቐሪቡ ተኸሳሲ ክሳብ ዝቐርብ መዝገቡ ተዓፅዩ ይፀንሕ፣ ይኹን እምበር እቲ መዝገብ ንውሳነ ዝተቖፀረ ወይ መከላኸሊ ምስክር ንምስማዕ ዝተቖፀረ እንተኾይኑ ተኸሳሲ ክቐርብ ወይ ክከላኸል ከምዘይደለየ ተሓሲቡ ውሳነ ይወሃብ።

**ዓንቀፅ 26. ምቕራብ ተኸሳስን መሰኻኽርን**

1. ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ተኸሰስትን መሰኻኽርን ንኸቕርብ ኣብቲ ጣብያ ንዘሎ ሚሊሻ ትእዛዝ ይህብ፣ ትእዛዝ ዝተውሃበ ምልሻ ተኸሰስትን መሰኻኽርን ከቕርብ ግቡእ ኣለዎ፣
2. ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ኮሚሽን ፖሊስ ምስ መሓውሩ መሊኡ ክሳብ ዝጠናኸር ተኸሰስትን መሰኻኽርን ንኸቕርቡ በቢ ብርኩ ንዝርከቡ ኣካላት ፀጥታ ትእዛዝ ይህብ፣ ትእዛዝ ዝተውሃቦም ኣካላት ፀጥታ ተኸሰስትን መሰኻኽርን ከቕርቡ ግቡእ ኣለዎም፣
3. ኣብ እዋን ምፅራይ ተኸሰስትን መሰኻኽርን ዘቕርቡ በቢብርኩ ዝርከቡ ኣካላት ፀጥታ ይኾኑ።



ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
The Government Of the National State Of Tigrai

## ዓንቀፅ 27. ምቕራብ ሕቶ ተወሳኺ ግዜ ምፅራይን ሕቶ ነፃነት ኣካልን

1. ብመርማሪ ኣካል ዝቐርብ ሕቶ ተወሳኺ ግዜ ምፅራይ እቲ ሕቶ ዝቐረበሉ ገበን ጃንፃር ህልውና፣ ደሕንነትን ሉኣላውነትን ህዝብን መንግስትን ትግራይ እንተኾይኑ ሕቶ ዝቐረበሉ ቤት ፍርዲ ክሳብ 14 መዓልቲ ስራሕ ተወሳኺ ግዘ ክፈቅድ ይኽእል፣ ንምፅራይ ዝወሃብ ድምር ተወሳኺ ግዘ ቆፀር ክሳብ ኣርባዕተ ወርሒ ክበፅሕ ይኽእል፣ ይኹን እምበር ውስብስብነት እቲ ምፅራይ ብምርኣይ ክሳብ እቲ ምፅራይ ዝውዳእ ሕቶ ዝቐረበሉ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ብፉሉይ ክናውሖ ይኽእል፣

2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ሕሉው ኮይኑ ካብዚ ወፃኢ ዘለዉ ዋኒናት ገበን ኣመልኪቱ ንዝቐርብ ሕቶ ተወሳኺ ግዘ ምፅራይ ክሳብ 14 መዓልቲ ስራሕ ተወሳኺ ግዘ ክፈቅድ ይኽእል፣ ዝወሃብ ተወሳኺ ጊዜ ምፅራይ ካብ ኣርባዕተ ወርሒ ክበልፅ የብሉን።

## ዓንቀፅ 28. ስልጣን ዳይነት ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ

ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ክፍሊ ኣርባዕተ ካብ ዓንቀፅ 31 ክሳብ ዓንቀፅ 75 ኣብ ዝተዘርዘሩ ዋኒናት ገበንን ምትሕልላፍ ደንብን ከባብያውን ስረ -ነገርን ስልጣን ዳይነት ይህልዎ፣ ካብዚ ወፃኢ ዘሎ ዋኒን ገበን ይኹን ምምሕዳራዊ ዋኒናት ክሪኡ ስልጣን የብሎምን፦

1. ዝቐረበ ክሲ ስሩዕ ክሲ ገበን ወይ ምትሕልላፍ ደንቢ እንተኾይኑ እቲ ገበን ኣብ ዝተፈፀመሉ ወይ ውፅኢት ኣብ ዝረኸበሉ ቦታ ይኸውን፣

2. ክትዕ ዘልዐለ ንብረት ኣብ ዝርከበሉ፣ ንኽትዕ መበገሲ ውዕሊ እንተኾይኑ ውዕሊ ኣብ ዝተፈፀመሉ ፣ ካብ ውዕሊ ወፃኢ ዝኾነ ሓላፍነት ዘስዕብ እንተኾይኑ እቲ ዋኒን ኣብ ዝተጀመረሉ ወይ ኣብ ዝተፈፀመሉ ቦታ ዝቐርብ ክሲ ወይ ጥርዓን ይኸውን፣

3. ተፀዋዒ ወይ ተኸሳሲ ኣብ ዝነብረሉ ዝቐርብ ክሲ ወይ ጥርዓን ፣ኣመልካቲ ኣብ ዝነብረሉ፣ ኣድራሻ ተፀዋዒ ወይ ተኸሳሲ ብንፁር ዘይፍለጥ ወይ ተኸሳሲ ወይ ተፀዋዒ ብዘየለሉ ዝቐርብ ጥርዓን ይኸውን።

## ዓንቀፅ 29. ስልጣን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዋኒናት ፍትሃብሄር

1. ግምቱ ክሳብ ሰለስተ ሚኢቲ ሽሕ ብር ዝኾነ ዝንቀሳቐስ ንብረት፣ ብውዕሊ መሰረት ወይ ካብ ውዕሊ ወፃኢ ዝቐርብ ክትዕ፣

2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እንተሃለወ እውን መንግስታዊ ወይ ዘይመንግስታዊ ትካል ተኻታዒ ኣብ ዝኾነሉ ዋኒን ፍትሃብሄር ስልጣን ምድናይ ኣይብሉን፣

3. በዚ ደንቢ እዚ ካብ ዝተፈቐደ ወፃኢ ዝኾነ ይኹን ምምሕዳራዊ ወይ ፍትሃብሄራዊ ዋኒናት ክዳኒ ስልጣን የብሉን።

## ዓንቀፅ 30. ስልጣን ዳይነት ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ

ፍሉያት መጋበእያ ኣብያተ ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ክፍሊ ሓሙሽተ ካብ ዓንቀፅ 78 ክሳብ 136 ኣብ ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ከባብያውን ስረ-ነገርን ስልጣን ዳይነት ዘለዎ ኮይኑ፦

1. እቲ ገበን ኣብ ዝተፈፀመሉ ወይ እቲ ገበን ውፅኢት ኣብ ዝረኸበሉ ቦታ፣ እቲ ገበን ካብ ትግራይ ወፃኢ ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ምፅራይ ኣብ ዝተኻየደሉ ቦታ፣

2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እንተሃለወ እውን ኣብ ወረዳታት ዞባ ምዕራብ ዝተፈፀመ ወይ ውፅኢቱ ኣብ ወረዳታት ዞባ ምዕራብ ዝተረኸበ እንተኾይኑ ኣብያተ ፍርዲ ዞባ ምዕራብ ስሩዕ ስርሖም ክሳብ ዝጅምሩ ኣብ ሰሜን ምዕራብ ኣብ ዝኾነ ከባቢ ዝርከብ ፍሉይ መጋበእያ፣ ስልጣን ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ዝኾነ ኣብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ፍሉይ መጋበእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ፣ ኣብ ወረዳ ባድመ ዝተፈፀመ ወይ ውፅኢቱ ኣብ ባድመ ዝተረኸበ እንተኾይኑ ባድመ ቤት ፍርዲ ስሩዕ ስርሑ ክሳብ ዝጅምር ኣብ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ፍሉይ መጋበእያ ተደሪቡ ዝርእ ይኸውን፣

3. ወረዳ ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ካብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብይግባእኒ ዝመፀሉ ዋኒናት ይግባእኒ ገበንን ቅፅዓቶም ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ማእሰርቲ ዘቕፅዑ ገበናት ሪኡ ክውስን ስልጣን ኣለዎ፣

<u>ክፍሊ ኣርባዕተ</u>

<u>ዝርዝር ስልጣን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዋኒናት ገበንን ምትሕልላፍ ደንብን</u>

<u>ንኡስ ክፍሊ ሓደ</u>

<u>ስልጣን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዋኒናት ገበን</u>

**<u>ዓንቀፅ 31. ፃውዒት ክተት ዘይምቕባል</u>**

1. ዝኾነ ትግራዋይ ኣብ ሰራዊት ትግራይ ክኣቱ ወይ ክጋደል ወይ ክሕግዝ ወይ ከገልግል ዕድሚኡን ኣካላዊ ኩነታቱን ዝፈቕደሉ ሕጋዊ ወይ ምምሕዳራዊ ፃውዒት ወይ ኣዋጅ ክተት ቀሪቡሉ ዘይፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ሽሕ ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ተቐፂሩ ግቡኡ ክፍፅም ይግበር፣

2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እንተሃለወ እውን እቲ ግቡእ ዘለዎ ዝኾነ ሰብ ምስ ተቐፅዐ ግቡኡ ክፍፅም ድልው ምዃኑ እንተተረጋጊፁ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ነቲ ዝቐፅዖ ገንዘብ ክምለሰሉ ይውስን፣

3. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ሕልው ኮይኑ ድሕሪ ቅፅዓት ክምለሰሉ ምውሳኑ እንተጠሊሙ ተወሲኑሉ ዝነበረ ቅፅዓት ገንዘብ ከፊሉ ግቡኡ ክፍፀም ይግበር።

**<u>ዓንቀፅ 32. ካብ ኣገልግሎት መኸተ ንምምላጥ ዝፍፀም ምጭብርባር</u>**

ዝኾነ ትግራዋይ ሉኣላውነት፣ ደሕንነትን ህልውናን ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባር ካብ ዝቐረበሉ ፃውዒት ክተት ወይ ካብ ምስላፍ ንምምላጥ ብምሕሳብ ስራሕቲ ምልመላ ወይ መደብ ምስላፍ ንዘካይዱ ሓለፍቲ ንምትላል ትሉም ሜላታት ዝተጠቐመ ወይ ሓሶት ምስክር ወረቐት ብምቕራብ፣ ብሓሰት ቃል ወይ ሰነድ ብምሕጋዝ ወይ ሕሙም ወይ ጎደሎ ኣካል ብምምሳል ዘታለለ እንተኾይኑ ካብ ሰለሳ ሽሕ ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ተቐፂሩ ግቡኡ ክፍፅም ይግበር።

**<u>ዓንቀፅ 33. ካብ ምኽታት ነፃ ምግባር</u>**

ዝኾነ ኣመራርሓ፣ ኣባል ኮሚቴ መኸተ፣ ሓላፊ ምምሕዳር፣ ሓላፍነት ምምልማል ተዓላሚ ዘለዎ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሰራዊት ትግራይ ተሰሊፉ ኣንፃር ፀላእቲ ክምክት ወይ ከገልግል ወይ ክሕግዝ ሕጋዊ ወይ ምምሕዳራዊ ግቡእ ንዘለዎ ትግራዋይ ግቡእ ብዘይኾነ ምኽንያት ንከይኸትት ሓሲቡ ግቡእ

ክይፍፅም ዝገበረ ወይ ነፃ ዝገበረ ወይ ነፃ ንክኸውን ሓሶት መረዳእታ ሕክምና ዝሃበ ወይ ሓሶት መረዳእታ ሕክምና ንኽዋሃብ ዝተሓባበረ እንተኾይኑ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር ተቐፂው እቲ ነፃ ዝተገበረ ሰብ ግቡኡ ክፍፅም ይግበር።

## ዓንቀፅ 34. ንመኸተ ምዕንቃፍ

ዝኾነ ሰብ ልኡላውነት፣ ሀልውናን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባር ክጋደል ዝግበኦ ንኸይጋደል ብምሕሳብ ዝሓበአ ወይ ክሕባእ ዝገበረ ወይ ካብ ግንባር ወይ ካብ ሕክምና መሊቑ ናብ ገዝኡ ዝተመለሰ ኣባል ሰራዊት ትግራይ ዝሓበአ ወይ ክሕባእ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዒስራ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 35. ክብሪ ምግዳልን ተጋደልትን ምንካእ

ዝኾነ ሰብ ክብሪ ምግዳል፣ ተጋደልትን ስድራ ተጋደልትን ንምንካእ ብምሕሳብ ብዘረባ ወይ ብፅሑፍ ወይ ብምስሊ ወይ ብኻሊእ ብዝኾነ ሜላ ክብሪ ምግዳል፣ ተጋደልትን ስድራ ተጋደልትን ኣብ ዝነክእ ወይ ዘዋርድ ወይ ዘናሹ ወይ ዘንቋሽሽ ተግባር ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዒስራ ሽሕ ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 36. ብዘይፍቓድ ገንዘብ ወይ ንብረት ምእካብ

ዝኾነ ሰብ ዝምልከቶ በዓል መዚ ከይፈቐደሉ ወይ ቢሮ ትልምን ፋይናንስ ካብ ዘሕተሞ ስሩዕ ቅብሊት ወይ ቢሮ ካብ ዝፈቐዶ ወፃኢ ሕጋዊ ዘይኮነ ቅብሊት ብምሕታም ወይ ዋጋ ዘለዎ ሰነድ ብምስራሕ ወይ ብዝኾነ ዓይነት ሜላ ገንዘብ ወይ ንብረት ዝኣከበ ንባዕሉ ወይ ንካልእ ሰብ ጥቕሚ ንኽረክብ ብምሕሳብ ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳብ ክልተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ቀሊል ማእሰርትን ካብ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብን ይቕፃዕ፣ እቲ ዝኣከቦ ገንዘብ ወይ ንብረት ይውረስ ወይ እዋናዊ ግምት ዋጋ ዕዳጋ ይኸፍል።

## ዓንቀፅ 37. ንብረት ብዘይኣግባብ ምጥቃምን ምብኻንን

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ሃፍቲ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕል ዝዓቀብዎ ወይ ብሓደራ ዘቐመጥዎ ወይ ንግዚኡ ካብ ትሕዝቶ ዝኾነ ሰብ ናብ ትሕዝትኡ ዝሓወሰ ወይ ብስራሕ ወይ ብካልእ ምኽንያት ናብ ሳልሳይ ወገን ዘመሓላለፈ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ክሳብ ዒስራ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ተቐፂዑ እቲ ሃፍቲ ወይ እዋናዊ ግምት ዋግኡ ክትክእ ይግበር።

## ዓንቀፅ 38. ምሕናይ ወይ ምፍርራሕ

1. ዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ድንጋፀ ወይ ፍርሒ ብዝፈጥር ኩነት ከቢድ ሓደጋ ወይ ጉድኣት ዘብፅሐሉ ምኺኑ ብምግላፅ ዘፈራርሐ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ወርሒክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ዓሰርተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣

2. እዚ ገበን ዝተፈፀመ ብሓይሊ ወይ መሳርሒ ውግእ ብምጥቃም ወይ ብካልእ ሓደገኛ መሳርሒ ተጠቒሙ ዝፈፀሞ እንተኾይኑ ካብ ክልተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ዒስራ ሽሕ ብር ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 39. ብወረ ህዝቢ ምርዓድ

1. ዝኾነ ሰብ፦

ሀ. ንድሕንነት ህዝቢ ትግራይ ወይ ንሂወት ወይ ጥዕና ወይ ንብረት ውልቀ ሰባት ዘስግእ ሓደጋ ብፍላይ ወራር፣ ቅትለት፣ ባርዕ ሓዊ ፣ ጥፍኣት ወይ ሓደጋ ክትራን ከምዝበፅሕ ብምፍርራሕ ወይ፣

ለ. ኩነታት ብዛዕባ እዞም ተግባራት ወይ ብሓፈሻ ብዛዕባ ዝበፅሕ ሁከት ወይ ኣብ ቐረባ ብዛዕባ ዝበፅሕ ጉድኣት ወይ ሓደጋ ተፈጥሮ ወረ ሓሰት ብምንዛሕ ሓሲቡ ህዝቢ ዘርዓደ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ዝበፅሕ ቀሊል ማእሰርትን ሰለስተ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣

2. እቲ ተግባር ዝለዓለ ረብሻ ወይ ምንስቓል ከምፅእ ዝኽእል ወይ ዘምፀአ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።



The Government Of the National State Of Tigray

## ዓንቀፅ 40. ወረ ሓሶት ብምውራይ ንህዝቢ ምልዕዓል

ዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ፣ ህዝቢ፣ ሰብ መዚ ትግራይ ወይ ኣብ ስርሖም ወረ ሓሶት ፣ ጥርጣረ ወይ ሓሜት ሓሶት ዝፈጥር ወይ ዝነዝሐ ካብዚ ዝብገስ ኣተሓሳስባ ህዝቢ ዘናግፀ፣ ዘለዓዓለ ወይ ክናግፅ ዝኽእል እንተኾይኑ ወይ ብዝኾነ ዓይነት ምስኣን እምነት ወይ ብካልእ ሜላ ጥርጣረ ብምግፋሕ ስግኣት ዘጋፈሐ ወይ ተግባር ሓይሊ ሃይማኖታዊ ወይ ተግባር ሓይሊ ፖለቲካዊ ወይ ዘርኢ ሁከት ዘለዓዓለ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ክልተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ቀሊል ማእሰርትን ሓሙሽተ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣ እቲ ገበን ከቢድ ኣብ ዝኾነሉ ግዘ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሸውዓተ ሽሕ ብር ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 41. ብሓሶት ምውንጃል ወይ ምኽሳስ

ዝኾነ ሰብ ኣብ ግልፂ መድረኽ ገምጋም ዘቕረበ እንተይኮነስ፦

1. ካልእ ሰብ ንፁህ ምዃኑ እናፈለጠ ብዘይፈፀሞ ገበን ኣብ በዓል መዚ ቐሪቡ ገበነኛ ዝገበሮ እንተኾይኑ፣ ወይ

2. ብዝኾነ ካልእ ሜላ ብፍላይ ንፁህ ንዝኾነ ሰብ ብዘይፈፀሞ ገበን ክኽሰስ ተሊሙ ገበን ከም ዝፈፀመ ብምምሳል ወይ ሽሙ ከይገለፀ ትኽክለኛ ብዘይኾነ ገበን ንካልእ ሰብ ዝኽሰሰ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 42. ምጉዳል እምነት

1. ዝኾነ ሰብ ግቡእ ዘይኾነ ረብሓ ንምርካብ ወይ ካልእ ሰብ ንክረክብ ብምሕሳብ ናይ ካልእ ሰብ ዝኾነን ንሓደ ዝተወሰነ ኣገልግሎት ወይ ብሓደራ ዝተውሃቦ ዋጋ ዘለዎ ነገር ወይ ጥረ ገንዘብ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ንባዕሉ ዝገበረ ወይ ንካልእ ሰብ ዝገበረ፣ ዝወሰደ፣ ዘውሰደ፣ ዝሰወረ ወይ ንባዕሉ ወይ ንካልእ ሰብ ኣገልግሎት ዘውዓለ ወይ ነዚ ዝመስል ዝኾነ ተግባር ዝፈፀመ እንተኾይኑ ከከም ኩነታቱ ካብ ክልተ ዓመት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. ኣፈፃፀማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 43. ምትላል**

ዝኾነ ሰብ ዘይግቡእ ረብሓ ንባዕሉ ክረክብ ወይ ንኻልእ ሰብ ንኽረክብ ብምሕሳብ ዘሳሓሕቱ ነገራት ብምዝራብ፣ ናይ ባዕሉ መንነት ወይ ኩነታት ብምስዋር ወይ ክገልፅ ዝግበኦ ብምሕባእ ወይ ናይ ካልእ ሰብ ዝተሳሓሓተ እምነት ወይ ግምት ብምጥቃም ወይ ብምፍፃም ኮነ ብዘይምፍፃም ንካልእ ሰብ ኣታሊሉ ናይ ባዕሉ ወይ ናይ ሳልሳይ ወገን ናይ ንብረት ጥቕሚ ዝጎድእ ተግባር ንክፍፀም ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ክልተ ዓመት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ፣ ኣፈፃፀማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 44. ምዕናው ሃፍቲ ህዝቢ**

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ሃፍቲ ዝኾነ ሰብ ዝተፈላለዩ ሜላታት ተጠቒሙ ዘዕነወ ወይ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ዝገበረ ወይ ዘቃፀለ ወይ ዘበላሸወ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዓሰርተ ሽሕ ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ብርን ተቐፂሩ እዋናዊ ግምት ዋጋ ዕዳጋ እቲ ዘዕነዎ ንብረት ይኸፍል፣

2. እቲ ተግባር ገበን ዝተፈፀመ ብሸለልትነት እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ክልተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ተቐፂሩ እዋናዊ ግምት ዋጋ ዕዳጋ እቲ ዝዓነወ ሃፍቲ ይኸፍል።

**ዓንቀፅ 45. ዘይተማለአ ወይ ልክዕ ዘይኾነ ሓበሬታ ምሃብ**

1. ዝኾነ ሰብ ፀብፃብ ከቕርብ ወይ መግለፂ ክህብ ወይ መግለፂ ክዳሉ ወይ ቅጥዒ ሰነድ ኣገልግሎት ክመልእ ግቡእ ወይ ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ ኮነ ኢሉ ዘይተማለአ ወይ ልክዕ ዘይኮነ ሓበሬታ ዝሃበ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣

2. እቲ ገበን ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳብ ሓደ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሓሙሽተ-ሽሕ ብር ክሳብ ሽውዓተ ሽሕ ብር ይቅፃዕ።

**ዓንቀፅ 46. ሓደጋ ዘይምሕባር**

1. ዝኾነ ሰብ ስጉምቲ ክውሰደሉ ዝግባእ ሓደጋ ምህላዉ እናፈለጠ ኣብ ቀረብኡ ንዝርከብ ኣመራርሓ ወይ ኣካል ምምሕዳር ዘየፍለጠ፣ነቲ ሓዳጋ ዝሓብእ ወይ ብውልቀ ወይ ብኸበቢ ዘድሊ ጥንቃቐን ምድላውን ዘይገበረ ወይ እቲ ሓደጋ ንኸትርፍ ትእዛዝ ተዋሂብዎ ዘይተዳለወ ወይ ነቲ ዝተውሃበ ትእዛዝ ብዘይምኽባር ኮነ ኢሉ ዝፈፀመን እዚ ተግባር ኣብ ንብረት ህዝቢ ፣መንግስቲ ዓብዪ ሓደጋ ዘብፀሐ እንተኾይኑ ከከም ክብደት እቲ ገበን ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ካብ ስሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ይቅፃዕ፣

2. እቲ ተግባር ገበን ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ክልተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ዒስራ ሽሕ ብር ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 47. ምእዳም ወይ ምዕማፅ**

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ምስ ካልኦት ሰባት ብምኧን ዝምልከቶም ሰብ መዚ ንዝሃብዎ ትእዛዝ ወይ መምርሒ ንዘይምፍፃም ወይ ንዝምልከቶ ሓላፊ ወይ ሕጋዊ ወይ ምምሕዳራዊ ውሳነ ብምቅዋም ዝዓመፀ ወይ ዝኣደመ ወይ ብክፉእ ልቦና ንዓመፅን ኣድማን ዝተንቀሳቐሰ ወይ ዝተሓነየ ወይ ተግባር ሓይሊ ዝፈፀመ ወይ ንክፍፀም ዝመርሐ ወይ ዘተሓባበረ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣

**ዓንቀፅ 48. ምሕባእ ወይ ዘይምርካብ ወታደራዊ ዕጥቂ**

ዝኾነ ሰብ ብዝምልከቶ በዓል መዚ መንግስቲ ትግራይ ክይተፈቐደሉ ዝኾነ ዓይነት ወታደራዊ ዕጥቂ ወይ ናውቲ ዝሓዘ ወይ ዝሓብአ ወይ ንመንግስቲ ትግራይ ዘየረከበ ወገን ክይጥቀመሉ ወይ

ብዝኾነ ካልእ ምኽንያት ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር ተቐፂዑ ኢቲ ኣፀዋር ወይ ናውቲ የረክብ ወይ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ እንተኾይኑ እዋናዊ ግምት ዋግኡ ይኸፍል።

## ዓንቀፅ 49. መውቃዕቲ

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ኣብ ሂወት ወይ ኣካል ዘላቒ ዝኾነ ጉድኣት ከይብፅሐ ተግባር መውቃዕቲ ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣

2. ፈፃሚ ገበን እቲ ተግባር መውቃዕቲ ከም ኣመል ወይ ከም ባህሪ ገይሩ ዝወሰዶ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ክሳብ ዒስራ ሽሕ ብር ዝበፅሕ መቕፃዕቲ ገበን ይቕፃዕ፣

## ዓንቀፅ 50. ምጥፋእ ወይ ምስዋር መንግስታዊ ሰነድ

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ መንግስታዊ ሰነድ ዘጥፍአ  ወይ ጉድኣት ክበፅሕ ዝገበረ ወይ ዝቕደደ ወይ ዘጥፈአ ወይ ኣብ ጥቕሚ ከይውዕል ዝገበረ ወይ ዝሰረዘ ወይ ዘበላሸወ እቲ ተግባር ቀሊል እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሸውዓተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ፣ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 51. ምሽጥር ምብኻን ወይ ብኣግባቡ ዘይምምሕልላፍ

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ብዝመርሖ ወይ ሓላፍነት ብዘለዎ ኣካል ብቃል ወይ ብፅሑፍ ወይ ብምልክት ወይ ብካልእ ሜላ መተሓላለፊ መልእኽቲ ወይ ትእዛዝ ንባዕሉ ወይ ንነበርቲ ከባቢኡ ብምሽጥር ዝተመሓላለፈ ትእዛዝ ወይ ምሽጥር ንዘይግብኦ ሰብ ብምግላፅ ወይ ብምልውዋጥ ምሽጥር ዘባኸነ ወይ ብኣግባቡ ነዚ ምሽጥር ክፈልጥ ዝግብኦ ዝምልከቶ ኣካል ዘየመሓላለፈ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን  ካብ ዓሰርተ ሽሕ ክሳብ ዒስራ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣

2. እዚ ተግባር ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 52. ምትሕልላፍ ሓሰተኛ ምልክት ሓደጋ**

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ሓደጋ ኣብዘየለሉ ወይ ዘይተፈጠረሉ ወይ ኣብ ዘይተረጋገፀ ሓሰተኛ ዝኾነ ምልክት ሓደጋ ዘተሓላለፈ እንተኾይኑ ካብ ሸዱሽተ ወርሒ ክሳብ ክልተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ክሳብ ዒስራ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣

2. እቲ ገበን ዝተፈፀመ ብሸለልትነት እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ወርሒ ክሳብ ሓደ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 53. ሕጋዊ ስርሑ ንዘሰርሕ ኣመራርሓ ወይ ኣካል ምምሕዳር ምትዕንቃፍ ወይ ምስንኻል**

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ብውልቁ ወይ ምስ ካልኦት ሰባት ተጎጂሉ ሕጋዊ ስርሑ ንዘሰርሕ ኣመራርሓ ወይ ኣካል ምምሕዳር ስርሑ ወይ ልኡኹ ንከይሰርሕ ወይ ከይፍፅም ንምትዕንቃፍ ወይ ንምስንኻል ብዝኾነ ዓይነት ሜላ ወይ ዝኾነ ዓይነት ተግባር ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሸውዓተ ሽሕ ብር ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣

2. እቲ ገበን ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሸዱሽተ ወርሒ ክሳብ ሓደ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሰለስተ ሽሕ ብር ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 54. ትእዛዝ ዘይምኽባር**

ዝኾነ ሰብ ካብ መርማሪ ወይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝተውሃበ ትእዛዝ ዘይፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ክልተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ይቐፃዕ።

**<u>ንኡስ ክፍሊ ክልተ</u>**

**<u>ስልጣን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ምትሕልላፍ ደንቢ</u>**

**<u>ዓንቀፅ 55. ሕጋዊ ገንዘብ ዘይምቕባል</u>**

ዝኾነ ሰብ ብቑዕ ምኽንያት ከይሃለዎ ዋጋ ብዘለዎ ማዓድን ወይ ወረቐት ዝተሰርሐ ሕጋዊ ገንዘብ ኣይቕበልን እንተይሉ ካብ ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

**<u>ዓንቀፅ 56. ዝወደቐ ወይ ናብ ሓሶት ዝተለወጠ ወረቐት መጓዓዝያ ወይ ትኬት ምጥቃም</u>**

ዝኾነ ሰብ ዝወደቐ ወይ ናብ ሓሶት ብዝተለወጠ ወረቐት መጓዓዝያ ወይ ትኬት ወይ ኣብ ኣገልግሎት ብዝወዓለ ትኬት እንተተጠቂሙ ካብ ሓደ ሽሕ ብር ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

**<u>ዓንቀፅ 57. ዝተጠቀዐ ምልክታ ምቕዳድ ወይ ምልዓል ወይ ምብልሻው</u>**

ዝኾነ ሰብ ብዝኾነ ኩነታት ግልፂ ዝኾነ ሕጋዊ ምልክታታት ወይ ኣብ ኣደባባይ ዝተጠቀዐ ሕጋዊ ምልክታን ሕግታትን ከነ ኢሉ ካብ ዝተጠቀዐሉ ቦታ ዘልዐለ ወይ ዝቐደደ ወይ ዝለወጠ ወይ ዝሰረዘ ወይ ዘበላሸወ ወይ ኣብ ልዕሊኡም ካሊእ ምልክታ ዝለጠፈ ወይ ዘስረሐ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ሽሕ ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

**<u>ዓንቀፅ 58. ብዘየለ ስልጣን ምግልጋል</u>**

1. ዝኾነ ሰብ ብሕጊ ዝሰኣኖ ወይ ንግዚኡ ብቤት ፍርዲ ዝተኸልከሎ ወይ ንሓዋሩ ዝተኸልከሎ ስልጣን፣ ስልጣን ከምዘለዎ ብምምሳል እንተተገልጊሉ ካብ ሓደ ሽሕ ብር ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣ ወይ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

2. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እንተሃለወ'ውን እቲ ተግባር ገበን ግዕዝይና እንተኾይኑ ኣብዚ ዓንቀፅ ዝወድቕ ኣይኸውንን።

**<u>ዓንቀፅ 59. ንበዓል መዚ ዘይምሕጋዝ</u>**

ዝኾነ ሰብ ግቡእ ስርሑ እናፈፀመ ንዝሎ ሰራሕተኛ መንግስቲ ወይ ኣመራርሓ ንዝተወሰነ ዕላማ ወይ ብፍላይ ገበን ምንጋዕ ሰላም ህዝቢ ወይ ካሊእ ፍፃመ ገበን ወይ ምምላጥ ገበነኛ ንምክልኻል

ካብኡ ዝድለ ሓገዝ ክገብር እንትሕተት ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾነ ምኽንያት ከይሃለዎ ወይ ሓገዝ እንትገብር ኣብ ልዕሊኡ ሓደጋ ዘይበፅሕ እናሃለወ እምቢተኛ ክይኑ እንተተረኺቡ ካብ ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 60. ትእዛዝ ዘይምፍፃም ወይ እምቢተኛ ምኳን

ዝኾነ ሰብ ግቡኡን ሓላፍነቱን እናፈፀመ ወይ ሕግን ስርዓትን ንምኽባር ግቡኡ ንዝፍፅም ኣካል፡-

1. ሽሙ፣ ኣድራሽኡ፣ መንነቱ ክነግር እንትሕተት ወይ ሓፈሻዊ ውልቃዊ ኩነታቱ ዝተመልከተ ብዝርዝር ክገልፅ እንትሕተት ወይ፣

2. ጠጠው ክብል ወይ ክንቕሳቀስ ወይ ክለቅቕ ወይ ህዝቢ ካብ ዝመሓለለፈለም ቦታታት ክለቅቕ ወይ ዝሓዞም ነገራት ወይ ሰነዳት ወይ ዘጠራጥሩ ነገራት ከፈትሽ ወይ ካልእ ሕጋዊ ትእዛዝ ክፍፅም እንትእዘዝ እምቢተኛ እንተኾይኑ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 61. ብዘስካሕክሕ ኩነታት እንስሳት ምስቓይ

ዝኾነ ሰብ ህዝቢ ኣብ ዝእከበሉ ቦታ ወይ ኣብዝኾነ ቦታ ብዘሰቅቕኩነታት እንስሳት ዘንገላተዐ ወይ ዘሳቐየ ወይ ዘሰክሕ ተግባር ዝፈፀመ ወይ ኣብ ልዕሊ እንስሳት ዝለዓለ ጉድኣት ዘብፀሐ ወይ እንስሳት ንወዲ ሰብ ክህበኦ ዝግባእ ኣገልግሎት ከይህባ ዝገብር ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 62. ዝተኸልከለ ዕጥቂ ምሓዝን ምግልጋልን

ዝኾነ ሰብ ክሕዞ ወይ ክዓጥቆ ኣብ ዘይተፈቐደ ቦታ ከም ካራ፣ ገጀራ፣ ፌራር፣ፋስ፣ ጭማራ፣ ጎራደ፣ ጩሬ ዝኣመሰሉ ሓደጋ ከብፅሑ ዝኽእሉ ቀለልቲ ዕጥቅታትን መሳርሒታትን ካብ ስራሕ ቦትኡ ወይ ገዝኡ ወፃኢ እንተሒዙ ካብ ክልተ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 63. ኣብ መንገድን መእከቢ ህዝብን ዕንቅፋት ምፍጣር

ዝኾነ ሰብ ዕንቅፋት ክኾን ዝኽእል ወይ ኣብ ልዕሊ ዝሓልፍ ህዝቢ ጉድኣት ከብፅሕ ዝኽእል ወይ ንዝሓልፍ ህዝቢ ምጭንናቕ ዝፈጥሩ ናውቲ ወይ ዝኾነ ዓይነት ኣቕሓ ወይ ንስራሕ ዘገልግሉ ነገራት

ወይ ጉሓፋት ወይ ፅራጋት ህዝቢ ኣብ ዝእከበሉ ቦታ ወይ ዝመሓላለፈሉ መንገዲ ወይ መውፅእን መእተውን ቦታ ዝኾነ ነገር ብምትካል ወይ ብምቕማጥ ወይ ብምንጥልጣል ወይ ብምንጋፍ ወይ ብምድርባይ ወይ ረሳሕ ፈሳሲ ብምፍሳስ ወይ ትእዛዝን ምልክታን ብዘይምኽባር ወይ ክግበር ዝግብኦ ጥንቃቐ ብዘይምግባር ግቡኡ እንተዘይፈፂሙ ካብ ሓደ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 64. ሓደገኛ ነገር ምቑፅፃር

ዝኾነ ሰብ፦

1. ኣብ ዝርገሐ መስመር ኤለክትሪክ ዝፍጠር ሓደገኛ ተግባር ወይ መውፂኢ ትኪ ወይ ጋዝ ወይ መውፂኢ ማይ ወይ ብሓዊ ወይ ኤለክትሪክ ዝሰርሕ ነገርን ቦታን ንምቑፅፃር ንምስራሕ ዘድሊ ጥንቃቐ ዘይገበረ ወይ ነዚ ዝምልከት ትእዛዝን መምርሕን እንተጢሒሱ ወይ፣
2. ኣብ እዋን በዓል ዝቱኮስ ነታጕ ወይ ርችት ወይ ካልእ መፃወቲ ኣብ ዝተኸልከለ ቦታ እንተተተኩሱ ወይ ኣብ ዝቱኮሰሉ ቦታ እንተዘይገይሩ ካብ ሓደ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 65. ምቑፅፃር ጥዕና ሕብረተሰብ

ዝኾነ ሰብ፦

1. ማይን መተሓላለፊ መስመር ማይን ወይ ህዝቢ ኣብ ዝእከበሉ ቦታ ወይ ትካል ወይ መንበሪ ወይ ስራሕቲ ንግዲ ዝካየደሉ ቦታን ገዛን ወይ ፋብሪካ ወይ መፍረይ ትካል ወይ ኢንዱስትሪ ወይ ካልእ ተግባር ዝፍፀመሉ ቦታ ጥዕናን ፅሬትን ጠሚቱ ዝወፀ ሕጊ፣
2. ሕማም ኣእምሮ ወይ ተመሓላለፍትን ተላበድትን ሕማማት ሰብን እንስሳን ብጥንቃቐ ምሕላው ወይ ሰብን እንስሳን ምሕላው ወይ ምእታው ወይ ምሕካም ወይ ምክልኻል ክታበትን ወይ ብዝተፈላለየ መንገዲ ንምክልኻል ዝወፁ ሕግታትን ዝተውሃቡ ትእዛዛትን ዝጠሓሰ ወይ፣
3. ንትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ሺሻ ወይ ጫት ወይ ሽጋራ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ቐሊል መዐወኒ እፅ ዝሃበ ወይ፣

4. ሺሻ ዝተጠቐመ ወይ ዘዘዋወረ ወይ ዝሸጠ እንተኾይኑ፣

5. ብኽለት ከባቢ ንምክልኻል ንምቑፅፃርን ዝወፀ ሕጊ ዝጠሓሰ እንተኾይኑ ካብ[*]ሽድሽተ ወርሒ ክሳብ ሓደ ዓመት ቀሊል ማእሰርትን ዓሰርተ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 66. ምጥሓስ መሰል ውልቃዊ ምሽጥር

ዝኾነ ሰብ ኣብ ውልቀ ሂወት ወይ ናብራ ወይ ደብዳበ ብዝለኣኽ ውልቃዊ ምሽጥር እንተቐሊዑ ወይ እንተገሊፁ ካብ ሓደ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 67. ኣብ ልዕሊ ሰብ ዝፍፀም ሕልፈት ኢድን ቀሊል ተግባር ሓይልን

ዝኾነ ሰብ፡-

1. ንሰብ ከይወቕዐ ወይ ከየቑሰለ ቀሊል ተግባር ምድፋእ ወይ ምትንካፍ ወይ ተመሳሳሊ ሕልፈት ኢድ እንተፈፂሙ፣

2. ኣብ ልዕሊ ካሊእ ሰብ ረሳሕ ማይ ወይ ጉሓፍ ወይ ካልእ ዘፅልእ ወይ ዘርስሕ ነገር እንተደርቢዩ ወይ እንተፍሲሱ ካብ ሓደ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 68. ኣብ ልዕሊ ክብሪ ወዲ ሰብ ዝፍፀም ቀሊል ጥፍኣት

ዝኾነ ሰብ ንካልእ ሰብ ዝተፃረፈ ወይ ዘናሸወ ብፍላይ እቲ ፀርፊ ወይ ምንሻው ከይተጋፈሐ እንተተረፉ ወይ እቲ ዝተበደለ ሰብ እንተዘይተረዲኡዎ ወይ ተበዳሊ ግብረ መልሲ እንተዘይሂቡ ወይ ንተበዳሊ ይቕርታ እንተሓቲቱን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ቕፅዓት ነፃ ክገብሮ ይኽእል፣ ኣድላይ ኮይኑ እንተረኺቡዎ ግን ካብ ሓደ ሽሕ ክሳብ ክልተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 69. መነወሪ ሕቶ ዝሙትን ተግባር ብዕልግናን

ዝኾነ ሰብ፡-

1. ንፀቡቕ ስነ-ምግባር ብዝፃባእ መልክዕ ንፆታዊ ርክብ ንዘይደልዮ ወይ ዘይሓተቶ ሰብ ብምንካእ ወይ ብምድርራዝ እንተሃዋኺ ወይ፣



The Government Of the National State Of Tigrai

2. ፆታዊ ርክብ ክፍፀም ወይ ንፅቡቕ ስነ-ምግባር ተፃባኢ ዝኾነ ተግባር ወይ ብባህሊ ኣፀያፊ ዝኾነ ዓይነት ተግባር ክፍፀም ንሰብ እንተለዓዒሉ ወይ እንተደፋፊኡ ወይ ፣

3. ብዝሙት፣ ብሕብረተሰብ ከምነውሪ ዝውሰዱን ነዝኦም ዝኣመሰሉን ተግባራት ተዋፊሩ ጎረባብቲ ወይ ነበርቲ እቲ ከባቢ ዝሃወኸ እንተኾይኑ ካብ ክልተ ሺሕ ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 70. ሓለዋ ሃፍቲ መንግስትን ውልቀን

ዝኾነ ሰብ፦

1. ብኣግባቡ እንተዘይተፈቒዱ ካብ ህዝቢ ወይ ውልቀ ትሕዝቶ ሓመድ ወይ እምኒ ወይ ዕንፀይቲ ወይ ሑፃ ወይ ሳዕሪ ወይ ኣትኽልቲ ወይ ፍረ ምረ ዝኣመሰሉ እንተወሲዱ፣

2. ኣብዝኾነ እዋን ከይተፈቐደሉ ወይ መሰል ከይሃለዎ ብሓፁር ወይ ብዙሩእ መሬት ወይ ብዝፈረየ መሬት ተኽሊ ቦታ ረጊፁ እንተሓሊፉ ወይ ዘሊሉ እንተኣቲዩ ብእንስሳት ዘቤት እንተርጊፁ ወይ እንተሕሊፉ ወይ እንተብሊዑ ኣብ ልዕሊ ንብረትን ኣቕሑትን ካልእ ሰብ ጉድኣት እንተብፅሑ ብሰለስተ ወርሒ ቀሊል ማእሰርትን ሓሙሽተ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 71. ቀሊል ስርቂ

ዝኾነ ሰብ ብፀገም ወይ ብግዚያዊ ድሌት ወይ ብምንኣስ ሕልና ግምቱ ዝነኣሰ ሃፍቲ ካልእ ሰብ ንግዚኡ ክበልዖ ወይ ክጥቀመሉ ብምሕሳብ እንተሰሪቁ ካብ ሰለስተ ሚኢቲ ክሳብ ሓሙሽተ ሚኢቲ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 72. ምሕባእ ንብረትን ንበዓል መዚ ዘይምፍላጥን

ዝኾነ ሰብ ካልእ ሰብ ዝረሰዖ ወይ ካብ ካልእ ሰብ ዝጠፍአ ወይ ኣብ መሬት ተቐቢሩ ዝተረኽበ ዋጋ ዘለዎ ንብረት ረኺቡ ንዝምልከቶ በዓል መዚ መንግስቲ ትግራይ ከየፍለጠ እንተተረፉ ካብ ሓደ ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፤ እቲ ንብረት ይምልምል ወይ እዋናዊ ግምት ዋጋ ዕዳጋ ይኸፍል።

## ዓንቀፅ 73. ንዝተገልገልካዮ ዘይምኽፋል

ዝኾነ ሰብ ንህዝቢ ኣገልግሎት ክህብ ኣብ ዝተኸፈተ ቤት ብልዒ ወይ ቤት መስተ ወይ ቤት መደቀሲ ወይ ሆቴል ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ትካል ንግዲ ተጠቒሙ ኣይከፍልን እንተይሉ ካብ ሓሙሽተ ሚኢቲ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ተቐፂዑ እቲ ዘይከፈሎ ገንዘብ ይኸፍል።

## ዓንቀፅ 74. ኣገልግሎት ብዘይክፍሊት ምጥቃም

ዝኾነ ሰብ ብክፍሊት ጥራሕ ክርከብ ዝኽእል ኣገልግሎት ምዃኑ እናፈለጠ ብምትላል ብዘይክፍሊት እንተተጠቒሙ ብፍላይ፣

1. ምርኢት ወይ መዘናግዒ ወይ ተዋስኦ ወይ ኤግዚብሽን ወይ ካልእ ንግዲ ኣብ ዝተዳለወ ምድላው ዝኣተወ ወይ፣

2. ሳንቲም ኣእቲኻ ኣብ ዝሰርሑ ማሽናት እንተተገልጊሉ ካብ ክልተ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 75. ብዘይፍቓድ ገንዘብ ምእካብ

ዝኾነ ሰብ ብሽም ትካል ሕጋዊ ብዘይኾነ ፍቓድ ወይ ብቢሮ ትልምን ፋይናንስ ከይተፈቐደሉ ቅብሊት ብምሕታም ወይ ዕድል ሎተሪ ብምድላው ኣብ ኣደባባይ ገንዘብ እንተኣኪቡ ወይ እንተሓቲቱ ወይ ፀዋታ ቁማር ወይ ፀወታ ውርርድ ወይ ብመንግስቲ ትግራይ ዝተኸልከለ ዝኾነ ይኹን ፀወታ ዕድል ኣጣይሹ ዝነግድ ወይ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ፀወታ ወይ ውድድር ዝተሳተፈ እንተኾይኑ ካብ ክልተ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ተቐፂዑ እቲ ዝተኣከበ ገንዘብ ይውረስ።

## ዓንቀፅ 76. ቅፅዓት ገንዘብ ናብ ጉልበት ስራሕ ምልዋጥ

1. ብመሰረት እዚ ደንቢ ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ቅፅዓት ገንዘብ ዝተወሰነሉ ጥፍኣተኛ ክኸፍል ዓቕሚ ከምዘይብሉን ናብ ጉልበት ስራሕ ክልወጠሉ ሕቶ እንተቕሪቡን እዚ እንተተረጋጊፁን ነቲ ቕፅዓት ገንዘብ ዝመጣጠን ኣብ ልምዓታዊ ስራሕቲ እቲ ጣብያ ወይ ኣብቲ ጣብያ ንዝርከቡ ድጋፍ ዘድልዮም ክፋላት ሕብረተሰብ ክድግፍ እቲ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ክልውጦ ይኽእል፣



The Government of the National State of Tigrai

2. ዝተለወጠ ጉልበት ስራሕ ብክትትልን ቁፅፅርን ምክትል ዋና ኣማሓዳሪ ጠብያ ዝፍፀም ይኸውን፣

3. ኣግባብ ምልዋጥ ቅፅዓት ገንዘብ ናብ ጉልበት ስራሕ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

## ክፍሊ ሓሙሽተ

## ዝርዝር ስልጣን ኣብ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ዝወድቑ ገበናትን ኣሰራርሓ ፍሉይ መጋባእያ ኣብያተ ፍርድን

### ዓንቀፅ 77. ስልጣን ዳይነት

1. ፍሉይ መጋባእያ ኣብያተ ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ካብዚ ቐፂሎም ኣብ ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ከባብያውን ስረ-ነገርን ስልጣን ዳይነት ይህልዎም፣

2. ንኣፈፃፅማ እዚ ደንቢ ክበሃል ኣብዞም ዋኒናት ገበን ኣብ ሞንጎ ፍሉይ መጋባእያ ኣብያተ ፍርዲ ዝሀሉ ክፍፍል ስልጣን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብዘውፅኦ መምርሒ ዝውሰን ይኸውን።

### ዓንቀፅ 78. ኣብ ልዕሊ ሕገ-መንግስትን ሕገ መንግስታዊ ስርዓትን ትግራይ ዝፍፀም ገበን

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢን እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ፦

1. ብሓይሊ ወይ ብዓመፅ ወይ ብምፍርራሕ ወይ ሕጋዊ ብዘይኾነ ብዝኾነ መንገዲ ሓሲቡ ብሕገ መንግስቲ ትግራይን ካልኦት ሕግታት ትግራይን ዝተጣየሸ ስርዓት ዘፍረሰ ወይ ንምፍራስ ዝፈተነ ወይ ዝለወጠ ወይ ዝኣገደ ወይ ብሕጋዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፁ ሕግታት ሕጋዊ ብዘይኮነን ስልጣን ከይሃለዎ ክሰዓር ዝገበረ ወይ ዝለወጠ ወይ ካብ ብልፅግና ሹመት ዝተቐበለን ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ትግራይ ክፈርስ ዝሰረሐ ወይ ንምስራሕ ዝፈተነ እንተኾይኑ ብኻልእ ኣብ ስራሕ ዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ብዝተገለፀ ገበን ፍፃመ ኣብ ልዕሊ ድሕንነት ወይ ናብራ ህዝቢ ዝለዓለ ምንጋዕ ዝበፅሐ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 79. ንተግባራዊነት ሕገ መንግስታዊ ስልጣን ትግራይ ምትዕንቃፍ

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ግዘን ብዘየገድስ ብተግባር ሓይሊ ወይ ብምፍርራሕ ወይ ካብ ሕጊ ወፃኢ ብዝኾነ ብኻልእ ብዝኾነ መንገዲ ብሕገ መንግስትን ካልኦት ሕግታትን ትግራይ ስልጣን ዝተውሃቦ ኣካል ወይ በዓል መዚ ስርሑ ከይፍፅም ዘዐንቀፈ ወይ ዝኸልከለ ወይ ኣገዲዱ ውሳነ ክህብ ዝገበረ ወይ ዝፈተነ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 80. ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ሰብ መዝን ትግራይን ንውግእ ምልዕዓል

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱን ዝመፀሉ ከባብን እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ጊዜን ቦታን ብዘየገድስ ኮነ ኢሉ ብሕገ መንግስትን ሕገ መንግስታዊ ስርዓትን ትግራይ ወይ ብኻልኦት ሕግታት ኣብ ልዕሊ ዝተጣየሹ ኣካላት ወይ ሰብ መዚ ወይ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ወይ ሓይሊታት ምክልኻል ሰራዊት ትግራይ ሸፋቱ ብምውዳብ ወይ ብምምራሕ ውግእ ክካየድ ዝገበረ ወይ ንምክያድ ዝፈተነ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. እቲ ዝተፈፀመ ተግባር ገበን ኣብ ልዕሊ ድሕንነት ወይ ናብራ ህዝቢ ትግራይ ዝለዓለ ምንጋዕ ዘስዓበ እንተኾይኑ እቲ ፈፃሚ ገበን ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

3. ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ብዝተደንገገ መሰረት ኣብ ዝተወደበ ወይ ኣብ ዝተለዓዓለ ምንቅስቓስ ብናይ ባዕሉ ፍቓድ ዝተኻፈለ ወይ ዝመረሐ ወይ ዝወደበ እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ፡፡

## ዓንቀፅ 81. ሓድነት ግዝኣትን ፖለቲካን መንግስቲ ትግራይ ብምጥሓስ ዝፍፀም ገበን

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከባቢ ወይ ነቲ ገበን ዝፈፀመሉ ጊዜን ቦታን ብዘየገድስ ዓለም ለኸ መትከላት ሕጊ ፣ ደንብታት ወይ ስምምዕነታት ወይ ሕገ መንግስትን ካልኦት ሕግታት መንግስቲ ትግራይ ብምጥሓስ፡-

1. ንደሕንነት ህዝቢ ትግራይ ዘስግእ ተግባር ንምፍፃም ናብ ሕገ መንግስታዊ ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ዝኣተወ ወይ ንምእታው ዝፈተነ ወይ ካልኦት ንክኣትዉ ዘለዓዓለ ወይ ዝወደበ ወይ ዝመረሐ እንተኾይኑ፣ ወይ

2. ኣብ ስልጣን መንግስቲ ትግራይ ኣብ ዝኾነ ተግባር ኣትዩ ንመንግስታት ወፃኢ ዓዲ ወይ ትካል እናሰርሐ እንተተረኺቡ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ ፣ወይ

3. ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ፡፡

## ዓንቀፅ 82. ኣብ ልዕሊ ልኡላውነት ትግራይ ዝፍፀም ገበን

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ፣

1. ልኡላውነት ትግራይ ኣብ ሓዳጋ ንምውዳቕ ወይ ሉኣላውነታ ንክትስእን፣



the National State Of Tigrai

4. ፍሉይ መጋበእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ካብ ወረዳ ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ብይግባኣኒ ዝመፅኡ ዋኒናት ይግበኣኒ ጋበንን ቅፅዓቶም ልዕሊ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ማእሰርቲ ክሳብ ዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ወይ ቅፅዓት ሞት ዘቕፅዑ ገበናት ሪኡ ክውስን ስልጣን ኣለዎ፣

5. ፍሉይ መጋበእያ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ካብ ፍሉይ መጋበእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዝመፅኡ ዋኒናት ይግበኣኒ ሪኡ ክውስን ስልጣን ኣለዎ፣

6. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3፣ 4፣ 5 እንተሃለወ'ውን ካብ ዓንቀፅ 111 ክሳብ ዓንቀፅ 128 ዝተገለፁ ገበናት መጠን ቅፅዓቶም ብዘየገድስ ከከም ኣግባብነቱ ኣብ ፍሉይ መጋበእያ ዝረኣዩ ይኾኑ፣

7. ፍሉይ ሰበር መጋበእያ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብፍሉይ መጋበእያ ኣብያተ ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ዝተፈፀመ መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ሓሙሽተ ዳያኑ ኣብ ዝተሰየሙሉ መጋበእያ ብሙሉእ ወይ ብኣብዝሓ ድምፂ ዝሃበ ውሳነ መወዳእታን ገዛእን ይኸውን ፣

8. ብውክልና ንላዕለዋ ቤት ፍርዲ ተዋሂቡዎ ዝነበረ ስልጣን ንማእኸላይ ቤት ፍርዲ፣ ንማእኸላይ ቤት ፍርዲ ተዋሂቡዎ ዝነበረ ስልጣን ውክልና ንወረዳ ቤት ፍርዲ ተዋሂቡ ዝስርሑሉ ይኸውን፣

9. ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

2. ልኡላውነት ትግራይ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ መንግስቲ ወፃኢ ኢዱ ንኸእቱ ዝደፋፍአ ፣ ወይ

3. ብመንግስቲ ወፃኢ ተግባር ፅልኣት ኣብ ልዕሊ ትግራይ ክፍፀም ወይ ትግራይ ምስ መንግስቲ ወፃኢ ክትዋጋእ ወይ ተግባር ፅልኣት ንክፍፀማ ወይ ብፀላእቲ ክትክበብ ወይ ንኽትትሓዝ ብምሕሳብ ዝኾነ ተግባር ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ፣ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ብዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 83. ዝለዓለ ገበን ክድዓት

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ሀልውናን ደሕንነትን ወይ ረብሓ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ብምክሓድ ወይ ንፀላኢ ኣሕሊፉ ክህብ ዓሊሙ ዝኾነ ምሽጢራዊ ሰነድ ፣ኩነታት መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ንፀላኢ ዘቐበለ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኮይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ስሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣

2. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ፈፃሚ ገበን ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 84. ክድዓት

1. ዝኾነ ሰብ ረብሓን ጥቕምን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ንከይሕሎ ምሽጥር ወይ ሰነድ መንግስቲ ወይ ሰራዊት ትግራይ፣ ወይ ጉዳይ ምልእኣኽ ወይ ምሽጥራዊ ውሳነ መንግስቲ ትግራይ ብዘይኣገባብ ንህዝቢ ዝገለፀ ወይ ንወፃኢ ዓዲ መንግስቲ ፣ውድብ ፖለቲካ ፣ ካልእ ትካል ወይ ወኪል ዝገለፀ ወይ ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ዘመሓላለፈ፣ ወይ ብግልፂ ክዝረብ ዝገበረ፣ ወይ

2. ደሕንነት ወይ ልኡላውነት ወይ መሰረታዊ ጥቕምታት ትግራይ ዝጥምቱ ሰነዳት ወይ ፅሑፋት ወይ መረዳእታታት ዘበላሸወ ወይ ዘጥፍአ ወይ ዝሓብአ ወይ ክጠፍእ ዝገበረ ወይ ናብ ሓሰት ዝለወጠ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኮይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

3. እቲ ዝተፈፀመ ተግባር ህልውናን ደሕንነትን ትግራይ ወይ ነፃነት ትግራይ ብቐጥታ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚነት ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**<u>ዓንቀፅ 85. ክድዓት ኢኮኖሚ</u>**

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ረብሓ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣብ ሓደጋ ከውድቕ ሓሲቡ፦

1. ንትግራይ ወይ ሰራዊት ትግራይ ጥቕሚ ክበሃል ብምሽጥር ዝሕሎ ኢኮኖሚያዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ርክብ ምልእኣኽ ፣ውሳነ፣ ዝተፈፀመ ተግባር ወይ ሚሽጥራዊ ሰነድ ብዘይኣግባብ ንህዝቢ ወይ ዜጋ ወፃኢ ዓዲ ዝኾነ ሰብ ዝገለፀ፣ ኣሕሊፉ ዝሃበ፣ ወይ

2. ክሕልዎም ወይ ክዕቅቦም ብሓላፍነት ዝተውሃብዎ ኣቕሑት፣ መሰርሕታት ወይ ነዚኦም ዝኣመሰሉ ካልኦት ነገራት ዝገለፀ ወይ ኣሕሊፉ ዝሃበ፣ ወይ

3. ምስ ትግራይ ውግእ ዝገብር ፀላኢ ዕላምኡ ንኽሳኽዕ ኣብ ዝፀወዖ ሓገዝ ልቓሕ ዝተሳተፈ ወይ ገንዘብ ዝሃበ ወይ ዝኸፈለ ወይ ካልእ ሰብ ንኽሕግዝ ወይ ንኽኽፍል ዘለዓዓለ ወይ ነቲ ልቓሕ ዝውዕል ገንዘብ ወይ ንብረት ዘዋፀአ ወይ ክዋፅእ ዝገበረ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኮይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።



The Government Of the National State Of Tigrai

## ዓንቀፅ 86. ምስ ፀላኢ ምትሕብባር

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣብ ውግእ ወይ ኩናት ኣብ ዘለውሉ ጊዜ ወይ ሉኣላዊ ሕገ-መንግስታዊ ግዝኣታ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ብፀላኢ ኣብ ዝተወረረትሉ እዋን ዕላማ ፀላኢ ንኽሳኻዕ ብምሕሳብ ብምምኻር ወይ ብምምራሕ ወይ ብምውፋር ወይ ብምምልማል ከነ ብተግባር ንፀላኢ ዝደገፈ እንተኾይኑ፣ ብፍላይ፦

   ሀ. ኮነ ኢሉ ዕላማ ፀላኢ ንኽሳኽዕ ኣብ ሲቪላዊ ወይ ምምሕዳራዊ፣ ኣብ ቤት ፍርዲ፣ ፖሊስ፣ ቤት ህንፀት፣ ሓለዋ፣ ትራንስፖርት ወይ ኣብ ካልእ ነዚኣም ዝኣመሰሉ ዘርፍታት ስራሕ ተዋፊሩ ንፀላኢ ዘማኸረ ወይ ዝደገፈ ወይ ዝመርሐ እንተኾይኑ፣ ወይ

   ለ. ካብ ቁፅፅር ፀላኢ ከምልጡ ዝደልዩ ተዋጋእቲ ሰራዊት ትግራይ ወይ ህዝባዊ ዕጡቕ ትግራይ ወይ ሰብ መዝን ፖለቲካዊ ኣመራርሓን ትግራይ ወይ ተፈናቒልቲ ዝኾኑ ኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ ወይ ቁስላት ንፀላኢ ዘቃልዐ ወይ ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ምሽጢር ፀላኢ ንኽይቃላዕ ዝሓበአ ወይ ንዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ትግራይ ሓበሬታ ዘይሃበ እንተኾይኑ፣ ወይ

   ሐ. ንፀላኢ መሪሑ ንዝኾነ ሰብ ዘቕተለ ወይ ገዛን ንብረትን ኣባላት ሰራዊት ትግራይ ወይ ህዝባዊ ዕጡቕ ትግራይ ወይ ሰብ መዝን ፖለቲካዊ ኣመራርሓን ትግራይ ወይ ሃፍቲ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ዝኾነ ዓይነት ንብረት ንፀላኢ ብምምራሕ ክቃፀል ወይ ክዓኑ ወይ ክውረስ ወይ ብፀላኢ ክውሰድ ዝገበረ ወይ ባዕሉ ዝዘረፈ ወይ ክዝረፍ ዝገበረ ወይ ቤተሰብ ሰራዊት ትግራይ ወይ ህዝባዊ ዕጡቕ ትግራይ ወይ ሰብ መዝን ፖለቲካዊ ኣመራርሓን ትግራይ እዮም ብምባል ንፀላኢ ሓበሬታ ብምሃብ ክእሰሩ ወይ ክግረፉ ወይ ክንገላትዑ ወይ ክጭወዩ ዝገበረ ወይ ፀላኢ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ገበን ኣገዲድካ ምድፋር ንኽፍፀም ኩነታት ዘመቻቸወ እንተኾይኑ ወይ ፀላኢ ብሰራዊት ትግራይ ንኽይጥቃዕ ንፀላኢ ሓበሬታ ዝሃበ ወይ መንገዲ ዝሓበረ ወይ ፀላኢ ንኽይጥቃዕ ኣሰላልፋ ሰራዊ ትግራይ ንፀላኢ መረዳእታ ዝሃበ ወይ ሰራዊት ትግራይ ብፀላኢ ንኽጥቃዕ ንሰራዊት ትግራይ ግጉይን ዝተዛበዐን ሓበሬታ ኣሰላልፋን ኣወፋፍራን ፀላኢ ዝሃበ ወይ ዕጥቂ ንፀላኢ ንኽረክብ ኣብ ዝኾነ ቦታን ጊዜን ብዝኾነ ዓይነት ሜላ ተጠቒሙ ዘለዓዓለ፣ ወይ

መ. ዕላማ ፀላኢ ኣብ ዘሰኽዕ ወይ ረብሓ ወራሪ ሓይሊ ኣብ ዘሰጉም ስራሕ ፕሮፓጋንዳ ወይ ፕረስ ወይ ኣብ ካሊእ መራኸቢ ሓፋሽ ዝተሳተፈ፣ወይ

ረ. ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ኣብ መዳይ ኢኮኖሚ ምስ ፀላኢ ሓቢሩ ዝሰርሐ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘለው ካልኣት ሕግታት ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ፣ ወይ ኣፈፃፀማ እቲ ገበን ከቢድ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ፊደል ሀ ክሳብ ፊደል ረ ዝተደንገገ እንተሃለወ 'ውን ኮነ ኢሉ ዕላማ ፀላኢ ንምስኻዕ ብምሕሳብ እንተዘይኮይኑስ ኣብ እዋን ብልፅግና ኣብ መንግስታዊ ስራሕ ንዝተዋፋረ ወይ መሃያ ተኸፊልዎ እዩ ብዝብል ሰራሕተኛ መንግስቲ ብገበን ምስ ፀላኢ ምትሕብባር ተሓታቲ ምግባር ኣይከኣልን፣

3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ከይኑ ዝተረኽበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**<u>ዓንቀፅ 87. ስለላ</u>**

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከበቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ንፀላኢ መንግስቲ ወይ ውድብ ፖለቲካ ወይ ንዝኾነ ፀላኢ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ወይ ዝኾነ ትካል ጥቕሚ ክበሃል ኣብ ትግራይ፣ ኣብ ትካላት ትግራይ፣ ብሕጋዊ መንገዲ ዝንቀሳቐስ ውድብ ፖለቲካ ትግራይ ወይ ኣብ ተጋሩ ጉድኣት ብዘብፅሕ ኩነት፦

ሀ. ኣብ ስራሕ ፖለቲካ፣ ዲፕሎማሲ፣ ወታደራዊ ወይ ስራሕ ኣገልግሎት ስለላ ኢኮኖሚ ዝወደበ፣ ዝመርሐ፣ ኣብዚ ስራሕ ዝተሳተፈ፣ ወይ ዝደገፈ ወይ ነዚ ኣገልግሎት ዕላማ ንካልእ ሰብ ዝመልመለ ወይ ዝቖፀረ እንተኾይኑ፣ ወይ

ለ. ነዚ ስለላ ዘገልግል ሓበሬታን መረዳእታን ዝኣከበ ወይ ዘመሓላለፈ ወይ ክርከብ ዝገበረ ወይ ብምሽጥር ዝሕለውን ብግልፂ ብህዝቢ ዘይፍለጥ ሓበሬታን መረዳእታን ብፀላኢ መንግስቲ



Government Of the National State Of Tigrai

ወይ ብውልቀ ንዝተጣየሹ ኣብያተ ዕዮ ወይ ንወከልቶም ክግለፅ ዝገበረ እንተኾይኑ እቲ ተግባር ስለላ ኣብ ልዕሊ ጥቕሚ መንግስትን ህዝብን ትግራይ ጉድኣት ብዝዘምፅእ ኩነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘለዉ ሕግታት ብዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

2. እቲ ተግባር ስለላ ኣብ መንግስቲ ትግራይ ወይ ሓይልታት ፀጥታን ሰራዊት ትግራይን ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

3. ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ብፍላይ ኣብ እዋን ውግእ ወይ ስግኣት ውግእ ኣብ ዘለሉ ግዜ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ትግራይ ተግባር ስለላ ፖለቲካ ወይ ዲፕሎማሲ ወይ ወታደራዊ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ትግራይ ዝፈፀመን ንምፍፃም ዝፈተነን እንተኾይኑን፣ እቲ ስለላ ንህልውናን ደሕንነትን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣብ ዘስግእ ኩነት ኣብ ዝርከበሉ እዋን ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ብዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 88. ምፅናት ህዝቢ ትግራይ

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ኣብ እዋን ሰላም ኮነ እዋን ውግእ ንህዝቢ ትግራይ ወይ ኣባላት ኣብ ትግራይ ዝንቀሳቐሱ ውድባት ፖለቲካ ወይ ትካላት ሃይማኖት ብሙሉእ ወይ ብዝተወሰነ ክፅንት ብምሕሳብ ነቲ ተግባር ጥፍኣት ብምልዕዓል ወይ ብምውዳብ ወይ ትእዛዝ ብምሃብ ወይ ነቲ ተግባር ምፅናት ህዝቢ ትግራይ ብምፍፃም ወይ ብምምራሕ፦

1. ብዝኾነ ኩነት ኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ ዝቐተለ ወይ ኣካላዊ ወይ ሕልናዊ ጥዕና ዝጎድእ ወይ ኣካላዊ ጉድኣት ዘብፅሐ ወይ ዘጥፈአ እንተኾይኑ፣ ወይ

2. ማሕበረሰብ ትግራይ ብዘርኢ ንኽይፋረ ወይ ብሂወት ከይነብር ንምግባር ዘኽእል ተግባር ብዝኾነ ሜላ ዝፈፀመ ወይ ብውልቀ ወይ ብጉጅለ ተግባር ኣገዲድካ ምድፋርን ፆታዊ መጥቃዕቲን ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ዝፈፀመ ወይ ዘይድሕን ሕማም ዘመሓላለፈ እንተኾይኑ፣ ወይ

3. ንኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ ወይ ህፃናት ትግራይ ብሓይሊ ወይ ብግዲ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዘዘዋወረ፣ ዘፈናቐለ ወይ ዝበተነ ወይ ክሞቱ ወይ ክጠፍኡ ኣብ ዝኽእሉሉ ኩነታት ናብራ ክነብሩ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 89. ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ትግራይ ዝፍፀም ገበን ውግእ

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ኣብ እዋን ውግእ ወይ ጎንፂ ውግእ ወይ ፀላኢ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ወራር ኣብ ዘካየደሉ ግዜ ንዓለም ለኸ ሕግን ድንጋገታትን ዓለም ለኸ ሕግታት ሰብኣውነትን ብምጥሓስ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ትግራይ ጉድኣት ንምብፃሕ ብምውዳብ፣ ብምእዛዝ ወይ ብምምራሕ ወይ ነቲ ተግባር ብምፍፃም ወይ ብዝኾነ ካልእ መንገዲ፡-

1. ሰብ ዝቐተለ ወይ ዘሳቐየ ወይ ኢሰብኣዊ ብዝኾነ መንገዲ ዝሓዘ ወይ ዘጉላእልአ ወይ ስነ ህይወታዊ ፈተናታት ዝገበረ ኣብ ልዕሊ ኣካል ወይ ኣእምሮ ወይ ጥዕና ትግራዋይ ከቢድ ስቃይ ወይ ጉድኣት ከብፅሕ ዝኽእል ካልእ ተግባር ዝፈፀመ እንተኾይኑ፣ ወይ

2. ገንዘብ ዋጋ ከይህልዎ ብምግባር ወይ ዋግኡ ክትሕት ብምግባር ብምኽሳር ወይ ሓሰተኛ ገንዘብ ብምሕታም ወይ ብዝተወደበ ትልሚ ገንዘብ ብምውራድ ወይ ብዝኾነ ኩነት ሓሲቡ ንህዝቢ ትግራይ ንጥምየት ዘቃለዐ ወይ ንፀገም ዘሳጠሐ ወይ ናብራ ህዝቢ ትግራይ ዘናገዐ እንተኾይኑ፣ ወይ



The Government Of the National State Of Tigrai

3. ንህዝቢ ትግራይ ብሓይሊ ካብ መንበሪኡን መሬቱን ክፈናቐል ወይ ክብተን ዝገበረ ወይ ብዝተወደበ ካብ ዝነብረሉ ከባቢ ዘውፅአ ወይ ናብ ካልእ ቦታ ወይ ግዑእ ስራሕ ናብ ዝፍፀመሉ ቦታ ብምልኣኽ ክእሰሩ ዝገበረ፣ ወይ

4. ኣብ ፀላኢ ኣገልግሎት ስለለ ወይ ሓይልታት ውግእ ወይ ኣብ ምምሕዳራዊ ስራሕ ተመልሚሉ ከገልግል ዘገደደ ወይ ዝሓበለ ወይ ዝደፋፍአ፣ ወይ

5. ንዝሙት ሓዳርነት፣ ተግባር ብዕልግና ወይ ንተግባር ድፍረት ግብረ ስጋ ንኽፍፀም ዘገደደ፣ ወይ

6. ተግባር ምፍርራሕ ወይ ራዕዲ ዝፈፀመ ወይ ብመትሓጃ ዝጨወየ ወይ ጅምላዊ ቅፅዓት ዘንበረ ወይ ተግባር ሕነ ምፍዳይ ዝፈፀመ እንተኾይኑ፣ ወይ

7. ብሓይሊ ትግራዋይነቱ ክስእን ወይ ሃይማኖቱ ክልውጥ ዝገበረ፣ ወይ

8. ንብረት ዝወረሰ ወይ ዘዕነወ ወይ ንበዕሉ ዝገበረ ወይ ዘይሕጋዊ ወይ ግዑእ ዘይኾነ ግብሪ ወይ ቀረፅ ዝወሰነ፣

9. ምግብን ምግቢንምፍራይ ዝውዕል ቦታ ሕርሻ ወይ ዘራእትን እንስሳት ዘቤትን ወይ ኣገልግሎት መስተ ማይን ስራሕቲ መስኖን ወይ ንብረት፣ ትካላት ጥዕና ወይ ትካላት ትምህርቲ ዝወረሰ ወይ ዘፍረሰ ወይ ዘጥፈአ ወይ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ክኾኑ ዝገበረ ወይ ንበዕሉ ክኾኑ ዝገበረ፣ ወይ

10. ታሪኻዊ ሓወልትታት ወይ ስራሕቲ ስነ- ጥበብ ወይ ቦታታት ኣምልኾን እምነትን ዘዕነወ ወይ ዝወሰደ ወይ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ዝገበረ ወይ ንበዕሉ ዝገበረ፣ ወይ ኣብ ልዕሊኦም ተግባር ሓይሊ ዝፈፀመ ወይ ነዚኦም ኣብ ወታደራዊ ዕላማ ዘውዓለ ፣ ወይ

11. ፀላኢ ኣብ ዝተቖፃፀሮ ቦታ ናይ ዝነበሩ ሰላማዊ ተጋሩ ኣልባሳት ወይ መደቀሲ ወይ መፅለሊ ወይ መድሓኒት ወይ መገልገሊ ሕክምና ወይ ንናብራ ኣድላይቲ ዝኾኑ ኣቕሑት ዘየቕረበ ወይ ክቐርበሎም ዘይገበረ እንተኾይኑ፣ ወይ

12. ቅድሚ ጎንፂ ውግእ ምፍጣሩ ኣብ ዝተሰደዱ ወይ ንነበርቲ ተጋሩ ዘጥቀዐ ፣ ዘፈናቐለ፣ ክጠፍኡ ዝገበረ ወይ ብኣግባቡ ዘይሓዘ እንተኾይኑ ፣ ወይ

13. ኣብ ትግራይ ዝተጋፈሐን ንነዊሕ እዋን ዝፀንሐን ኣብ ተፈጥሮ ከባቢ ከቢድ ጉድኣት ከብፅሕ ብዝኽእል መሳርሒ ወይ ሜላ ብምጥቃም ጥዕና ክህወኽ ዝገበረ፣ ወይ

14. ብሕጊ ካብ ዝተጣየሸ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ወይ ብሕጋዊ መንገዲ ስልጣን ዝተውሃበ ኣካል ወፃኢ ቅፅዓት ዝወሰነን ዘፈፀመን ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ፣ ወይ ኣፈፃፀማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

15. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 90. ንፀላኢ ምሕባእ**

1. ዝኾነ ሰብ ብዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ትግራይ ወይ ሓይሊ ምክልኻል ሰራዊት ትግራይ ወይ ህዝባዊ ዕጡቕ ትግራይ ንከይረኽበ ኮነ ኢሉ ኣብ ተግባር ምሕባእ ፀላኢ ወይ ፀላኢ ዝጥቀመሎም ናውቲ ዝሓብአ ወይ ንምሕባእ ዝፈተነ ወይ ንምሕባእ ዝተሓባበረ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካልእ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ስሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚእቲ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣

2. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 91. ሽፍትነት ወይ ክትራን**

1. ዝኾነ ሰብ ግቡእ ዘይኾነ ረብሓ ንባዕሉ ክረክብ ወይ ንካልእ ሰብ ንኸርክብ ሓሲቡ ንብረት ካልእ ሰብ ዝኾነ ተንቀሳቓሲ ኣቕሓ ንምውሳድ ክጥዕም ወይ ኣብ ዝወስደሉ ግዜ ይኹን ድሕሪ ምውሳዱ ንዝገጥሞ ተቓውሞ ውፅኢታውነቱ ንምትራፍ እንትብል ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ



The Government Of the National State Of Tigrai

ተግባር ሓይሊ ምንግልታዕ ዝፈፀመ ወይ ብዝኾነ ካልእ መንገዲ ነዚ ሰብ ምክልኻል ከይኽእል ዝገበረ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውሀብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 92. ከቢድ ሽፍትነት ወይ ክትራን

ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 91 ዝተደንገገ ተግባር ገበን ዝፈፀመ ብፍላይ ፦

1. ኣብ ልዕሊ ሰባት ወይ ኣብ ልዕሊ ንብረት ተግባር ሓይሊ ንምፍፃም ብዝተወደበ ኣባል ጉጅለ ሽፍታ ወይ ከታሪ ብምኳን እንተኾይኑ ፣ ወይ

2. ንተበዳሊ ክቕትለካ እየ ኢሉ ብርግፅ ሓደጋ ሞት ከምዘብፅሖ ብምሕናይ ብመሳርሒ ውግእ ወይ ብካልእ ሓዳገኛ መሳርሒ ብምፍርራሕ ወይ ስቓይ ብዘብፅሕ ኩነት ዘንገላተወ ወይ ከቢድ ጉድኣት ኣካል ዘብፅሐ እንተኾይኑ፣ ወይ

3. ብፍላይ ሓደገኛነቱ ብዘርኢ ብዝኾነ ካልእ ኩነታት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውሀበ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

4. እቲ ተግባር ፍፃመ ገበን ንምፍፃም ምስ ዝተወደበ ጉጅለ ብምኳን ወይ ብዝተፈለየ ጭካነ ብዘርኢ ኩነት ወይ ዘላቒ ጉድኣት ኣካል ወይ ሞት ዘስዓበ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

5. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 93. ዝርፍያ ወይ ውራ**

1. ዝኾነ ሰብ ዝርፍያ ወይ ውራ ዝፈፀመ ብፍላይ ንሂወት ህዝቢ ወይ ንኢኮኖሚ ወይ ዕብየት ትግራይ ዝለዓለ ረብሓ ዝሀብ ምግቢ ወይ ስንቂ ወይ ዝዕደሉ አቕሑት መሳርሕታት ወይ ካልእ ንብረት ዝዘረፈ ወይ ዝወረረ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካልእ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህበ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 94. ግፍዓዊ ቅትለት**

ዝኾነ ሰብ ፦

1. ሰብ ንምቕታል ኣቐዲሙ ዝነበሮ ሓሳብ ወይ ምኽንያት ወይ ንምቕታል ዝተጠቐመሉ መሳርሒ ወይ ሜላ ወይ ኩነታት ኣቀታትልኡ ወይ እቲ ቅትለት ዝተፈፀመሉ ኩነት ቕፅዓት ብዘኽብድ ሓፈሻዊ ምኽንያት ወይ ካልእ ምኽንያት እንትርከብ ብፍላይ ቀታሊ ጨካን ወይ ነውራም ወይ ሓደገኛ ምኳኑ ብዝገልፅ ኩነት፣ ወይ

2. ሰብ ንምቕታል ወይ ገበን ክትራን ወይ ሽፍትነት ንምፍፃም ምስዝተወደበ ኣባል ጉጅለ ሽፍታ ብምኳን እንተኾይኑ፣ ወይ

3. እቲ ቅትለት ካልእ ገበን ንምፍፃም ክትጥዕም ወይ ዝተፈፀመ ገበን ንከይቃላዕ ንምግባር ብምሕሳብ ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

Government Of the National State Of Tigrai

**ዓንቀፅ 95. ተራ ቅትለት**

1. ዝኾነ ሰብ ኣቀታትልኡ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 94 ዝተመልከተ ከቢድ ወይ ኣብ ገበን ሕጊ ዓንቀፅ 541 ከምዝተመልከተ ቀሊል ብዘይከነ ኩነት ሓሲቡ ንካልእ ሰብ ዝቐተለ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 96. ኣገዲድካ ምድፋር**

1. ዝኾነ ሰብ ተግባር ሓይሊ ብምጥቃም ወይ ብኸቢድ ምፍርራሕ ወይ ህልንኣ ክትስሕት ወይ ብዝኾነ ካልእ መንገዲ ክትከላኸል ንከይትኽእል ብምግባር ካብ ሓዳር ወፃኢ ኣገዲዱ ምስ ጓል ኣንስተይቲ ርክብ ግብረ ስጋ ዝፈፀመ ወይ ንምፍፃም ዝፈተነ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. እቲ ገበን ዝተፈፀመ ወይ ንምፍፃም ዝተፈተነ፦

ሀ. እታ ዝተደፈረት ጓል ኣነስተይቲ ዕድሚኣ ካብ ዓሰርተ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ትሕቲ ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመት እንተኸውን፣ ወይ

ለ. ዕድሚኣ ትሕቲ ዓሰርተ ሰለስተ ዓመት ኣብ ዝኾነት ጓልኣነስተይቲ እንተኾይኑ፣ ወይ

ሐ. ኣብቲ ጥፍኣተኛ መረሕነት ወይ ቁፅፅር ወይ ወይ ስልጣን ብዝኾነ መጠወሪ ገዛ ወይ መዋለዲ ቦታ፣ ሕክምና ወይ ትምህርቲ ወይ ፀባይ መአረሚ ወይ መእሰሪ ኣብ ውሽጢ ትካላት መፅንሒ ዝተትሓዙ ሰባት እትርከብ ወይ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ወይ ቁፅፅር ተኸሳሲ እትርከብ ወይ ናቱ ፅግዕተኛ ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ እንትኸውን፣ ወይ

መ. ብዕድመ ምድፋእ ወይ ብኣካል ወይ ኣእምሮ ሕማም ወይ ብድኽመት መንፈስ ወይ ብዝኾነ ካልእ ምኽንያት ባህሪ እቲ ተግባር ወይ እቲ ተግባር ዘስዕቦ ውፅኢት ፈልያ ንምፍላጥ ወይ ንምክልኻል ኣብ ዘይትኽእል ጓል ኣንስተይቲ እንትኸውን ፣ ወይ

ሪ. ብጭካነ ወይ ብምስቓይ ወይ ቁፅርም ካብ ሓደ ንላዕሊ ብዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ ብሕብረት እንትኸውን ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

3. እቲ ተግባር ምድፋር ኣብታ ዝተደፈረት ጓል ኣንስተይቲ ከቢድ ኣካላዊ ወይ ከቢድ ኣእምራኣዊ ጉድኣት ዘብፀሐ ወይ ከቢድ ሕማም ዘመሓላለፈ ወይ ሞት ዘስዓበ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 97. ኣፅዋር ኣብ ኢድ ፀላኢ ክወድቕ ምግባር

ዝኾነ ሰብ ፦

1. ዝኾነ ዓይነት ኣፅዋር ውግእ ንፀላኢ ዘረከበ ወይ ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ሓይሊ ወገን ከይጥቀመሉ ዘበላሸወ ወይ ዝሓበአ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት ካብ ኣገልግሎት ወፃኢ ዝገበረ ወይ ፀላኢ ክጥቀመሉ ብምበል ዝገደፈ ወይ ንባዕሉ ኣረኪቡ ንኻልእ ንኸረክብ ዘለዓዓለ፣ ዘደፋፈረ ወይ ዘፈራረሐ ወይ ፅዕንቶ ዝፈጠረ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘይኮይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ስለሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣

2. እቲ ገበን ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ካብ ዒስራ ሽሕ ብር ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ን (2) ን ዝተደንገገ ሕሉው ኮይኑ ፈፃሚ ገበን ግምት ዋጋ እቲ ኣፅዋር ውግእ ክኸፍል ይግበር፣

4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ፣

5. ዓቃቢ ሕጊ ዘለዎ ሽክሚ ምርዳእ ተኸሳሲ ኣፀዋር ንፀላኢ ከም ዘረከበ ጥራሕ ይኸውን፣ ተኸሳሲ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት እየ ኣረኪበ እንተይሉ ሽክሚ ምርዳእ ዘለዎ ተኸሳሲ ይኸውን።

**<u>ዓንቀፅ 98. ንግዲ ወይ ምዝውዋር ወታደራዊ ኣፅዋር</u>**

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ኣብ ንግዲ ወታደራዊ ኣፅዋር ዝተዋፈረ ወይ ዕላምኡ ብዘየገድስ ኣብ ዝውውር ወታደራዊ ኣፅዋር ዝተዋፈረ ወይ ብፍላይ ናብ ፀላኢ ወይ ከባቢ ፀላኢ ዝርከበሉ ቦታ ዘዋፈረ ወይ ንምዝውዋር ኣብ ምድላው ወይ ኣብ ምዕዳግ ዝተረኸበ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውሀብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ስሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣ እቲ ዝሓዘ ኣፅዋር ወይ ብመሸጣ ኣፅዋር ዝተረኸበ ገንዘብ ይውረስ፣

2. እቲ ዝውውር ኣፅዋር ናብ ፀላኢ ንምውሳድ ዓሊሙ ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ወይ ካብ መንግስትን ሓይልታት ምክልኻል ሰራዊት ትግራይ ንብረት ዝተሰረቐ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት ዝተወሰደ እንተኾይኑ እቲ ኣፅዋር ወይ ብመሸጣ ዝተረኸበ ገንዘብ ምውራስ ከምዘለዎ ኮይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**<u>ዓንቀፅ 99. ምፍንጃር</u>**

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ኣብ ልዕሊ ሰብ ወይ ንብረት ሓደጋ ንምብፃሕ ነዳዲ ወይ ባሩድ ፣ ቦምቢ ወይ ደማሚት ወይ ዝኾነ ካልእ ነዚ ዝመስል ሓደገኛ ነገር ክፍንጀር ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ሓምሳ ሽሕ ብርን ተቐፂዑ በዚ ተግባር ናይ ዝዓነወ ነገር ግምት ዋጋ ይኸፍል፣



Government Of the National State Of Tigrai

2. እቲ ተግባር ምፍንጻር ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝለዓለ ሓደጋ ዘብፅሐ ወይ ኣብ ልዕሊ ሂወት ሰብ ሓደጋ ሞት ዘብፅሐ ወይ እቲ ሓደጋ ናብ ካልእ ከባቢ ዝተጋፈሐ እንተኾይኑ ብዕድሜ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 100. ብሓደራ ዝተውሃበ ሃፍቲ ምብኻንን ኣብ ዝድለ ኣገልግሎት ከይውዕል ምጉታትን

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ከቕምጦ ወይ ክዕቅቦ ወይ ብዝኾነ ኩነታት ኣብ ኢዱ ዝኣተወ ሃፍቲ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ንበዕሉ ወይ ንሳልሳይ ወገን ኣብ ጥቕሚ ዘውዓለ ወይ ንኣገልግሎት ማሕበረ ኢኮኖሚ ወይ ስራሕቲ ፀጥታ ዝውዕል ንብረት ከብፅሕ ወይ ከዋፍር ወይ ከዳዓዕዝ ዝተውሃቦ ሓላፍነት ብኣግባቡ ዘይፈፀመ ወይ ዘዳተተ ወይ እቲ ንብረት ብሙሉእ ወይ ብክፋል ዝሸጠ፣ ክበላሸ ወይ ክባኽን ዝገበረ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካሊእ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህቦ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ኣርብዓ ሽሕ ክሳብ ስሳ ሽሕ ብርን ተቐፂው ግምት ዋጋ እቲ ሃፍቲ ይኸፍል፣

2. ኣፈፃፅማ እዚ ገበን ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 101. ከቢድ ስርቂ

ዝኾነ ሰብ፦

1. ኣብ ውሽጢ ሃይማኖታዊ ስርዓት ዝፍፀመሉ ቦታ ዝርከብ ናይ ሃይማኖት ኣቕሓ ወይ ኣብ ውሽጢ ቤተ መዘክር ወይ ንህዝቢ ክፉት ኣብ ዝኾነ ሀንፃ ወይ ዝተቐመጠ ሳይንሳዊ ወይ ኪነ-ጥበባዊ ወይ ታሪኻዊ ዋጋ ዘለዎ ኣቕሓ እንተኾይኑ፣ ወይ

2. ዝተፈለየ ሓላዊ ኣብ ዘይብሉ እንስሳ ወይ ኣዝርእቲ ወይ ንኣገልግሎት ቴሌኮሚኒኬሽን ወይ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ወይ ንማይን ፈሳስን ወይ ንዝኾነ ትካል ኣገልግሎት ዝውዕል ሓላዊ ኣብ ዘይብሉ መሳርሒ ወይ ኣቅሓ ወይ ክቕመጥ ወይ ክለኣኽ ኣብ መኽዘንኣቕሓ ወይ ንሓደ ትካል ወይ ንመንግስታዊ ቤት ዕዮ ወይ ንቤት ፖስታ ወይ ንትካል መጓዓዝያ ዝተውሃበ ሸቐጥ ወይ ኣቕሓ እንተኾይኑ፣ ወይ

3. እቲ ስርቂ ኣብ ንብረት መንግስቲትግራይ ወይ ሰራዊት ትግራይ ወይ ኣብ ትካላት መንግስቲ ትግራይ ወይ ትካል ንግዲ ወይ ሆቴል እንተኾይኑ፣ ወይ

4. ፈፃሚ ገበን ኣብ ሰብ ወይ ንብረት ገበን ንምፍፃም ኣብ ዝተወደበ ጉጅለ ኣባል ኮይኑ ሓደገኛ ምዃኑ ብዘርኢ ኩነት መጥቅዒ ወይ መከላኸሊ መሳርሒ ውግእ ብምሓዝ ወይ መንግስቲ ሰራሕተኛ ብምምሳል ወይ ብለይቲ ወይ ሓፁር ብምጥሓስ ወይ ሓፁር ብምዝላል፣ በሪ ወይ ማዕፆ ብምስባር፣ ወይ መንደቕ ብምፍጓር ወይ ብጉጅለ ብምዃን እንተኾይኑ ወይ ዘይተሓሰበ ሓደገኛ ኩነታት፣ ወይ ህዝባዊ ናዕቢ መቕዘፍቲ ከምኒ ዕግርግር፣ ባርዕ፣ ውሕጅ፣ ማዕበል ዝመሳሰሉ ሽፋን ብምግባር ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

5. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 102. ስርቂ**

ዝኾነ ሰብ ዘይግብኦ ረብሓ ንምርካብ ወይ ንካልእ ሰብ ንኽረክብ ብምሕሳብ ንብረት ካልእ ሰብ ዝኾነ ተንቀሳቃሲ ኣቕሓ ወይ ካብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝተነፀለ ኣቕሓ ኣልዒሉ ዝወሰደ፣ ብቐጥታ ንብረት ባዕሉ ዝገበረ ወይ ብተዘዋዋሪ ምስ ናይ ባዕሉ ንብረት ዝሓወሰ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዓሰርተ ሽሕ ክሳብ ዒስራ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብን ተቐፂዑ እቲ ዝሰረቖ ንብረት ይምልስ ወይ ግምት ዋግኡ ክኸፍል ይግበር።



**ዓንቀፅ 103. ከቢድ ጉድኣት ኣካል**

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ፦

1. ሂወት ተጎዳኢ ብዘስግእ ወይ ኣብ ሰውነቱ ኮነ ኣእምርኡ ንሓዋሩ ጠንቂ ብዘትርፍ ኩነት ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ፣ ወይ

2. ኣካል ካልእ ሰብ ወይ ኣድለይቲ ካብ ዝኾኑ ብልዕቱ ወይ ህዋሳቱ ዘጉደለ ወይ ከየገልግሉ ዝገበረ ወይ ብዘሰቅቕ ግልፂ ኮይኑ ብዝርእ ኩነት መልክዑ ዘበላሸወ እንተኾይኑ፣ ወይ

3. ብዝኾነ ካልእ መንገዲ ከቢድ ዝኾነ ጉድኣት ወይ ሕማም ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ዘብፀሐ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሰተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 104. ባርዕ ሓዊ ምብፃሕ**

1. ዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ ሰባት ወይ ንብረት ጅምላዊ ወይ ነፀላ ሓደጋ ከብፅሕ ሓሲቡ ኣብ ናይ ባዕሉ ወይ ካልእ ሰብ ህንፃ ወይ ዝኾነ ዓይነት ግዙፍ ስራሕ ወይ ኣዝርእቲ ወይ ፍርያት ሕርሻ ወይ ደኒ ወይ ኣእዋም ወይ ዝኾነ ካልእ ኣቕሓ ሓዊ ዝወለዐ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህቦ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. እቲ ገበን ዝለዓለ ሓደጋ ዘስዓበ ወይ ኣብ ልዕሊ ሰብ ወይ ንብረት ዝበፅሐ ጉድኣት ዝተጋፈሐ እንተኾይኑ፣ ብፍላይ ዝተጎድኡ ህንፃታት ህዝቢ ወይ ንህዝቢ ኣገልግሎት ዝሀቡ ህንፃታት ወይ ነበርቲ ዘለውዎም ንመንበሪ ዘገልግሉ ኣባይቲ ወይ መኸዘን ምግቢ ፣ ዝባራዕ ነገር ወይ ፈንጂ ወይ ዱራት ወይ መዓድናት ወይ ጉድጓድ ነዳድን ዘይትን ብፍላይ ንሓደጋ ቅሉዕ ዝኾነ ካልእ ኣቕሓ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣



The Government Of the National State Of Tigrai

3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 105. ምምራዝ ወይ ምብካል ምግቢ ወይ ማይ

1. ዝኾነ ሰብ ከነ ኢሉ ንህዝቢ ኣገልግሎት ዝውዕል ማይ ወይ ምግቢ ህዝቢ ክይጥቀመሉ ዝበከለ ወይ ዝመረዘ ወይ መጥቀሚ ጊዜኡ ዝሓለፎ መድሓኒት ዝሸጠ ወይ ዝሓዘ ወይ ንምግብነት ኣብ ዘገልግሉ ሸቀጣት ንጥዕና ወዲ ሰብ ዝጎድእ ባእዲ ዝኾነ ነገር ዝወሰኸ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. እቲ ተግባር ምምራዝ ወይ ምብካል ኣብ ወዲ ሰብ ከቢድ ኣካል ወይ ጥዕና ወይ ኣእምሮ ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

3. እቲ ተግባር ምምራዝ ኣብ ሰብ ሞት ዘስዓበ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 106. ኣቕሑት ንግዲ ምኽዛን ወይ ምሕባእ ወይ ዘይግባእ ዋጋ ምውሳኽ

1. ዝኾነ ሰብ ንግዲ ፍቓድ ይሃልዎ ኣይሃልዎ ከነ ኢሉ ህዝቢ ኣብ ዝጥቀመሎም መሰረታዊ ሃልኪታት ዘይግባእ ረብሓ ንምርካብ ናህሪ ዋጋ ንኽፍጠር ንግዲ ኣብ ዘካይደሉ ቦታ ወይ ካብኡ ወፃኢ ኣብ ዝኾነ ቦታ መጠን ዝኽዘኖን ዝኽዘነሉ ጊዜን ብዘየገድስ ዝኸዘነ ወይ ዝሓብአ ንምኽዛን ወይ ንምሕባእ ዝፈተነ ወይ ዘይግቡእ ዋጋ ዝወሰኸ እንተኾይኑ ብዝምልከቶ ኣካል ዝውሰድ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ከምዘሎ ኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣ ወይ



The Government Of the National State Of Tigrai

2. ኣፈፃፀማ እቲ ገበን ኣብ ሕብረተሰብ ከቢድ ጉድኣት ዘየብፀሐ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 107. ምኽዛን ወይ ምሕባእ ወይ ዘይግቡእ ዋጋ ምውሳኽ ወይ ምስራቕ መድሓኒት

1. ዝኾነ ሰብ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ይሃልዎ ኣይሃልዎ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝጥቀመሎም ዓይነታት መድሓኒት ሕፀረት ንኽፍጠርን ዘይግቡእ ዋጋ ብምውሳኽ ዘይግቡእ ረብሓ ንምርካብ ሓሲቡ መድሓኒት ኣብ ዝኾነ ቦታ ዝሓበአ ወይ ንምሕባእ ዝፈተነ ወይ ዝኸዘነ ወይ ክሕባእ ዝገበረ ወይ ንምሕባእ ወይ ንምኽዛን ዝፈተነ ወይ ዘይግቡእ ዋጋ ዝወሰኸ ዝውሰድ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ከምዘሎኮይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካሊእ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኮይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

2. ዝኾነ ሰብ ካብ መንግስታዊ ወይ ዘይመንግስታዊ ትካል ጥዕና ንውልቀ ረብሕኡ ወይ ንረብሓ ካልእ ሰብ ብምሕሳብ ዝኾነ ዓይነት መድሓኒት ብምስራቕ ኣብ ውልቀ ረብሕኡ ወይ ረብሓ ካልእ ሰብ ዘውዓለ ወይ ከውዕል ዝፈተነእንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካልእ ሕጊ ብዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኮይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 108. ኣብ ልዕሊ መሰረተ ልምዓት ጉድኣት ምብፃሕ

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ህዝቢ ኣብ ዝግልገለሉም ትካላት ጥዕና ወይ ትካላት ትምህርቲ ወይ ፅርግያ ወይ ፖስታ ወይ ትካላት ማይ ወይ ቴሌኮሚኒኬሽን ወይ ካልኦት መሰረተ ልምዓት ብዝኾነ መንገዲ ዘዕነወ ወይ ዘበላሸወ ወይ ዝህብዎ ኣገልግሎት ክቋረፅ ዝገበረ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 109. ገበን ራዕዲ

ዝኾነ ሰብ ወይ ጉጅለ ፖለቲካዊ ወይ ሃይማኖታዊ ወይ ስነ ሓሳባዊ ዕላማ ንምስጓም ብምሕሳብ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ትግራይ ፅዕንቶ ንምሕዳር ወይ ንሕብረተሰብ ወይ ክፋል ሕብረተሰብ ትግራይ ንምፍርራሕ ወይ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ወይ ሕገ መንግስታዊ ወይ ኢኮኖሚያዊ ወይ ማሕበራዊ ትካላት ትግራይ ንምንጋዕ ወይ ንምፍራስ፦

1. ሰብ ዝቐተለ ወይ ኣብ ልዕሊ ኣካሉ ዝለዓለ ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ፣ ወይ
2. ንሕብረተሰብ ወይ ክፋል ሕብረተሰብ ትግራይ ደሕንነት ወይ ጥዕና ንዝለዓለ ሓደጋ ዘቃልዐ እንተኾይኑ፣ ወይ
3. ተግባር መጨወይቲ ወይ ምስዋር ዝፈፀመ እንተኾይኑ፣ ወይ
4. ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝለዓለ ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ፣ ወይ
5. ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ወይ ከበቢ ወይ ታሪኻዊ ወይ ባህላዊ ቅርሲ ዝለዓለ ጉድኣት እንተተብፂሑ፣ ወይ
6. ንህዝባዊ ኣገልግሎት ንዝለዓለ ሓደጋ ዘቃለዐ ወይ ዝሓዘ ወይ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅሩ ዝገበረ ወይ ዘቋረፀ ወይ ዘበላሸወ፣ ወይ

7. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ክሳብ ንኡስ ዓንቀፅ (6) ካብ ዝተቐመጡ ተግባራት ዝኾነ ንምፍፃም ዝተሓነፀ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክሳብ ዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

8. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሰተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## <u>ዓንቀፅ 110. ኣብ ልዕሊ መርበብ ሓበሬታ ገበን ምፍፃም</u>

1. ዝኾነ ሰብ ብዘይፍቓድ ናብ ኮምፒተር ወይ ስርዓት ኮምፒተር ወይ ሞባይል ወይ ኢመይል ኣድራሻ ወይ ፋክስ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ስርሒት ቴክኖሎጂ ወይ ናብ ዝኾነ ስርዓት መረዳእታ መንግስትን ህዝብን ትግራይ ወይ ኣብያተ ዕዮ ህዝብን መንግስቲ ትግራይ ወይ ትካላት ውልቀ ወይ በዓል መዚ ወይ በዓል ሞያ ብምእታው ዳታ ወይ ፕሮግራም ወይ ኣገልግሎት ኮምፒተር ዝወሰደ ወይ ዝተጠቐመ ወይ ካልእ ክጥቀም ዝገበረ ወይ ዘበላሸወ ወይ ዘጥፍአ፣ ወይ ብፍቓድ ኣትዩ ካብ ዝተውሃቦ ፍቓድ ወፃኢ ነዚዎም ተግባራት ዝፈፀመ እንተኾይኑ፣ ወይ

2. እቲ ገበን ዝተፈፀመ፦

ሀ. ንምስራቕ ወይ ንምጭብርባር ወይንምትላል ወይ ንምምንጣል ንኽክኣል ወይ ዝኾነ ትልሚ ንምውፃእ ወይ ንምትግባር ወይ ገንዘብ ወይ ንብረት ወይ ኣገልፍሎት ኮምፒተር ወይ መርበብ ሓበሬታ ወይ ዝኾነ ዳታ ብዘይኣግባብ ንምቁፅፃር ወይ ንምርካብ ወይ ኣገልግሎቱ ክቋረፅ ንምግባር እንተኾይኑ፣ ወይ

ለ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (2) ፊደል (ሀ) ዝተገለፀ ትልሚ እንተዘይሃለወ እውን ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

ሐ. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሰተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

Government Of the National State Of Tigrai

**ዓንቀፅ 111. ምክያድ ዘይሕጋዊ ንግዲ ጥረ ገንዘብን ገንዘብ ወፃኢ ዓድን**

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢ፣ ነቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 120 ካብ ዝተደንገገ ወፃኢ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ኩነት፣ ብገደብ ወይ ብቁፅፅር ወይ ብፍሉይ ሓለዋ ንግዲ ወይ ስራሕ ሽርፊ ዝካየደሉ ትካላት ፋይናንስ ሃፍቲ መንግስቲ ትግራይ ወይ ዝኾነ ዓይነት ገንዘብ ወፃኢ ዓዲ ካብ ስትሪንግ ኮሚቴ መንግስቲ ትግራይ ፍቃድ ከይተውሃቦ ወይ ኣብ ስራሕ ዘሎ ካልእ ሕጊ ብምጥሓስ ዝገዝአ ወይ ካብ ወፃኢ ዓዲ ዘምፅአ ወይ ናብ ወፃኢ ዓዲ ዝለኣኸ ወይ ብሓደራ ዘቐመጠ ወይ ዝተቐበለ ወይ ዘሽረፈ ወይ ዝሸጠ ወይ ንመሸጣ ዘቕረበ ኣብ ስራሕ ዘሎ ካልእ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
2. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ፣
3. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ሕልው ኮይኑ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ሃፍቲ ይውረስ።

**ዓንቀፅ 112. ምክያድ ዘይሕጋዊ ንግዲ ክባር መዓድናት**

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢ፣ ነቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ፍቓድ ክህብ ስልጣን ካብ ዘለዎ በዓል መዚ መንግስቲ ትግራይ ሕጋዊ ፍቓድ ከይሃለዎ ወይ ከይሓዘ ፎርጅድ ዝኾነ መረዳእታ ተጠቒሙ ሕጋዊ ብዘይኮነ መንገዲ ክባራት መዓድናት ከም ወርቂ፣ ፕላቲኒየም፣ ዩራኒየምን ካልኦት ነዚኦም ዝመስሉ ማዓድናትን ክባራት ኣእማንን ዝሸጠ ወይ ዝገዝአ ወይ ዘዘዋወረ ወይ ዘይሕጋዊ ንግዲ ዘካየደ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካልእ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘኾይኑ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 111 ዝተቐመጠ ቅፅዓት ይቕፃዕ፣
2. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 113. ኣብ ልዕሊ ተኣማንነት ገንዘብ መንግስቲ ዝፍፀም ተግባር ተንኮል**

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢ፣ ነቲ ገበን ዝፈፀመሉ ጊዜን ቦታን ብዘየገድስ ኣብ ልዕሊ ትካላት ፋይናንስ ትግራይ ጉድኣት ንምብፃሕ ተሊሙ ወይ ተግባሩ ጉድኣት ከበፅሕ ከምዝኽእል እናፈለጠ፡-

1. ሽርፊ ገንዘብ ውሽጢ ዓዲ ክረክስ ንምግባር ካብ ትካላት ፋይናንስ ወይ ናብ ትካላት ፋይናንስ ብሕጊ ግቡእ ካብ ዝተነበረሎም ካልኦት ትካላት ገንዘብ ክወፅእ ዝገበረ ወይ ዘለዓዓለ ወይ ሰነዳት ውሕስና ወይ ሰነዳት ግቡእ ብጅምላ ብምሻጥ ዋግኦም ክትሕት ዝገበረ እንተኾይኑ ወይ፣
2. ነቲ ገንዘብ፣ ሰነዳት ውሕስና ወይ ሰነዳት ግቡእ ብኻልእ ሰብ ከይወፅእ ወይ ከይግዛእ ዘሰናኸለ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካልእ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውሀብ እንተዘኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክበፅሕ ብዝኽእል መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣ ወይ እቲ ገበን ከቢድ ውፅኢት ዘስዓበ እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 114. ክኽፍል እናኻኣለ ንመንግስቲ ትግራይ ክኽፈል ዝግበኦ ግብሪ ወይ ቀረፅ ዘይምኽፋል**

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢ፣ ነቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ክኽፍል እናኻኣለ ንመንግስቲ ትግራይ ክኽፍሎ ዝግባእ ብሕጊ ዝተደንገገን ብዝምልከቶ በዓል መዚ ዝተወሰነን ካብ መሬት፣ ንብረት ወይ ካብ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣታዊ ብዓይነት ይኹን ብገንዘብ ክኽፍል እናኻኣለ ግብሪ ወይ ዝኾነ ዓይነት ቀረፅ ወይ ታክስ ብሕጊ ኣግባብ ክኽፍል እንትሕተት ፍቃደኛ እንተዘይኮይኑ ዘለዎ ግቡእ ምኽፋል ግብሪ ወይ ቀረፅ ወይ ታክስ ሕልው ኮይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክበፅሕ ብዝኽእል መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

2. እቲ ግብሪ ወይ ቀረፅ ክኸፍል እናኻኣለ ንዘይምኽፋል እምብተኛነቱ ብምሕናይ፣ ብተግበር ሓይሊ፣ ሕልፈት ኢድ ወይ መሰርሒ ውግእ ብምጥቃም ወይ መሰርሒ ውግእ ብምልዓል ዘነፃፀረ ወይ ህውከት ወይ ዓመፅ ዘልዓለ ወይ ተደራራቢ ገበን ብምፍፃም ወይ ገበን ኣብ ምፍፃም ደጋጋሚ ባህሪ ዘለዎ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካልእ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ብዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 115. ምልዕዓል ግብሪ ንዘይምኽፋል**

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከበቢ፣ ነቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ዝኾነ ሰብ ንኻሊእ ሰብ ብሕጊ ዝተደንገገ ቀረፅ ወይ ግብሪ ንኸይኸፍል ብተግባር፣ ውህብቶ፣ መደረ፣ ብምሕናይ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሜላ ዘለዓዓለ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካልእ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ።
2. ብምኽንያት ምግፋሕ እቲ ተግባር ገበን እቲ ኩነታት ከቢድ እንተኾይኑን እቲ ቅፅዓት ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ክሳብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣
3. እቲ ገበን ንዓመፅ ንምልዕዓል ወይ በዓል መዚ ንምውራድ ምልዕዓል ወይ ዝኣመሰሉ ተግባራት ንምፍፃም ዝተገብረ እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣
4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 116. ኣብ ልዕሊ ፍልፍል ኣታዊ መንግስቲ ትግራይ ጉድኣት ምብፃሕ**

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢ፣ ነቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ብሕጊ ዝተወሰነን ናብ ካዝና መንግስቲ ትግራይ ኣታዊ ክኸውን ዝግብኦ ግብሪ፣ ቀረፅ ወይ ካልእ ክፍሊት ብክፋል ወይ ብሙሉእ ንኸይከፍል ንባዕሉ ወይ ንክልእ ሰብ ወይ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ትካል ንምድሓን ሓሲቡ፡-

ሀ. ቀረፅ ወይ ግብሪ ክውሰነሉ ዝግብኦ ኣቕሓ ወይ ካፒታል ወይ ኣታዊ ብዝምልከት ወይ ቀረፅ ወይ ግብሪ ንምውሳን ኣግባብነት ብዘለዎም ኣብ ዝኾነ ኩነት ንዝምልከቶ መንግስታዊ ኣካል መንግስቲ ትግራይ መረዳእታ ሓሶት ምኺኑ እናፈለጠ፣ ወይ

ለ. ብዝኾነ ካልእ ዓይነት ሜላ ነዚ ዋኒን ስልጣን ብዝተውሃቦም መንግስታዊ ኣካላት መንግስቲ ትግራይ ኣብ ጌጋ ክወድቁ እናፈለጠ ነቲ ሓቂ ናብ ሓሰት ብምልዋጥ ነቲ ነገር ብምስዋር ወይ ሓሰተኛ ኣታዊ ወይ ፈጠራዊ ሒሳብ ብምድላው ወይ ብዝኾነ ነዚ ተግባር ዘጋገየ እንተኺይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካልእ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

2. ዝኾነ በዓልመዚ መንግስቲ ትግራይ ወይ ሰራሕተኛ መንግስቲ ትግራይ ግቡእ ብዘይኮነ መንገዲ ግብሪ ወይ ቀረፅ ከይኽፈል ወይ ክንክ ዝገበረ እንተኾኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካልእ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ብዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 117. ገበን ኮንትሮባንድ**

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢ፣ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ካብ መሰረታዊ ሃልኪ ወይ ነዳዲ ወይ ንጥዕና ወዲ ሰብ ንምሕላው ኣደለይቲ ካብ ዝኾኑ ነገራት ወፃኢ ወይ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ፍቓድ ከይሃለዎ እናፈለጠ ወይ ክፈልጥ እናተገበኦ ሕግታት ጉምሩክን



*The Government Of the National State Of Tigrai

ካልኦት ሕግታትን ብምትሕልላፍ ወይ ሓሶት መረዳእታ ብምጥቃም ዝተኸልከሉ ወይ ገደብ ዝተገበረሎምን ስነ-ስርዓት ጉምሩክ ዘይተፈፀመሎምን መጠን ንግዲ ዘለዎም ኣቁሑት፣ ዘይሕጋዊ ዝውውር ኣፅዋር ሓሽሽ፣ ሽጋራ ወይ መጥቀሚ ግዚኦም ዝሓለፎም ዕሹግ ዓይነታት ምግቢ ወይ መጋየፂታት ወይ መጥቀሚ ጊዜ ዝሓለፎም መድሓኒታት ዝኣመሰሉ ብሕቡእ ወይ ካብ ሕጋዊ መተሓላለፊ መስመር ወፃኢ ናብ ትግራይ ዘእተወ ወይ መሰረታዊ ሃልኪ ወይ ነዳዲ ካብ ትግራይ ዘውፅአ ወይ ንምውፃእ ዝፈተነ ወይ ካብ ትግራይ ንኸውፅእ ብዝምልከቶ ኣካል ከይተፈቐደሉ ዘውፅአ ወይ ንምውፃእ ወይ ንምእታው ዝፈተነ ወይ ብሕጋዊ መንገዲ ዝወፁ ኣቑሑት ሕጋዊ ብዘይኮነ መንገዲ እንተእትዩ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኮይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢት ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዝብ ይቕፃዕ፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብዝተመልከተ ሕጋዊ ብዘይኮነ መንገዲ ዝተረኸቡ ምኺኖም እናፈለጠ ወይ ክፈልጥ እናተገበኦ ነቶም ኣቑሑት ዘጓዓዓዘ ወይ ዝኸዘነ ወይ ዝሓዘ ወይ ንመሸጣ ዘቕረበ ወይ ዝገዝአ ዝኾነ ሰብ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተመልከተ ገበን ዝተፈፀመ ሓይሊ ብምጥቃም ወይ ብጉጅለ ብምውዳብ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣
4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ፣
5. ውፅኢት ገበን ኮንትሮባንድ ዝኾነ ገንዘብን ንብረትን ተወሪሱ ናብ መንግስቲ ትግራይ ካዝና ኣታዊ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 118. ከቢድ ገበን ምትላል**

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፅሉ ከባቢ፣ ነቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ እናፈለጠ ወይ ክፈልጥ እናተገብኦ ኣብ ሕጋዊ ኣቕሓ ከለላ፣ ክልከላ ዝተገበረሉ ኣቕሓ ናብ ትግራይ እንተኣእትዩ፣ ካብ ትግራይ እንተኣውፂኡ ወይ ካብ ትግራይ ንምውፃእ ወይ ናብ ትግራይ ንምእታው ዝፈተነ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣
2. ዋጋ ተሓቢኡ ዝተረኽበ ኣቕሓ ኣብ ዲክላራሲዮን ካብ ዝተገለፀ ጠቕላላ ዋጋ 50% ንላዕሊ ኾይኑ እንተተረኺቡ ነቶም ኣቕሑት ብምሕባእ ሕጋዊ ብዘይኮነ መንገዲ ናብ ትግራይ ንምእታው ወይ ካብ ትግራይ ንምውፃእ ዝፈተነ ዝኾነ ሰብ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣
3. ዝኾነ ሰብ ሰራዊት ትግራይ ዝኽደንዎ ዩኒፎርም ተኸዲኑ ዕጥቂ ብምሓዝ ኣባል ሰራዊት ትግራይ ብምምሳልን ብምትላልን ኣብ ዝርፍያ ወይ ውራ ሃፍቲ ውልቀሰባት ዝተዋፈረ ወይ ፅሑቕ ሽም ሰራዊት ትግራይ ዘጥፍእ ገበን ምትላል ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣
4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 119. ብገበን ዝተረኽበ ገንዘብ ወይ ንብረት ሕጋዊ ኣምሲልካ ምቕራብ**

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ፣ ዝመፅሉ ከባቢ፣ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ እቲ ንብረት ውፅኢት ወይ ፍረ ገበን ምዃኑ እናፈለጠ ወይ ክፈልጥ እናተገበኦ ፦
   ሀ. ዘይሕጋዊ ፍልፍል እቲ ንብረት ንምሕባእ ወይ ንምሽፋን ወይ ናይቲ መመንጨዊ ገበን ዝፈፀመ ሰብ ካብ ተሓታትነት ንኽምልጥ ንምግባር ነቲ ንብረት ዝለወጠ ወይ ዘመሓላለፈ እንተኾይኑ፣

ለ. ፍልፍሉ፣ በትኡ፣ ዝውውሩ ወይ መሰል ዋንነት ዝሓበአ ወይ ከይፍለጥ ዝገበረ እንተኾይኑ፣

ሐ. እቲ ንብረት ዝተረኸበ፣ ኣብ ትሕዝትኡ ዝገበረ ወይ ዝተጠቐመ እንተኾይኑ፣

መ. ኣብዚ ንኡስ ዓንቀፅ ካብ ፊደል ሀ ክሳብ ፊደል ሐ ዝተገለፁ ገበናት ዘጣይሹ ተግባራት ኣብ ምፍፃም ዝተሳተፈ፣ ንምፍፃም ዝኣደመ፣ ዝፈተነ፣ ዝሓገዘ፣ ዘመቻቸወ፣ ወይ ንኽፍፀም ዘማኸረ እንተኾይኑ ብገበን ጥፍኣተኛ ኮይኑ ውፅኢት እቲ ገበን ዝኾነ ገንዘብን ንብረትን ምውራስ ሕልው ኮይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእዕ ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝውሰን ቅፅዓት በዞም ዝስዕቡ መካበዲ ምኽንያታት ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

ሀ. እቲ ዝተፈፀመ ገበን መመንጨውቲ ገበን ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ዝተመልከተ ቅፅዓት ማእሰርቲ ንላዕሊ ዘስዕብ እንተኾይኑ፣

ለ. እቲ ገበን ዝተፈፀመ ብንግዲ ወይ ብተግባርነት ስራሕ ዝተተሓዘ እንተኾይኑ፣

ሐ. ካብ ዕላማታት እቲ ዝተወደበ ጉጅለ ገበን ንሓዲኡ ተግባራዊ እንተኾይኑ፣

መ. ሕጋዊ ንኽመስል ተገይሩ ዝቐረበ ተግባር ገበን ዝተረኸበ ገንዘብ ወይ ንብረት ግምት ካብ ሓደ ሚልዮን ዝበልፅ እንተኾይኑ፣

ረ. እቲ ገበን ዝተፈፀመ ካልእ ገበን ንኽፍፀም ንምምችቻው እንተኾይኑ ይኸውን።

## ዓንቀፅ 120. ንተግባር ራዕዲ ብገንዘብ ምሕጋዝ

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢ፣ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ፣

ሀ. ገንዘቡ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል፦

1. ተግባር ራዕዲ ንምፍፃም፣
2. ንመፈፀሚ ራዕዲ መጥቀሚ፣ ወይ

3. ንትካል ራዕዲ መጥቀሚ ንኽውዕል ብምሕሳብ ወይ ከምዝውዕል እናፈለጠ ብዝኾነ መንገዲ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ብፍቓዱ ገንዘብ ዝሃበ ወይ ዝኣከበ ወይ ገንዘብ ንምሃብ ኮነ ንምእካብ ዝፈተነ እንተኾይኑ፣

ለ. ኣብዚ ንኡስ ዓንቀፅ ኣብ ፊደል ሀ ዝተገለፀ ገበን ንምፍፃም ብተሓባባርነት ዝተሳተፈ እንተኾይኑ፣

ሐ. ኣብዚ ንኡስ ዓንቀፅ ኣብ ፊደል ሀ ዝተገለፀ ገበን ንምፍፃም ንኻልኦት ዝወደበ ወይ ኣመራርሓ ዝሃበ እንተኾይኑ፣ ወይ ኣብ ፊደል ሀ ዝተገለፁ ገበናት ዘጣይሹ ተግባራት ንምፍፃም ዝተሳተፈ፣ ንምፍፃም ዝኣደመ፣ ዝፈተነ፣ ዝደገፈ፣ ዘመቻቸወ ወይ ንክፍፀም ዘማኸረ እንተኾይኑ፣

መ. ንገበን ራዕዲ ብገንዘብ ኣብ ምሕጋዝ ዝተሳተፈ፣ ነቲ ገበን ንምፍፃም ዝኣደመ ፣ ዝፈተነ፣ ዝደገፈ፣ ዘመቻቸወ ወይ ዘማኸረ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣ ውፅኢት እዚ ገበን ዝኾነ ገንዘብን ንብረትን ተቐሪሱ ናብ መንግስቲ ትግራይ ኣታዊ ይኸውን፣

ረ. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ብዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ ዝውሰን ቅፅዓት በዞም ምኽንያታት ብምክባድ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ሰለስተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

ሀ. እቲ ገበን ዝተፈፀመ ብንግዲ ወይ ብተግባርነት ስራሕ ዝተተሓዘ እንተኾይኑ፣ ወይ

ለ. ካብ ዕላማታት ዝተወደበ ጉጅለ ገበነኛ ሓዲኡ ተግባራዊ ዝገበረ እንተኾይኑ ከቢድ ይኸውን።

## <u>ዓንቀፅ 121. ገንዘብ ሓሶት ምሕታም ወይ ክሕተም ምግባር</u>

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢ፣ ነቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ገንዘብ ሓሶት ዝሓተመ ወይ ክሕተም ዝገበረ ወይ ንምሕታም ወይ ክሕተም ንምግባር ዝፈተነ እንተኾይኑ ኣብ



*The Government Of the National State Of Tigrai*

ስራሕ ብዘሎ ካልእ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኮይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኸእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. እቲ ዝተሓተመ ገንዘብ ኣብ ስርዓት ኢኮኖሚ ትግራይ ዘእተወ ወይ ነዚ ገንዘብ ሓሶት ዝሓተመ ወይ ዘሕተመ ወይ ዝበተነ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኽበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 122. ሕጋዊ ገንዘብ ናብ ሓሶት ምልዋጥ**

1. ዝኾነ ሰብ ሕጋዊ መተዓዳደሊ ዝኾነ ገንዘብ፣ ሰነድ ግቡእ ወይ ሰነድ ውሕስና ካብ ትኽክለኛ ዋግኡ ብላዕሊ ብዝኾነ ዋጋ ክዘዋወር ንምግባር ብምሕሳብ መልክዑ ብምልዋጥ ኣብ ሓቀኛ መልክዑ ካልእ ነገር ብምውሳኽ፣ ቀለሙ ብምልዋጥ ወይ ብካልእ ዓይነት ሜላ ኣብ ዝኾነ ቦታ ናብ ሓሶት ዝለወጠ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኸእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
2. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኽበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 123. ዋጋ ገንዘብ ክትሕት ምግባር**

1. ዝኾነ ሰብ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ኣብ ደገ ሙሉእ ዋግኡ ሒዙ መተዓዳደሊ ክኾኑ ብምሕሳብ ብሜካኒካል፣ ብፊዚካል ወይ ብከሚካል ወይ ብዝኾነ ካልእ ሜላ ተጠቒሙ ሕጋዊ ንዝኾነ ገንዘብ ዋግኡ ክትሕት ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሰለስተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኸእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
2. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚነት ዝተረኽበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 124. ናብ ትግራይ ምእታው፣ ካብ ትግራይ ምውፃእ፣ ምሓዝ፣ ምቅማጥን ምቕራብን**

1. ዝኾነ ሰብ ሓሶት ዝኾነ ወይ ዋግኡ ክትሕት ዝተገበረ ገንዘብ ወይ ሰነድ ግቡእ ወይ ሰነድ ውሕስና ትኽክለኛ ወይ ሙሉእ ዋግኡ ከምዝሓዘ ኣምሲሉ ባዕሉ ክተዓዳደገሉ ወይ ክዘዋወር ንምግባር ብምሕሳብ ናብ ውሽጢ ትግራይ ዘእተወ፣ ካብ ትግራይ ዘውፀአ ወይ ዝሓዘ ወይ

ዘቖመጠ ወይ ዘቕረበ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**<u>ዓንቀፅ 125. ምዝውዋር ዘይሕጋዊ ገንዘብ</u>**

1. ዝኾነ ሰብ ሓሲቡ፡-
   ሀ. ሓሶት ዝኾነ ወይ ናብ ሓሶት ዝተለወጠ ገንዘብ ወይ ሰነድ ግቡእ ወይ ሰነድ ውሕስና ትኽክለኛ ብምምሳል ወይ ካብ ዝተወሰነ ዝበለፀ ዋጋ ከምዘለዎ ብምምሳል ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዘዘዋወረ ወይ ሒዙ ዝተረኸበ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሰለስተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
   ለ. ዋግኡ ዝነከየ ገንዘብ ሙሉእ ዋጋ ከምዝሓዘ ብምምሳል ንክዘዋወር ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዒስራ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣
2. እቲ ጥፍኣተኛ ነቲ ገንዘብ፣ ሰነድ ግቡእ ወይ ሰነድ ውሕስና ትኽክለኛ እዩ ብዝብል እምነት ወይ ብትኽክለኛ ዋግኡ ድሕሪ ምቕባሉ ሓሶት ምዃኑ ወይ ዋግኡ ምንካዩ እናፈለጠ ካብ ኪሳራ ንምድሓን፡-
   ሀ. ሓሶት ወይ ናብ ሓሶት ዝተለወጠ ገንዘብ፣ ሰነድ ግቡእ ወይ ሰነድ ውሕስና ትኽክለኛ ብምምሳል ዘዘዋወረ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
   ለ. ዋግኡ ዝተነከየ ገንዘብ ሙሉእ ዋጋ ከምዘለዎ ብምምሳል ዘዘዋወረ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ሓምሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

ሐ. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚነት ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 126. ብሕጊ ካብ ዝተወሰነ መጠን ገንዘብ ንላዕሊ ሒዝካ ምርካብ ወይ ካብ ትካላት ፋይናንስ ብሕጊ ካብ ዝተወሰነ ብላዕሊ ገንዘብ ምውፃእ**

1. ዝኾነ ሰብ ብመንግስቲ ትግራይ ተጣይሹ ብሕጊ ብዝተውሃበ ስልጣን መሰረት ስትሪንግ ኮሚቴ ብዘውፅኦ መምርሒ ኣብ ዝተወሰነ ጊዜ ክተሓዝ ካብ ዝተወሰነ መጠን ገንዘብ ንላዕሊ ዝሓዘ ወይ ካብ ትካላት ፋይናንስ ኣብ ዝተወሰነ ጊዜ ከውፅእ ካብ ዝተፈቐደ መጠን ገንዘብ ንላዕሊ ዘውፅአ ወይ ከተሓላልፍ ብሕጊ ካብ ዝተፈቐደሉ ንላዕሊ ዘተሓላለፈ እንተኾይኑ ነቲ ገንዘብ ምውራስ ከምዘሎ ኮይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
2. ስትሪንግ ኮሚቴ ዘውፅኦ መምርሒ ብምጥሓስ ሓደ ሰብ ኣብ ዝተወሰነ ጊዜ ከውፅእ ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ገንዘብ ከውፅእ ወይ ከተሓላልፍ ካብዝግብኦ ንላዕሊ ከተሓላልፍ ዝፈቐደ ሓላፊ ወይ ሰራሑ ዘቕረበ ሰራሕተኛ ትካል ፋይናንስ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣
3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኽበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 127. ሃረፃ**

1. ዝኾነ ሰብ ዘይግብኦ ረብሓ ንምርካብ ብምሕሳብ ብሹም ዕቁብ ወይ ብውህብቶ ወይ ብሽም ብልቓሕ ወይ ብሓደራ ወይ ብዕርቡን ወይ ብመትሓጃ ወይ ብውዕሊ ግቡእ ብምእታው ወይ ብመሸጣ ወይ ሕጋዊ ኣምሲልካ ወይ ካብ ሓደ ሒሳብ ባንኪ ናብ ካሊእ ሒሳብ ባንኪ ገንዘብ ብምትሕልላፍ ወይ ካብ ወፃኢ ዓዲ ዝተለኣኸ ገንዘብ ኣብ ትካላት ፋይናንስ ካብ ዝሸረፍ መጠን ሸርፊ ንታሕቲ ብር ብምሃብ ትርፊ ወይ ከስቢ ንምርካብ ወይ ብካልእ ዝኾነ ዓይነት ሜላ ተጠቒሙ ኣብ ተግባር ሃረፃ ዝተዋፈረ ወይ ብሕጊ ከይተፈቀደሉ ስራሕ ትካል ፋይናንስ ዝሰርሐ እንተኾይኑ ንሃረፃ ዘዋፈሮ ገንዘብ ምውራስ ከምዘለዎ ኮይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ሓሙሽተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

2. ኣብ መንጎ መሀረፅን ተሃራፅን መራኸቢ ኮይኑ ኣብ ስራሕቲ ድለላ ዝተዋፈረ ዝኾነ ሰብ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

3. ዝኾነ ሰራሕተኛ ወይ ሓላፊ ትካል ፋይናንስ ሕጋዊ ብምምሳል ንዘይተመሓላለፈ መጠን ገንዘብ ከም ዝተሓላለፈ ገይሩ ሓሶት ሰነድ ብምስራሕ ካብ ሓደ ቁፅሪ ሒሳብ ናብ ካሊእ ቁፅሪ ሒሳብ ባንኪ ገንዘብ ከምዝተሓላለፈ ኣምሲሉ መረዳእታ ሓሰት ዝሰርሐ ወይ ንምስራሕ ዝፈተነ ወይ መረዳእታ ሓሰት ዝሃበ ወይ ንምሃብ ዝፈተነ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተገለፀ ገበን ዝፈፀሙ ሰራሕተኛታት ወይ ሓለፍቲ ትካላት ፋይናንስ እንትርከቡ እቲ ትካል ፋይናንስ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**<u>ዓንቀፅ 128. ነዳዲ ምሓዝ ወይ ምሕባእ ወይ ምሻጥ ወይ ምዝውዋር</u>**

ዝኾነ ሰብ ነዳዲ ከማሓድር ስልጣን ካብ ዝተወሃቦ በዓል መዚ መንግስቲ ትግራይ ፍቓድ ከይተወሃቦ ወይ ከይሓዘ ወይ ሓሶት መረዳእታ ብምሓዝ ወይ ስልጣን ካብ ዘይብሉ ኣካል ዝተወሃቦ ፍቓድ ሒዙ ወይ መረዳእታ ተጠቒሙ ዘይግባእ ረብሓ ንምርካብ ወይ ካልእ ሰብ ንኽረክብ ንምግባር፦

1. ኣብ ቁፅፅር ወይ ትሕዝቶ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ካብ ዝርከብ ነዳዲ ዝዘረፈ ወይ ዝሸጠ ወይ ዝዓደገ ወይ ዘጓዓዘ ወይ መጠኑን ዝሓበሉን ግዜ ብዘየገድስ ዝሓበአ ወይ መሪሑ ክዝረፍ ዝገበረ፣ ወይ

2. መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ኣብ ዝኾነ በታ ካብ ዝዓቀብዎ ነዳዲ ብውልቀ ይኹን ምስ ካልእ ሰብ ብምኺን ዝዘረፈ ወይ ክዝረፍ ዝገበረ ወይ ዝዓደገ ወይ ዝሸጠ ወይ ዘጓዓዘ ወይ ዝሓበአ ወይ መሪሑ ክዝረፍ ዝገበረ ወይ ዝዓደገ፣ ወይ

3. ንኽዕቕቦ ብመንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ካብ ዝተወሃቦ መጠን ነዳዲ ዘጕደለ ወይ ዝሸጠ ወይ ዝሓበአ ወይ ብዝኾነ መንገዲ ንኻልኦት ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ዝገዝአ ወይ ዘጓዓዘ ወይ ንባዕሉ ዝተጠቐመ፣ ወይ



ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
The Government Of the National State Of Tigrai

4. ሸይጡ ናብ መንግስቲ ትግራይ ኣታዊ ንክገብር ብሓደራ ካብ ዝተወሃቦ መጠን ነዳዲ ዘጕደለ ወይ ዝሸጦ መጠን ገንዘብ ዘጥፈአ ወይ ንቁፅፅር ኦዲትን ብዘይጥዕም ሰነዳቱ መሸጣ ነዳዲ ዝሰረዘ ወይ ዝለወጠ ወይ ዘጥፈአ ወይ ዘበላሸወ፣ ወይ
5. ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኽጓዓዓዝ ካብ ዝተወሃቦ ነዳዲ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ መጠኑ ዘጕደለ ወይ ዝሸጠ ወይ ዝገዘአ ወይ ንባዕሉ ዝተጠቐመ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት ንኻልእ ሰብ ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ብዝኾነ ዓይነት ሜላ ዘታለለ ወይ ንኽጓዓዓዝ ካብ ዝተፈቐደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ዘጓዓዓዘ፣ ወይ
6. ንስራሕ መኸተ ወይ ኣገልግሎት ንምሃብ ካብ ትሕዝቶ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ነዳዲ ካብ ዝተመለአ መኻይን መንግስትን ሰራዊት ትግራይ ኮነ መኻይን ውልቀ ሰብ ቀዲሑ ዝሸጠ ወይ ዝገዘአ ወይ ንኻልእ ሰብ ብዝኾነ ምኽንያት ኣሕሊፉ ዝሃበ፣ ወይ
7. ንኤግዚቢት ካብ ዝተተሓዘ ነዳዲ ንባዕሉ ዝተጠቐመ ወይ ዝሸጠ ወይ ዝገዝአ ወይ ብዝኾነ ዓይነት መንገዲ ንኻልእ ሰብ ክጥቀመሉ ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ዝዘረፈ ወይ ክዝረፍ ዝገበረ፣ ወይ
8. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1፣ 2፣ 3፣ 4፣ 5፣ 6ን 7ን ዝተደንገጉ ተግባራት ገበን ንምፍፃም ዝፈተነ፣ ወይ
9. ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተደንገጉ ገበናት ንኽፍፀሙ ኣብ ስራሕቲ ድለላ መሸጣ ነዳዲ ዝተዋፈረ ወይ ዘይግቡእ ፍቓድ ንምርካብ ዘታለለ ወይ ጉቦ ዝሃበ ወይ ንምሃብ ዝፈተነ እንትኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ወይ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ እንትኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣
10. ሃፍቲ መንግስቲ ትግራይ ዝኾነ ነዳዲ ከማሓድር ስልጣን ዝተወሃቦ በዓል መዚ መንግስቲ ትግራይ ብመምርሒ ወይ ብሕጊ ካብ ዝተፈቐደ ወፃኢ ብዝኾነ ኣገባብ ብዝኾነ ምኽንያት ንዝኾነ ሰብ ካብ ሃፍቲ መንግስቲ ትግራይ ዝኾነ ነዳዲ ክጥቀም ወይ ክሸይጥ ወይ ከጓዓዕዝ ወይ ክሕዝ ወይ ከዘዋውር ዝፈቐደ እንትኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ

ማእሰርቲ ወይ እቲ ተግባር ገበን ዝተፈፀመ ጉቦ ብምቕባል እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

11. ነዳዲ ከማሓድር ብሕጊ ወይ መምርሒ ስልጣን ዘይተውሃቦ ዝኾነ በዓል መዚ መንግስቲ ትግራይ ብዝኾነ ዓይነት ምኽንያት ንዝኾነ ሰብ ሃፍቲ መንግስቲ ትግራይ ካብ ዝኾነ ነዳዲ ንኽጥቀም ወይ ክሸይጥ ወይ ክሕዝ ወይ ከጓዓዓዝ ወይ ክገዝእ እንተፈቒዱ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ እቲ ተግባር ገበን ዝተፈፀመ ጉቦ ብምቕባል እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

12. ካብ ትሕዝቶ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ዝተረኸበ ይኹን ካብኡ ወፃኢ ዝተረኸበ ነዳዲ ማይ ዝተሓወሰ ወይ ኣብ ልዕሊ ተሽከርከርቲ ወይ ንዝኾነ ኣገልግሎት ዝውዕላ ሞተራት ጉድኣት ክብፅሕ ዝኽእል ባዕዲ ነገር ዝተሓወሰ ነዳዲ ዝሓዘ ወይ ዘዘዋወረ ወይ ዝሸጠ ወይ ንምሻጥ ዝፈተነ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

13. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፉ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ፈፃሚ ገበን ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 129. ሓድነት ፖለቲካን ግዝኣትን ትግራይ ብምትንካፍ ዝፍፀም ገበን**

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢ፣ ገበን ዝፈፀመሉ ጊዜን ቦታን ብዘየገድስ ብሓይሊ ወይ ብኻሊእ ብዝኾነ ንሕገ-መንግስቲ ትግራይ ተፃራሪ ብዝኾነ መንገዲ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንኽፈርስ ወይ ልኣላዊ ሕገ-መንግስታዊ ግዝኣት ትግራይ ክከፋፈል ወይ ኣብ ልኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ወይ ውሱን ህዝቢ ካብ ትግራይ ንኽግንፀል ዘግብር ተግባር ዝፈፀመ ወይ ካብ ትግራይ ናብ ካልእ ክፈልስ ወይ ክኽውልል ዝገበረ ወይ ዘለዓዓለ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ፣ ወይ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ ኣብዝኾነሉ ጊዜ ብዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣
2. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ብዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ፣





**ዓንቀፅ 130. ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ትግራይ ጉድኣት ምብፃሕ**

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ፣ ዝመፀሉ ከባቢ፣ ገበን ዝፈፀመሉ ጊዜን ቦታን ብዘየገድስ ኮነ ኢሉ ፦

ሀ. ወታደራዊ ባህሪ ዘለዎን ወይ ንሰራዊት ትግራይ ንኽውዕል ዝተተለመ ዝኾነ ኢኮኖሚያዊ ትካል ፣ ትካል ስራሕ ሰራዊት ትግራይ ወይ ቦታ፣ መራኸቢ፣ ወይ ሜላ መጓዓዓዚ፣ ስራሕ፣ መኽዝን፣ መሰርሒ ውግእ፣ ወይ ዝኾነ ንብረት ኣግባብ ብዘይኮነ ኣሕሊፉ ብምሃብ ፣ ብምፍራስ፣ ተንኮል ስራሕ ብምፍፃም ወይ ብዝኾነ መንገዲ ኣብ ኣገልግሎት ከይውዕል ብምግባር፣

ለ. ንዝኾነ ፀላኢ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ወታደራት ብምቕራብ ወይ ዜጋታት ትግራይ ንፀላኢ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ብወታደርነት ንኽገልግሉ ብምምልማል ወይ ብምሕባል ወይ ትግራዋይ ኮይኑ ኣብ ጎኒ ፀላኢ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ክኸውን ዝገበረ፣

ሐ. ሰራዊት ትግራይ ካብ ምፍፃም ግቡእ ሰራዊት እምቢተኛ ንክኸውን፣ ወታደራዊ ዓመፅ ከልዕል ወይ ንኽኸድዕ ብግልፂ ብምልዕዓል ወይ ዝተነበረሉ ወታደራዊ ግቡእ ንዘለዎ ሰብ ካብዘም ገበናት እዚኦም ንሓዲኡ ንኽፍፀም ብምትብባዕ ወይ ብምድፍፋር ወይ ክለዓዓል ብምግባር፣ ወይ

መ. ንሰራዊት ትግራይ ዘገልግሉ ወታደራዊ ስጉምቲ ጥንቃቐ ብምዕንቃፍ ወይ ብምብልሻው ወይ ብዝኾነ ካሊእ ሜላ ተግባር ተንኮል ብምፍፃም ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ትግራይ ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ፣ ወይ እቲ ተግባር ከቢድ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ብፍላይ ኣብ እዋን ውግእ ወይ ስግኣት ውግእ ኣብ ዘለዎ ጊዜ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

ረ. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሰተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 131. ብተዘዋዋሪ መንገዲ ምሕጋዝን ምድፍፋርን**

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢ፣ ገበን ዝፈፀመሉ ጊዜን ቦታን ብዘየገድስ ኣብ ልዕሊ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ትግራይ፣ ሰራዊት ትግራይ፣ ልኡላዊ ግዝኣት ፖለቲካን ትግራይ ወይ ድሕንነት ውሽጥን ወፃእን ትግራይ ገበን ዝተፈፀመ ወይ ንምፍፃም ዝተፈተነ ምዃኑን ወይ እቲ ገበን ንኽፍፀም ተግባር ምስንዳእ ምፍፃሙ እናፈለጠ ንዝምልከቶም ሰብ መዚ መንግስቲ ትግራይ ከየፍለጠ ዝተረፈ ወይ ዝካኣሎ ዘይገበረ ወይ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት



The Government Of the National State Of Tigrai

ወይ ንኸፍልጥ ዘይኽእሎ ግልፂ ዝኾነ ምኽንያት ከምዘለዎ እንተዘየረጋገጹ ካብ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

2. እቲ ገበን ዝተፈፀመ ውሽጣዊ ወይ ደጋዊ ድሕንነት ትግራይ ኣብ ዘስግእ ኩነት ኣብ እትርከበሉ ጊዜ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

3. እዚ ኩነታት እዚ ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ ንሰብ መዚ መንግስት ትግራይ ከፍልጥ ካብ ዘለዎ ግቡእ ወፃኢ ንምኧን እንትብል ነዚ ተግባር እዚ ዝፈፀመ ምሽጢር ስርሑ ወይ ሞይኡ ምኽንያት ክገብር ኣይኽእልን፣

4. ምስቲ ጥፍኣተኛ ዘለዎ ዝምድና ወይ ዝጠበቐ ርክብ ወይ ዕርክነት ኣብ ላዕሊ ንዝተጠቐሱ ዋኒናት ከም መከላኸሊ ምኽንያት ክኾኑ ኣይኽእሉን፣

5. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**<u>ዓንቀፅ 132. መሳርሒ ውግእ ሒዝካ ብምዕማፅ ወይ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ውግእ ብምልዓል ዝፍፀም ገበን</u>**

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ፣ ዝመፀሉ ከባቢ ፣ ገበን ዝፈፀመሉ ጊዜን ቦታን ብዘየገድስ ኮነ ኢሉ፦
   ሀ. ብሕገ-መንግስትን ካልኦት ሕግታትን ትግራይ ኣብ ልዕሊ ዝተጣየሹ ኣካላት መንግስቲ ወይ ሰብ መዚ መንግስቲ ትግራይ፣ ህዝቢ፣ ወይ ሰራዊት ወይ ሸፋቱ ብዕጥቂ ዝተሰነየ ዓመፅ ንኽልዕሉ ዝወደበ ወይ ዝመርሐ እንተኾይኑ፣ ወይ
   ለ. ንዜጋታት ወይ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ነበርቲ ንዝኾኑ ብምዕጣቕ ወይ ሓደ ወገን ኣብ ልዕሊ ካሊእ ወገን መሳርሒ ውግእ ከልዕል ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ዝበፅሕ መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

2. እቲ ዝተፈፀመ ገበን ኣብ ልዕሊ ደሕንነት ወይ ናብራ ህዝቢ ትግራይ ዝለዓለ ቀውሲ ወይ ምንጋዕ ዘስዓበ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

3. ዝኾነ ሰብ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብዝተገለፀ ኩነት ኣብ ዝተወደበ ወይ ኣብ ዝተለዓዓለ ምንቅስቓስ ብናይ ባዕሉ ፍቓድ ዝተኻፈለ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሰላሳ ሽሕ ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር ገንዘብ መቕፃዕቲ ይቕፃዕ፣

4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**<u>ዓንቀፅ 133. ጉቦ ምቕባልን ምሃብን</u>**

1. ዝኾነ መርማሪ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ወይ ሓለዋ ወይ ዓጃቢ ወይ ክትትልን ሓበሬታን ወይ ዳይና ወይ ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ ወይ ሹመኛ ወይ ዝኾነ በዓል መዚ ወይ ኣካል ምምሕዳር ብዝተወሃቦ ሓላፍነት ወይ ብዝተነበረሉ ግቡእ ስራሕ ክገብሮ ዘይግብእ ተግባር ንምፍፃም ወይ ክገብሮ ዝግባእ ንዘይምግባር ወይ ክሰርሖ ዝግባእ ብዝተፈለየ መንገዲ ንምፍፃም ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ንባዕሉ ወይ ንኻሊእ ሰብ ዘይግቡእ ረብሓ ንምርካብ ጉቦ ንኽወሃቦ ዝሓተተ ወይ ዝተቐበለ ወይ ቃል ተስፋ ዝተቐበለ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

2. ንዝተውሃቦ ሓላፍነት ወይ ዝተነበረሉ ግቡእ ንኽጥሕስ ዝተደለየሉ ዕላማ፣ ዝተረኸበ ረብሓ ወይ ጥቕሚ ዝለዓለ ምኳን፣ ብርኪ ሓላፍነት ወይ ስልጣን እቲ ጥፍኣተኛ ወይ ኣብ ልዕሊ ረብሓ ወይ ጥቕሚ ውልቀ ሰብ ፣ ህዝቢ ወይ መንግስቲ ትግራይ ዝበፀሐ ጉድኣት ዝለዓለ ምኳንን ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ ዝገብሮ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ክሳብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር ገንዘብ መፃዕቲ ይቕፃዕ፣

3. ኣብ ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ካብ ዝተዘርዘሩ ምኽንያታት ውሽጢ ክልተን ልዕሊኡን ተደራሪቦም እንትርከቡ እቲ ቕፅዓት ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

4. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ኣብ ትካላት መንግስቲ ፌደራል ንዝሰርሑ ሓለፍቲ ወይ ሰራሕተኛታት ተፈፃምነት ኣለዎ፣



ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
*The Government Of the National State Of Tigrai*

5. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ከከም ክብደቱን ዘርከቦ ውፅኢትን እናተመዘነ ከከም ኣግባብነቱ ድንጋገታት ንኡስ ዓንቀፅ (1)ን (2)ን ጉቦ ኣብ ዝሃበ ዝኾነ ሰብ ተፈፃሚ ይኸውን፣

6. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (5) እንተሃለወ'ውን ጉቦ ዝሃበ ሰብ ነቲ ጉቦ ዝተቐበለ ሰብ ተሓታቲ ንምግባር ብሕታዊ ምስክር እንተኾይኑ ወይ ዝሀበ ምስክርነት መሰረታውን ነቲ ገበነኛ ጥፍኣተኛ ንምግባር ወሳኒ እዩ ኢሉ ከሳሲ እንተኣሚኑ ካብ ክሲ ነፃ ክገብሮ ይኽእል፣

7. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሰተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 134.ሓሶት ምስክርነት**

1. ዝኾነ ሰብ ንመርማሪ ፖሊስ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ወይ ኣብ ቀዳሚ ምርመራ ንፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ቃል ምስክርነት ንሓደ ተኸራኻሪ ወገን ንምጥቃም ወይ ነቲ ኻሊእ ንምጕዳእ ሓሲቡ ቃል ምስክርነቱ ዝለወጠ ወይ ብሓሶት ዝመስከረ ወይ ሓሶት ዝኾነ ሞያዊ ሪኢቶ ዝሃበ ወይ ንሓቂ ዝሓበአ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓስርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. እቲ ምስክር ሓቂ ንኽምስክር ሚሒሉ ወይ መረጋገፂ ቃል ሂቡ እንተኾይኑ ብፍላይ እቲ ዝተደለየ ውፅኢት ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ዝተረኸበ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

3. ዝኾነ ሰብ ብገበን ኣንፃር ልኣላውነት፣ ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንዝተኸሰሰ ሰብ ሓሲዩ ብምምስካር ነፃ ክወፅእ ወይ ሓሲዩ ብምምስካር ክቕፃዕ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 135. ንምስክር ምፍርራሕ ወይ ምሕባል**

1. ብገበን ራዕዲ፣ ንገበን ራዕዲ ብገንዘብ ምሕጋዝ፣ ብገበን ዝተረኸበ ገንዘብ ወይ ንብረት ሕጋዊ ኣምሲለካ ምቕራብ፣ ብገበን ኣንፃር ኣንፃር ልኣላውነት፣ ደሕንነትን ህልውናን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝተፈፀመ ገበን ምስክር ንዝኾነን ወይ ምስክር ክኸውን ንዝኽእል ሰብ ንኸይምስክር ወይ ሓሲዩ ንክምስክር ዝሓበለ ወይ ዘፈራረሐ ወይ ፀቕጢ ዝፈጠረ ወይ ኣብ ልዕሊ እቲ ምስክር ወይ ምስቲ ምስክር ዝቐረበ ርክብ ኣብ ዘለዎ ሰብ ተግባር ሓይሊ ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. ብምኽንያት ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ተግባራት እቲ ምስክር እንተጠፊኡ ወይ ቃል ምስክርነቱ እንተለዊጡ ወይ ሓሲዩ እንተመስኪሩን በዚ ምኽንያት ተኸሳሲ ነፃ እንተወፂዩ ወይ ሓሲዩ ብምምስካር ብዘይገበሮ ገበን ክቕፃዕ እንተገይሩ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ኽሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 136. ግቡእ ምፍፃም ወይ ግቡእ ምትሕብባር ብምጥሓስ ዝፍፀም ገበን

1. ዝኾነ ሰብ ህልውናን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባርን ፀላኢ ንምምካትን ብመንግስትን ህዝብን ትግራይ ዝተነፀረ ዕላማ ንምስኻዕ ወይ ብወራሪ ሓይሊ ንዝበፅሕ ሓደጋ ንምክልኻል ወይ ንምንካይ ዘኽእል ስራሕ ክሰርሕ ወይ ከጓዓዕዝ ዝግበኦ ከነዓዕዝ ወይ ክዕቅብ ዝግበኦ ክዕቅብ ወይ ክሕሎ ዝግበኦ ደሕንነት ዝምልከት ምሽጥር ከይባኽን ወይ ኩነታት ፀላኢ ዝምልከት ሓበሬታን መረዳእታን ንወገን ክህብ ብሕጊ ወይ ብምምሕዳራዊ ውሳነ ዝተገበረሉ ግቡእ ምፍፃም ወይ ግቡእ ምትሕብባር ዝጠሓሰ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. ዝኾነ ሕጋዊ ሰውነት ዘለዎ ትካል ደሕንነት ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባር ብፅሒቱ ከወፊ ብሕጊ ወይ ብምምሕዳራዊ ውሳነ ግቡእ ምፍፃም ወይ ግቡእ ምትሕብባር ዝተነበረሉ ኮይኑ ነዚ ዘይፈፀመ ወይ ዘይተሓባበረ እንተኾይኑ ነቲ ትካል ዝመርሕ ሰብ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተደንገገ ቅፅዓት ይቕፃዕ፣

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (2) ዝተቐመጠ ገበን ዝፈፀመ ትካል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 148 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ፣

4. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (3) ሕሉው ኾይኑ ኣፈፃፅማ እቲ ገበንን ዘስዓቦ ውፅኢትን ከቢድ እንተኾይኑ ንግዲ ፍቓዱ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ክእገድ ወይ መሊኡ ክስረዝ ክውሰነሉ ይኽእል፣

5. ግቡእ ምፍፃም ወይ ግቡእ ምትሕብባር ብምጥሓስ ዝተፈፀመ ገበን ብተሽከርካሪ እንተኾይኑ ኣብቲ ገበን ዝተፈፀመሉ መራሒ መኪና ዝነበረ ወይ በዓል ዋና ወይ ኣብቲ ገበን ዝተሳተፈ ሰብ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተቐመጠ ቕፅዓት ተቐፂሁ መዘወሪ ፍቓዱ ወይ ንግዲ ፍቓዱ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ክእገድ ወይ መሊኡ ክስረዝ ክውሰነሉ ይኽእል።

## ክፍሊ ሽዱሽተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋጋት

### ዓንቀፅ 137. መሰል ውሕስና

1. ብመሰረት እቲ ኣዋጅን እዚ ደንብን ብፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ካብ ዝርአዩ ዋኒናት ውሽጢ ካብ ዓንቀፅ 78 ክሳብ ዓንቀፅ 98፣ ከምኡ'ውን ዓንቀፅ 100 ፣ 101 ፣ 103፣ 104፣ 106፣ 107፣ 108፣ 109፣ 110፣111፣ 112፣ 113፣ 117፣ 118፣ 119፣ 120፣ 121፣ 127፣ 128፣ 129፣ 130፣ 131፣ 132፣ 133፣ 135 ዝተገለፁ ገበናት ብምፍፃም ዝተጠርጠረ ወይ ዝተኸሰሰ ሰብ ውሕስና ኣይፍቀደሉን፣ ምፅራይ ከይተወደአ መጠርጠሪ ምኽንያት የብሉን ኢልካ ምፍታሕ ኣይፍቀድን፣ ብዝኾነ ምኽንያት ውሕስና እንተተፈቒዱሉ ወይ ምፅራይ ከይተወደአ መጠርጠሪ ምኽንያት የብሉን ብዝብል እንተተፈቲሑ መርማሪ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ሽዑ ንሽዑ ብፅሑፍ ይግባኣኒ እንተተሓቲቱ እቲ ውሳነ ተግባራዊ ከይኮነ ይፀንሕ፣መርማሪ ፖሊስ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ንተጠርጣሪ ወይ ተኸሳሲ ክፈትሕ ኣይግደድን፣

2. ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ካብ ዝተገለፁ ገበናት ወፃኢ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዝተደንገጉ ገበናት ሕቶ ውሕስና እንትቐርበሉ ብመሰረት ስነ-ስርዓት መቕፅዒ ሕጊ ገበን ዓንቀፅ 63ን 67ን ውሕስና ክህብ ወይ ክኸልክል ይኽእል።

### ዓንቀፅ 138. ይግባኣኒ

1. ብመሰረት እዚ ደንቢ ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝተውሃበ ውሳነ ቅርታ ዘለዎ ወገን እቲ ውሳነ ካብ ዝተውሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ናብ ፍሉይ መጋበእያ ወረዳ ቤት ፍርዲ ይግባኣኒ ክቕርብ ይኽእል፣

2. ይግበኣኒ ዝቐረበሉ ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ወረዳ ንውሳነ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ እንተፅዲቕዎ መወዳእታ ይኸውን፣

3. ፍሉይ መጋበእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ወረዳ ንውሳነ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ እንተለዊጥዎ ወይ ብኽፋል እንተመሓይሽዎ በዚ ውሳነ ቅርታ ዘለዎ ወገን ውሳነ ቤት ፍርዲ ካብ ዝተውሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ንዝቐርበሉ ይግበኣኒ ሪኡ ክውስን ስልጣን ኣለዎ፣ ፍሉይ መጋበእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንውሳነ ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ወረዳ እንተፅዲቑዎ መወዳእታ ይኸውን፣

4. ፍሉይ መጋበእያ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ክፍፍል ስልጣን ፍሉይ መጋበእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝወሰኖ ቀጥታ ክስን ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ወረዳ ኣብ ዝሃቦ ውሳነ ብሙሉእ ወይ ብክፋል እንተቐይርዎ ወይ እንተመሓይሽዎ በዚ ውሳነ ቅርታ ዘለዎ ወገን ውሳነ ካብ ዝተውሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ንዝቐረበሉ ይግበኣኒ ሪኡ ክውስን ስልጣን ኣለዎ፣

5. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 እንተሃለወ 'ውን ፍሉይ መጋበእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣብ ምትሕልላፍ ደንቢ ወይ ግምቱ ሓምሳ ሽሕን ትሕቲኡን ኣብ ዝኾነ ዋኒን ፍትሃብሄር ኣብ ዝሃቦ ውሳነ ናብ ፍሉይ መጋበእያ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብይግበኣኒ ክቐርብ ኣይኽእልን፣

6. ኣብ ኩሎም ፍሉይ መጋበእያ ኣብያተ ፍርዲ መንግስቲ ትግራይዝተፈፀመ መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ኣሎ ኢሉ ዝኣምን ወገን እቲ ውሳነ ካብ ዝተውሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ንክእረመሉ ናብ ሰበር መጋበእያ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ክቐርብ ይኽእል፣

7. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 6 እንተሃለወ 'ውን ግምቱ ሓምሳ ሽሕን ትሕቲኡን ኣብ ዝኾነ ዋኒን ፍትሃብሄርን ምትሕልላፍ ደንቢን ኣብ ዝተወሰነ ውሳነ መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ተፈፂሙ እዩ ኢልካ ናብ ፍሉይ ሰበር መጋበእያ ምቕራብ ኣይከኣልን፣ ይኹን እምበር ስልጣን ኣብ ዘይብሉ ዝተወሃበ ውሳነ ወይ ክሲ ምቕራብ ዘኽእል ምኽንያት የለን ተባሂሉ ኣብ ዝወሃብ ውሳነ ናብ ሰበር መጋበእያ ምቕራብ ኣይኽልከልን፣

8. ፍሉይ ሰበር መጋበእያ መንግስቲ ትግራይ ብሙሉእ ድምፂ ወይ ብኣብዘሓ ድምፂ ዝሃቦ ውሳነ መወዳእታን ገዛእን ኮይኑ ኣብ ኩሎ ምፍሉይ መጋበእያ ኣብያተ ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ሕጊ ኮይኑ የገልግል፣

9. ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተቐመጠ መቕረቢ ጊዜ ይግበኣኒን ሰበርን ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ጊዜ ዝሓለፈ እንተኾይኑ ፍሉይ መጋበእያ ኩነታቱ መርሚሩ ኣድላዪ ዝኾነ ውሳነ ክህብ ይኽእል፣

10. ኣብ ፈላማይ ብርኪ ስልጣን ምድናይ ኣብ ዘለዎ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ዘይተልዓለ ወይ ክርክር ዘይተገበረሉ ዋኒን ኣብ ከይዲ ይግበኣኒ ምልዓል ኣይከኣልን፣

11. ዋኒናት ፍትሃብሄር ዝምልከት እንተኾይኑ ኣግባብነት ብዘለዎ ሕጊ ፍትሃብሄር ዝፍፀም ይኸውን።

## ዓንቀፅ 139. ኣወሳስና ቕፅዓትን ዝርዝር ስነ-ስርዓትን

1. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ፍሉይ መጋበእያ ኣብያተ ፍርዲ ተፈፃምነት ዘለዎ መምርሒ ኣወሳስና ቕፅዓትን ዝርዝር ስነ ስርዓትን የውፅእ፣

2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ብዝወፅእ መምርሒ ኣወሳስና ቕፅዓት ኣብዚ ደንቢ ካብ ዝተቐመጠ ዝተሓተ መበገሲ ቕፅዓት ንታሕቲ ዘውርድ ወይ ካብ ናሕሲ ንላዕሊ ዘደየብ ቕፅዓት ዘውህብ ክኸውን የብሉን።

## ዓንቀፅ 140. ዘበን ይርጋዕ

1. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝርኣዩ ዋኒናት ገበን ይኹን ምትሕልላፍ ደንቢ ዘበን ይርጋዕ ፣ ኣቆፃፅርኡ ፣ ይርጋዕ ዝቋረፀሉ ዝርዝር መምርሒ የውፅእ፣

2. ኣብ ሕገ መንግስቲ ትግራይን ዓለም ለኸ ስምምዓትን ዝተገለፁ ገበናት ከምኡ ውን ገበን ራዕዲ፣ ንገበን ራዕዲ ብገንዘብ ምሕጋዝ ፣ ብገበን ዝተረኸበ ገንዘብ ወይ ንብረት ሕጋዊ ኣምሲልካ ምቕራብ ብይርጋዕ ኣይእገዱን።



ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
The Government Of the National State Of Tigrai

## ዓንቀፅ 141. ተኸሳሲ ብዘየለሉ መዝገብ ዝረኣየሉ ስነ-ስርዓት

1. ዝኾነ ሰብ ስልጣኑ ኣብ ፍሉይ መጋበእያ መንግስቲ ትግራይ ብዝወድቕ ገበን እንተተኸሲሱ እቲ ተኸሳሲ ኣብ እምነት ክሕደት ቃል ምስማዕ እንተዘይቀረቡ ወይ ምስክር ዓቃቢ ሕጊ ንምስማዕ ኣብ ዝተተሓዘ ቆፀሮ ዘይቀረበ እንተኾይኑ ኣግባብነት ዘለዎ ጋዜጣ መቓልሕ ትግራይ ብስሩዕ ምሕታም ክሳብ ዝጅምር ህዝቢ ክረኦ ኣብ ዝኽእል ምልክታ መጠቐዒ ሰሌዳ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ ስራሕ ከባብያዊ ምልክታ ተለጢፉ መፀዋዕታ ይግበረሉ፣

2. ብመሰረት ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1 መፀዋዐታ ተገይርሉ ዘይቀረበ ተኸሳሲ ክቐርብ ከምዘይደለየ ተሓሲቡ እቲ መዝገብ ተኸሳሲ ብዘየለሉ ይረአ፣

3. እቲ ተኸሳሲ ኣብ ግዜ ቆፀርኡ ዘይቀረበ መከላኸሊ ምስክር ተኸሳሲ ንምስማዕ ኣብ ዝተቖፀረሉ ጊዜ እንተኾይኑ ካልእ ተወሳኺ ስነ ስርዓት ከየድለየ ተኸሳሲ ዘለዎ መሰል ምክልኻል ተሓሊፉ እቲ መዝገብ ተኸሳሲ ብዘየለሉ ውሳነ ክረክብ ይግበር፣

4. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1፣ 2፣ 3 እንተሃለወ እውን ተኸሳሲ ክቐርብ ዘይከኣለ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ምዃኑ ፍሉይ መጋብኣያ ቤት ፍርዲ እንተኣሚንሉ ዳግም ንኽርአ ክውስን ይኽእል፣

5. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ከከም ኣግባብነቱ ኣብ ከይዲ ይግባእኒ'ውን ተፈፃሚነት ይህልዎ።

## ዓንቀፅ 142. ኣጣሚርካ ምኽሳስ

1. ዝኾነ ሰብ ብሓደ ተግባር ኣብ ሓደ ጊዜ ወይ ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜ ብዙሓት ድንጋገታት ሕጊ ወይ ሓደ ድንጋገ ብምጥሓስ ኣብ ልዕሊ ሓደ ሰብ ወይ ብዙሓት ሰባት ጉድኣት እንተብፂሑ እቲ ዝፈፀሞ ተግባር ብመሰረት እዚ ደንቢ ዝተቐመጠ ክፍፍል ስልጣን ምድናይ ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ፣ ፍሉይ መጋበእያ ወረዳ፣ ፍሉይ መጋበእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዝወድቕ እንተኾይኑ እቲ ክሲ ተጣሚሩ ኣብቲ ዝለዓለ ቕፅዓት ብዘቕፅዕ ዝተፈፀመ ገበን ንኽዳኒ ስልጣን ዝተወሃበ ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ይኸውን፣

2. ዝኾነ ሰብ ኣብ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርድን  ኣብ ስሩዕ ቤት ፍርድን ክረአ ዝኽእል ገበን እንተተፈፂሙ ተጠሚሩ ስልጣን ኣብ ዘለዎ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ይረአ፣

3. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እንተሃለወ'"ውን እቲ ዝተፈፀመ ተግባር ምትሕልላፍ ደንቢ እንተኾይኑ ምስ ካሊእ ገበን ኣጣሚርካ ምኽሳስ ኣይከኣልን፣

4. ኣጣሚርካ ኣብ ዝቐረበ ክሲ ዝውሰን ቅፅዓት መበገስን ናሕስን እቲ ዝለዓለ ቅፅዓት ዘውህብ ድንጋገ ብምውሳድ ይኸውን።

**<u>ዓንቀፅ 143. ምምሕያሽ ክሲ ገበን</u>**

ዓቃቢ ሕጊ ንውሳነ ዝተቖፀረ መዝገብ እንተዘይኮይኑ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ሓድሽ ዝተወሰኸ ነቲ ገበን ዘጣይሽ ፍር-ነገር ወይ ፍረ ሓሳብ እንትህሉ ወይ ብምኽንያት ምምሕያሽ ሕጊ ለውጢ ዓንቀፅ እንትግበር ወይ ኣብቲ ክሲ ዝተዘለሉ ፍረ ሓሳባት እንትህልዉ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ክሲ ምምሕያሽ ኣድላዪ እዩ ኢሉ እንትኣምን ንቤት ፍርዲ ኣፍሊጡ ክሲ ክማሓይሽ ይኽእል።

**<u>ዓንቀፅ 144. ብጠበቓ ምውካል</u>**

ስልጣን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝኾኑ ዋኒናት ገበን፣ ምትሕልላፍ ደንብን ፍትሃብሄርን ብጠበቃ ወኪልካ ምክርኻር ኣይከኣልን፣ ይኹን እምበር ብይግበኣኒ ናብ ፍሉይ መጋባእያ ምስመፀ ብጠበቓ ወኪልካ ንምክርኻር ኣይኽልከልን።

**<u>ዓንቀፅ 145. ዝተወድኡ ዋኒናት ዳግም ምርኣይ ዘይከኣል ብዛዕባ ምኺኑ</u>**

**1.** ብመሰረት ስሪት ስልጣን ምውሳን ብዝነበሮ ዝምልከቶ ኣካል ብመሰረት መመሓየሺ ቁፅሪ ኣዋጅ 359/2014 ዓንቀፅ 16 ንኡስ ዓንቀፅ (2) ቅድሚ መስከረም 7/2014 ዓ/ም ኣብ ዝተወሰኑ ዋኒናት ገበንን ፍትሃብሄርን ዝተወሰዱ ስጉምታትን ዳግም ክርኣዩ ወይ ክሲ ክቐርበሎም ወይ ይግበኣኒ ክሕተተሎም ኣይኽእልን፣

2. ብመሰረት ስሪት ተወሲኖም ብመሰረት ቁፅሪ ደንቢ 115/2014 ብፍሉይ መጋባእያ ወይ ብስሩዕ ቤት ፍርዲ  ይግባኣኒ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ዝተሰዓሩ ወይ ዝተለወጡ ዋኒናት ገበንን



The Government Of the National State Of Tigray

ፍትሃብሄርን ካብ መፈለምትኡ ከምዘይተወሰኑ ተቆፂሩ እቲ ብስረት ዝተውሃበ ውሳነ ተፈፃምነት ይህልዎ፣

3. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ከምዘለዎ ኮይኑ ኣብ ዝኾነ ብርኪ ኣብ ከይዲ ይግባኣኒ ዝርከቡ ዋኒናት ደው ክብሉ ብምግባር ብመሰረት ስረት ዝተወሰኑ ውሳነታት ተፈፃምነት ይህልዎም።

**ዓንቀፅ 146. ምኽያድ ቀዳሚ ምርመራ**

1. ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝርከብ ዓቃቢ ሕጊ ካብ ዓንቀፅ 78 ክሳብ ዓንቀፅ 89፣ 96፣ 109፣ 120፣ 129፣ 130 እዚ ደንቢ ኣብ ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ኣብ ዝኾነ ብርኪ ኣብ ዝርከብ ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ መሰኻኽሩ ብቀዳሚ ምርመራ ክሰምዑ ክገብር ኣለዎ፣

2. ዓቃቢ ሕጊ ኣድላዪ ኮይኑ እንተረኺብዎ ኣብ ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ዝተቐመጡ ገበናት ወፃኢ ቀዳሚ ምርመራ ክሰምዑ ክገብር ይኽእል፣

3. ኣብ ቀዳሚ ምርመራ ዝተውሃበ ቃል እምነት ተጠርጣሪ፣ ቃል ምስክርነት ኣብ ከይዲ መጋበእያ ከም ብቑዕ መረዳእታ ኮይኑ የገልግል፣

4. ኣብ እዋን ቀዳሚ ምርመራ ጠበቓ ተኸሳሲ ዘይምንባሩ ወይ ጠበቓ ዘይምግባሩ ወይ ነቶም መሰኻኽር መስቀለኛ ሕቶ ዘይምቕራቡ መሰኻኽር ንዝሃብዎ ቃል ምስክርነት ውፅኢት ኣየስእኖን።

**ዓንቀፅ 147. ስነ-ስርዓት ምስማዕን ተቐባልነትን መረዳእታ**

1. ድሕንነትን ሓለዋን መሰኻኽር ንምርግጋፅ ክበሃል ኣብዚ ደንቢ ካብ ዓንቀፅ 78 ክሳብ ዓንቀፅ 89፣ 96፣ 109፣ 120፣ 129፣ 130 ኣብ ዝተደንገጉ ዋኒናት ኣብ እዋን ቀዳሚ ምርመራ ኮነ ኣብ ከይዲ መጋበእያ ዝወሃብ ምስክርነት ብሕቡእ ወይ ኣብ ድሕሪ መጋረጃ ክኸውን ኣለዎ፣ እቲ ከይዲ መጋበእያ 'ውን ዕፁው ይኸውን፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ዝተደንገጉ ድንጋገታት ወፃኢ ኣብ ዘለዉ ገበናት ዝካየድ ምስማዕ ምስክርነት ኣብ ግልፂ ወይ ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ዕፁው መጋበእያ ይኸውን፣



The Government Of the National State Of Tigray

3. ንመርማሪ ዝተውሃበ ቃል ተጠርጣሪ ወይ ቃል ምስክርነት መሰኻኸር ወይ ኣብ ከይዲ ምፅራይ ዝነበሩ ደረጃ መሰኻኸር ዝሃብዎ ቃል ምስክርነት ወይ ምስክርነት ናይ ሰማዒ ሰማዒ ወይ ነዚ ከረድኡ ዝኽእሉ ሰነዳት ወይ ውፅኢት ምርመራ ቴክኖሎጂ ወይ ሞያዊ ምስክርነት ክህቡ ዝኽእሉ ዝህብዎ ሞያዊ ምስክርነት ኣብ ዝኾነ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ከም መረዳእታ ኮይኑ የገልግል።

## ዓንቀፅ 148. መትከል ኣወሳስና ቅፅዓት ገንዘብ

ኣብዚ ደንቢ ብማእሰርቲ ዘቕፅዑ ገበናት ተደንጊጎም ኣብ ዝርከብሉ እዋን ቅፅዓት ዝወሃብ ኣብ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ትካል እንተኾይኑ፦

1. ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ዘቕፅዕ ገበን ከከም ክብደት እቲ ገበን ክሳብ ሓሙሽተ ሚኢቲ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣

2. ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ማእሰርቲ ዘቕፅዕ ገበን ከከም ክብደት እቲ ገበን ካብ ሓሙሽተ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚልየን ይቕፃዕ፣

3. ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ወይ ሞት ዘቕፅዕ ገበን ከከም ክብደት እቲ ገበን ካብ ሓደ ሚልየን ክሳብ ክልተ ሚልየን ብር ይቕፃዕ፣

## ዓንቀፅ 149. ኣፈፃፅማ ዉሳነ

1. ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ይኹን ብፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ መቕፃዕቲ ገንዘብ ዝተወሰኖ ዝኾነ ሰብ ኣብ ትካላት ፋይናንስ ገንዘብ ዘይምህላዉ ኣብ ግምት ብምእታው ንቅድሚት ዝተወሰነሉ ቅፅዓት ንክኸፍል ብቑዕ ዉሕስና ከትሕዝ ወይ ክገብር ብምግባር እቲ ዉሳነ ዝሃበ ማሕበራዊ ቤት ፍርድ ቤት ወይ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ክፍታሕ ክእዝዝ ይኽእል፣

2. ብፍሉይ መጋባእያ ዝተወሰነ ቅፅዓት ዓቕሚ ምኽፋል ዘይብሉ ምዃኑ እንተተረጋጊፁ ብመሰረት ኣብ ስራሕ ዘሎ ሕጊ ናብ ጉልበት ስራሕ ክልውጠሉ ይኽእል።

*The Government Of the National State Of Tigrai*

**ዓንቀፅ 150. ምምዳብ ፍሉይ መጋበእያ**

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ዝዳንዩ ካብ ወረዳ ክሳብ ብብርኪ መንግስቲ ትግራይ ውሳነ ዝሀብ ፍሉይ መጋበእያ ክምድብን ዝርዝር ኣፈፃፀምኡ ብመምርሒ ክውስንን ሓላፍነት ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 151. መሰጋገሪ ድንጋገ**

1. ኣብ ከይዲ ዝፀንሐ ቀጥታ ክሲ ገበን ይኹን ፍትሃብሄር ንውሳነ ዝተቆፀረ እንተኮይኑ ብመሰረት እዚ ደንቢ ስልጣን ምድናይ ናብ ዝተውሃቦ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ይመሓላለፍ፣
2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1)እንተሃለወ እዉን ቅድሚ ዉግእ ምጅማሩ ነቲ ዋኒን ሒዙ ኣብ ዝነበረ ቤት ፍርዲ ምስክር ተሰሚዑ ንዉሳነ ዝተቆፀረ ወይ መከላኸሊ ምስክር ምስማዕ ዝተረፎ ገበን ይኹን ፍታቢሄር መዝገብ በቲ ሒዝዎ ዝነበረ ቤት ፍርዲ መዕለቢ ዝረክብ ይኸዉን፣
3. ኣብ ከይዲ ዝፀንሑ ስልጣን ፌደራል ዝኾኑ ገበናት ግዕዝይና ምፅራይ ይኹን ምኽሳስ ናብ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን መንግስቲ ትግራይን መሓውሩን ይመሓላለፍ።

**ዓንቀፅ 152. ይቅርታን ምሕረትን**

1. ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ሰራሕ ብፍሉይ መጋበእያ ወይ ብስሩዕ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ዝተወሰነ ቕፅዓት ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ብይቅርታ ክሕለፍ ወይ ናብ ዝነኣሰ ቅፅዓት ክልወጥ ክውስን ይኽእል፣
2. ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብርኪ ክብደት እቲ ዝተፈፀመ ገበን ብዘየገድስ ብግልፂ ኣብዚ ደንቢ ዝተኸልከለ እንተዘይኮይኑ ብዋናነት ይኹን ብተወሳኺ ተፈፃሚ ኣብ ዝኾኑ ቅፅዓታት ስጉምቲ ጥንቃቐ ይቅርታ ክገብር ይኽእል፣
3. ኩነታት ኣወሃህባ ይቅርታን ገደብን ዝምልከት ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን፣

4. ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ንኹነታት ብምግምጋም ምሕረት ምሃብ ኣድላይን ጠቓምን ኮይኑ ኣብ ዝረኸበሉ እዋን ንሓደ ዓይነት ገበን ወይ ኣብ ሓደ ብርኪ ንዝርከቡ ገበነኛታት ወይ ገበነኛ ብዘይምንም ገደብ ወይ ብውሱን ገደባት ወይ ግቡኣት ብቢሮ ፍትሕን ቢሮ ፀጥታን ምምሕዳርን መንግስቲ ትግራይ መበገሲ ውሳነ ሓሳብ ክቐርበሉ ብምግባር ጠቕላላ ምሕረት ክህብ ይኽእል፣

5. ምሕረት እንትወሃብ ዕላማ እቲ ምሕረት፣ መንነት ተጠቃሚ እቲ ምሕረትን ወሰን ተፈፃምነት እቲ ምሕረትን ብግልፂ ክውሰን ኣለዎ፣

6. ምሕረት ካብ ዝተወሃበሉ ጊዜ ጀሚሩ ዝኾነ ክሲ ገበን ከይጅመር ወይ ከይቕፀል ይእግድ፣

7. ምሕረት ኣብ ዝወሃበሉ ዋኒን ቅፅዓት ተወሲኑ እንተነይሩ እቲ ዝተወሃበ ምሕረት ነቲ ቅፅዓትን እቲ ቅፅዓት ዘስዐቦ ንዝኾነ ካሊእ ውፅኢት ገበን ዘትርፍን ተዋሂቡ ዝነበረ ውሳነ ጥፍኣተኝነት ከምዘይነበረ ተቖፂሩ ካብ መዝገብ ገበነኛታት ይስረዝ፣

8. ዝተወሃበ ውሳነ ይቅርታ ብኮሚሽን ምምሕዳር ኣብያተ ህንፀት ፣ ዝተወሃበ ውሳነ ምሕረት ብቢሮ ፍትሒ ንኽፍፀም ብፕሬዚደንት መንግስቲ ትግራይ ዝተፈረመ መምርሒ ስራሕ ይወሃብ።

## ዓንቀፅ 153. ዝተኽልኽሉ ተግባራት

1. ካብ ተጠርጣሪ ወይ ተኸሳሲ ዝኾነ ንብረት ወይ ገንዘብ ከቕምጠልካ ኢልካ ወይ ባዕልኻ ፈቲኽካ ንባዕልኻ ምጥቃም ወይ ካልእ ሰብ ክጥቀመሉ ምግባር ዝተኸልከለ እዩ፣

2. ብኤግዚቢት ዝተተሓዘ ዝኾነ ዓይነት ንብረት ወይ ገንዘብ ብሕጊ ካብ ዝተፈቐደ ቦታ ወይ ንኽሕዝ ብሕጊ ካብ ዝተፈቐደሉ ሰብ ወፃኢ ምቕማጥ ወይ ምሓዝ ወይ ንባዕልኻ ምጥቃም ወይ ብሕጊ ንዘይተፈቐደሉ ኣካል ኣሕሊፍካ ምሃብ ዝተኸልከለ እዩ፣

3. ዝኾነ መርማሪ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ወይ ሓለዋ ወይ ክትትልን ሓበሬታን ተጠርጣሪ ወይ ተኸሳሲ ዘቕመጦ ዝኾነ ዓይነት ንብረት ወይ ገንዘብ ብዝኾነ ምኽንያት ንባዕልኻ ምውሳድ ወይ ካብ ሕጊ ወፃኢ ካሊእ ሰብ ክወስዶ ኣሕሊፍካ ምሃብ ወይ ምስራቕ ዝተኸልከለ እዩ፣

4. ዝኾነ መርማሪ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ወይ ሓለዋ ወይ ዓጃቢ ወይ ክትትልን ሓበሬታን ብሕጊ ወይ ነቲ ምፅራይ ብዝመርሕ ዓቃቢ ሕጊ ወይ መተሓባበሪ ፖሊስ ምፅራይ ወይ ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ ካብዝ ዝተኣዘዘን ዝተፈቐደን ወፃኢ ብናይ ባዕልኻ ፍቓድ ንተጠርጣሪ ወይ ተኸሳሲ ክዘዋወር ወይ ክውዕልን ክሓድርን ወይ ምስ ዝኾነ ሰብ ወይ ዝኾነ ኣካል ክራኸብ ምግባር ዝተኸልከ እዩ፣

5. ኣብ ኣዋጅን ደንብን ህፁፅ እዋን ውሕስና ኣየውሀብን ብዝተበሃሉ ገበናት ዝተጠርጠረ ወይ ዝተኸሰሰ ሰብ ውሕስና ምፍቃድ ወይ ምፅራይ ክይተወደአ መጠርጠሪ ምኽንያት የብሉን ኢልካ ምፍታሕ ወይ ክፍታሕ ምእዛዝ ዝተኸልከለ እዩ፣

6. ብገበን ኣንፃር ልኣላውነት ፣ ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ዝተጠርጠረ ሰብ ክሲ ተመስሪትዎ ክርክር ተኻይዱ ብቤት ፍርዲ ኣይተመስከረሉን ወይ ብመከላኸሊ ምስክር ኣፍሪስዎ እዩ ተባሂሉ ክይተወሰነሉ ዝኾነ ዓቃቢ ሕጊ ባዕሉ መከላኸሊ ምስክር ክሰምዕን በዚ ዝተፃረየ ምርመራ መዝገብ ክዓፁ ክልኩል እዩ፣

7. ካብ መርማሪ ፖሊስ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ወይ ቤት ፍርዲ ካብ ዝተወሃበ ትእዛዝ ወፃኢ ዝኾነ ሰብ ሓበሬታ ካብ ምሃብ ወይ ንተጠርጣሪ ሒዙ ናብ መርማሪ ፖሊስ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ካብ ምቕራብ ወፃኢ ባዕሉ ንዝኾነ ሰብ ብዝኾነ ዓይነት ገበን ዝተጠርጠረ ሰብ ክኣስር ወይ ክፈትሕ ወይ ኣብ ኣካላት ፍትሒ ዘየድሊ ፅዕንቶ ምፍጣር ዝተኸልከለ እዩ፣

8. ግልፂ ድንጋገ ኣዋጅን ደንብን ህፁፅ እዋን ብምጥሓስ ዝኾነ ውሳነ ምሃብ ወይ ምእዛዝ ወይ ዝኾነ ተግባር ምፍፃም ዝተኸልከለ እዩ፣

9. ብገበን ኣንፃር ልኣላውነት ፣ ህልውናን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ወይ በዚ ደንቢ ውሕስና ብዝኸልክል ገበን ዝተጠርጠረ ወይ ዝተኸሰሰ ሰብ ውሕስና እንተተፈቐዱሉ ወይ ምፅራይ ክይተወደአ መጠርጠሪ ምኽንያት የብሉንተባሂሉ ንኽፍታሕ እንትውሰን ሽው ንሽው ብፅሑፍ ይግባኣኒ ዘይምሕታትን ሕጋዊ ግቡኡኽ ዘይምፍፃምን ወይ ግቡእ ምፅራይ ክይተገበረሉ ወይ እኹል መረዳእታ እናሃለወ መዝገብ ዓፂኻ ተጠርጣሪ ምፍታሕ ዝተኸልከለ እዩ፣

10. ንተኸሳሲ ይጠቅም እዩ ብዝብል ትርጉም ቅፅዓት ብዝንኪ ኣግባብ ምውሳን ኣይከኣልን።

**ዓንቀፅ 154. ምድፋር መጋባእያ**

ዝኾነ ሰብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ምርመራ ወይ ስራሕ ፍርዲ ኣብ ዘካይደሉ ወይ ኣብ ዝፍፅመሉ ግዜ:-

1. ነቲ ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ስራሕ ዳይነት ኣብ ምፍፃም ንዘሎ ዳይና ብዝኾነ መንገዲ ዝፀረፈ ወይ ዝሃወኸ ወይ ዘባጨወ ወይ ዝተሳለቐ እንተኾይኑ ፣ወይ
2. ስራሕ እቲ ቤት ፍርዲ ብዝኾነ ካልእ መንገዲ ዝሃወኸ እንተኾይኑ እቲ ቤት ፍርዲ ቆፀሮ ከይሃበ ሸው ንሸው ኣብ ልዕሊ እቲ ጥፋኣተኛ ካብ ሓደ ዓመት ብዘይበልፅ ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሰለስተ ሽሕ ብር ብዘይበልፅ መቕፃዕቲ ገንዘብ ክቕፃዕ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 155. ተሓታትነት**

ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 153 ዝተደንገገ ክልከላ ዝጥሓሰ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 136 ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተቐመጠ ቕፅዓት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 156. ምክያድ ፍሉይ ወፍሪ ምሓዝን ምፅራይን ተጠርጠርቲ**

1. መንግስቲ ትግራይ ንሰላምን ፀጥታን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣብ ስግኣት ዘውድቕ ወይ ከውድቕ ዝኽእል ኩነታት ኣሎ ኢሉ እንትኣምን ኣብ ዝኾነ ቦታን ጊዜን ብዘይ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ፍሉይ ወፍሪ ምሓዝን ምፅራይን ተጠርጣሪ ንክካየድ መምርሒ ስራሕ ወይ ትእዛዝ ክህብ ይኽእል፣
2. ነዚ ወፍሪ ዘካይዱ ኣካላት ከከምኣድላይነቱ በቢብርኩ ዝርከቡ ኣካላት ፀጥታ፣ ፍትሒ፣ ኣባላት ሰራዊት ትግራይን መርመርትን ተዋዲዶም ክፍፅምዎ ክገብር ይኽእል፣
3. በዚ ወፍሪ ዝተተሓዙ ሰባት ክሳብ ብርኪ ዝፈፀምዎ ገበን ዝፍለ ኣድላይ ንዝኾነ ጊዜ ምስዝኾነ ሰብ ከይራኸቡ ንቤት ፍርዲ ከይቀረቡ ስራሕቲ ምፍላይ ክካየድ ይግበር፣
4. ስራሕቲ ምፍላይ ዘካይዱ በቢብርኩ ዘለዉ ኣካላት ፀጥታ፣ መተሓባበሪ ፍትሒ ኮሚቴ መኸተ፣ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ዓቃቢ ሕጊ፣ መተሓባበሪ ምፅራይ ከይኖም ኣብ ከይዲ ምፍላይ ብገበን

ዘሕትት ዘይብሉ ዝተትሓዘ ሰብ እንትህልው ብቃለጉባኤ ዝተሰነየ ውሳነ ብምሃብ ብዘይካልእ ተወሳኺ ስነ-ስርዓት ነቲ ዝተትሓዘ ሰብ ክፈትሑ ይኽእሉ፣

5. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (4) እንተሃለወ'ውን ብህዝቢ ብዝቐረበ ጥቆማ ዝተትሓዘ እንተኾይኑ ቅድሚ ምፍታሕ በቢብርኩ ምስዘለዉ ኮሚቴ መኸተ ብምርድዳእ ህዝቢ ሪኢቶ ክህበሉ ክግበር ኣለዎ፣

6. ስራሕቲ ምፍላይን ምፅራይን ንኽሳለጥ ብዘይ ምንም ጊዜ ገደብ ስራሕቲ ምፍላይን ምፅራይን ክካየድ ኣለዎ፣

7. ድሕሪ ምዝዛም ምፍላይ ተጠርጠርቲ ስርዓቱ ሓሊዩ ናብ በቢብርኩ ዝርከብ ዝኾነ ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ብመሰረት እዚ ደንቢ ጊዜ ቆፀሮ እናሓተትካ ስራሕቲ ምፅራይ ይካየድ፣

8. ዝኾነ ኣካል ፀጥታ ወይ ኣባል ሰራዊት ትግራይ ወይ ዝኾነ ኣካል ወይ ዝኾነ ሰብ ኢድ ብኢድ ገበን እናፈፀመ ንዝተረኸበ ሰብ ሒዙ ናብ መርማሪ ፖሊስ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ከቕርብ ግቡእ ኣለዎ፣

9. ዝኾነ መርማሪ ፖሊስ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ገበን ኣንፃር ልኣላውነት፣ ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ዝፈፀመ ሰብ ብዘይትእዛዝ ቤት ፍርዲ ሒዙ ከፃሪ፣ ዝኾነ ኣካል ፀጥታ ብዘይ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝኾነ ጊዜን ቦታን ሒዙ ናብ መርማሪ ፖሊስ ወይ ዓቃቤ ሕጊ ከረክብ ግቡእ ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 157. ምሓዝን ምፍታሽን

1. ኢድ ብኢድ ገበን እናተፈፀመ ኣብ ዘለሉ ወይ ክፍፀም ምኺኑ ሓበሬታ ወይ ምኽንያታዊ ጥርጣረ እንትህልው ኣካላት ፀጥታ፣ መርማሪ ብዘይትእዛዝ ቤት ፍርዲ ዝኾነ ተጠርጣሪ ክሕዙ ወይ ኣብ ዝኾነ ቦታ ስራሕቲ ፍተሻ ከካይዱ ይኽእሉ፣

2. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ሕልው ኮይኑ ገበን ኣንፃር ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ፣ ኣብ ልዕሊ ኢኮኖሚ መንግስቲ ትግራይ ዝፍፀሙ ገበናትን ሸርሕታትን ዓበይቲ ገበናት ግዕዝይና እንትፍፀሙ ኣብ ዝኾነ ጊዜን ቦታን ብዘይትእዛዝ ቤት ፍርዲ ተጠርጣሪ ምሓዝን ስራሕቲ ፍተሻ ምክያድ ይከኣል፣

**ዓንቀፅ 158. ኣብዚ ደንቢ ካብ ዝተደንገጉ ወፃኢ ዘለዉ ዋኒናት ገበንን ፍትሃብሄርን ዝርኣይሉ ኩነታት**

1. ኣብዚ ደንቢ ካብ ዝተገለፁ ገበናት ወፃኢ ዘለዉ ገበናት ዝርኣዩሉ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ገበንን ካልኦት ሕግታትን ኣብ ስሩዕ ኣብያተ ፍርዲ ይኸውን ።

2. ኣብዚ ደንቢ ንማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ዝተውሃቡ ወፃኢ ዘለዉ ዋኒናት ፍትሃብሄር ብስሩዕ ቤት ፍርዲ ዝርኣዩ ይኾኑ፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

**ዓንቀፅ 159. ኣፈፃፅማ ቅፅዓት ሞት**

1. ብፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ሞት ቅፅዓት ዝተወሰነሉ ሰብ እቲ መቕፃዕቲ ሞት ዝፍፀም ናብ ፕረዚደንት መንግስቲ ትግራይ ቐሪቡ እንትፀድቕ ይኸውን፣

2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ሕልው ኮይኑ ፕረዚደንት መንግስቲ ትግራይ ነቲ ዝተወሰነ ቕፅዓት ሞት ናብ ዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ክቕይሮ ይኽእል፣

3. ፕረዚደንት መበገሲ ውሰነ ሓሳብ ዘቕርበሉ ኣካል ክሰይም ይኽእል።

**ዓንቀፅ 160. ስርዓት ምትብባዕ**

ኣብዚ ደንቢ ካብ ዓንቀፅ 111 ክሳብ ዓንቀፅ 128 ኣብ ዝተዘርዘሩ ገበናት ምፍፃሞም ዝጠቆመ ወይ ሓበሬታ ወይ መረዳእታ ዝሃበ ወይ ዝመስከረ ሰብ ብመጠን ዘርከቦ ውፅኢት እናተመዘነ መተባብዒ ይወሃቦ፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ስትሪንግ ኮሚቴ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

**ዓንቀፅ 161. ግቡእ ምትሕብባር**

ንኣፈፃፅማ እዚ ደንብን ነዚ ደንቢ ስዒቡ ዝወፁ መምርሕታትን ዝኾነ ሰብ ክትሓባበር ግቡእ ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 162. ስልጣን ምምሕያሽ እዚ ደንቢ

ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ኣድላይ ኮይኑ እንትረኽቦ ነዚ ደንቢ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ክመሓይሽ ወይ ክስዕሮ ይኽእል።

## ዓንቀፅ 163. ስልጣን ምውፃእ መምርሒ

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ኣብዚ ደንቢ ዝተውሃቦ ስልጣን ደያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝምርሕሉ ስነ-ስርዓትን ክይዲ ዳይነትን፣ ክፍፍል ስልጣን ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ፣ ኣግባብ ምልዋጥ ናብ ጉልበት ስራሕ ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝተወሰነ ቅፅዓት ገንዘብ ዓቕሚ ምኽፋል ዘይብሎም ፍርደኛታት፣ ኣወሳስና ቅፅዓትን ዝርዝር ስነ-ስርዓትን ፣ ኣብ ስልጣን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝወድቁ ዋኒናት ገበንን ምትሕልላፍ ደንብን ዘበን ይርጋዕ፣ ኣቆፃፅርኡን ዝቋረፀሉ ኩነታትን፣ ኣመዳድባ ፍሉይ መጋበእያ፣ ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝኽፈል መጠን ገንዘብ ክፍሊት ዳይነት፣ ኣፈፃፅማ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝረኣዩ ዋኒናት ፍትሃብሄር ብዝምልከት መምርሒ የውፅእ።

## ዓንቀፅ 164. ተፈፃምነት ዘይብሉ ሕጊ

1. ቁፅሪ ደንቢ 117/2014 ዓ/ም በዚ ደንቢ ተሰዒሩ ኣሎ ፣
2. ነዚ ደንቢ ዝፃረር ዝኾነ ደንቢ ወይ መምርሒ ወይ ዝኾነ ውሰነ ኣካላት መንግስቲ ትግራይ ወይ ተግባር ልምዲ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ተፈፃምነት ኣይህልዎምን።

## ዓንቀፅ 165. እዚ ደንቢ ዝፀደቐሉ ጊዜ

1. እዚ ደንቢ ካብ ዕለት 11/7/2014 ዓ/ም ጀሚሩ ፀዲቑ ኣሎ፣
2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እንተሃለወ እውን ኣብዚ ደንቢ ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ዝተፈፀሙሉ ቦታን ግዘን ብዘየገድስ በዚ ደንቢ ንድሕሪት ተመሊስካ ኣብ ዝኾነ ፈፃሚ ገበን ምፅራይ ምክያድን ክሲ ምቕራብን ይከኣል፣

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (2) ዝተደንገገ ሕሉው ኾይኑ ኣብዚ ደንቢ ዝተደንገጉ ካብ ዓለም ለኸ ገበናት ገበን ምፅናት ህዝቢ ትግራይ፣ ገበን ውግእ ፣ ገበን ኣንፃር ሰብኣውነትን፣ ገበን ወራር፣ ገበን ራዕዲ ፣ ንገበን ራዕዲ ብገንዘብ ምሕጋዝ ፣ ብገበን ዝተረኸበ ገንዘብ ወይ ንብረት ሕጋዊ ኣምሲልካ ምቕራብ ወፃኢ ዘለዉ ገበናት ብመሰረት ኣብ ስራሕ ዘሎ ሕጊ ብይርጋፅ ክዕፀዉ ይኽእሉ።

**ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል (ዶ/ር)**

**ፕረዚደንት መንግስቲ ትግራይ**

**መቐለ**